Tigrinya

Seattle Department of Construction and Inspections
(ሲያትል ዲፓርትመንት ኮንስትራክሽንን ኢንስፔክሽን)

sdci

መዘከር(ቲፕ) **604**

# ምምላእ ሕጊ

— ንድሕነትን ጽፈትን ህይወት ኣብ ስያትል ዘመሓድሩ ሕግታት መምርሒ

## ንወነንቲ ንብረትን ተኻረይቲን መሰላትን ግቡኣትን ዝምልከት ሕጋጋት ስያትል

ሓምለ 11/2016

Seattle Department of Construction and Inspections (Seattle DCI, ሲያትል ዲፓርትመንት ኮንስትራክሽንን ኢንስፔክሽን) ንሕጊ ናይ ስያትል ክንክን መንበሪ ኣባይቲን ህንጻታትን (SMC Sections 22.200 - 22.208) ካል ኦት ብዙሓት ናይ ከተማ ሕጋጋትን የመሓድርን የተግብርን። ኣባላት ናይ Seattle DCI ተኸታተልቲ ምምላእ ሕጊ ንተኻረይቲን ወነንቲ ኣባይቲን ናይ ከተማ ሕጊ ዝጠልቦ ንንምርዳእ ክሕግዙ ቅሩባት እዮም።

እዚ መዘክር ደገፍ ዓማዊል ንመሰላትን ግቡኣትን ተኻረይቲን ወነንቲ ዝካረ ንብረትን ስያትል ዘገልግል ሓፈሻዊ መምርሒ እዩ። ብዛዕባ ሕጊ ክንክን መንበሪ ኣባይቲን ህንጻታትን(HBMC) ወይውን ናይ ክራይ ገዛ ምዝገባን ናይ ፍተሻ ሕጊ (RRIO) ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ ነዚ ዝስዕብ ተወከሱ፡

**Seattle Department of Construction and Inspections**
**Code Compliance**
**(206) 615-0808**
ርኸብ።

**ቦታ:** መበል 19 ደርቢ ናይ ስያትል ሙኒሲፓል ታወር (Seattle Municipal Tower)

**መልኣኺ ኣድራሻ:** 700 Fifth Ave., Suite 2000
P.O. Box 34019
Seattle, WA 98124-4019

ሕጊ ወናኒ መንበሪ ኣባይቲ/ተኻራዪ ናይ ዋሽንግተን ስተይት (ምዕራፍ 59.18 RCW) ንወነንቲ ኣባይቲን ተኻረይቲን መሰላትን ግቡኣትን የቐውም። ብዛዕባ ሕግታት ናይ ስተይት ዝያዳ ሓበሬታ ምስ እትደሊ ንሓደ ካብዘን ኣብ መወዳእታ ናይዚ ጽሑፍ ሰፈረን ዝርከባ ማሕበራት ርኸብ ወይ ናብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ እቶ፡ **http://apps.leg.wa.gov/RCW/default.aspx?cite=59.18.**

### ምምሕዳር ከተማ ካብ ወነንቲ ዝካረ ንብረት ደልዩዎ

ኣብ ትሕቲ ሕጊ ክንክንን ጽገናን መንበሪ ኣባይቲን ህንጻታትን (HBMC) ወነንቲ ህንጻ ኣብ ስያትል ካብ ሓደጋ ነጻን፡ ጽሩይን ውሑስን ኩነታት መነባብሮ ክቐርቡ ግዴታ ኣሎዎም። ብሓፈሽኡ ወነንቲ እዚ ዝስዕብ ሓላፍነት ኣሎዎም:

ወነንቲ ኣባይቲ ደድሕሪ ለውጢ ተኻረይቲ ንጽባቐ ዝዓለመ ጽገና ከም ሓዲሽ ናይ መሬት ምንጻፍ፡ ሓዲሽ ቦያ ክገብሩ ሓላፍነት የብሎምን። ንዝኾነ ጽገና ዋና ገዛ ክገብሮ ዝግባእ እንተ ኾነ ንዝቐርብ ሕቶ ሰራሕተኛታት ምምላእ ሕጊ ክምልስዎ ይኽእሉ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብስልኪ ቍ. (206) 615-0808 ደውሉ።

- ነቲ ከባቢ ወዲ ሰብ ክነብረሉ ከም ዝኽእል ጌርካ ምሓዝ፡ ናይ ሓባር ቦታታት ድማ ቅቡል ዝኾነ ጽሬትን ዘየስግእን ጌርካ ምሓዝ።
- መከላኸሊ ሓሸራት፡ እናጹን ካልእ ባልዕን ምቕራብ።
- ንኹሎም መሰረታዊ ኣካላት ህንጻ (ናሕሲ፡ መናድቕን መሰረትን) ከም ዘይልሕኹ ጌርካ ምክንኻን።
- ኲሎም ናይ ኤለትሪክ፡ መስመራት ማይ፡ መውዓዪን ካልእ መሳርሕን ብዋና ገዛ ዝቐረቡ ናውቲ ኣገልግሎትን ብክንክን ምሓዝ።
- ንጐሓፍ ዝሽውን ግቡእ መትሓዚ ምቕራብ።
- ናይ ክራይ ክፍልታት ሙቐት ምሕላው ሓላፍነት ምስ ዝህልወካ ካብ መስከረም ክሳብ ሰነ ዘሎ እዋን ብመዓልቲ (7:00 ቅ.ቀ. to 10:30 ድ.ቀ.) ሙቐት ካብ 68 ደረጃ ፋህረንሃይት ከይወሓደ ብለይቲ ድማ ካብ 58 ደረጃ ፋህረንሃይት ከይወሓደ ጌርካ ምሕላዉ።
- ኣብ ቀዋሚ ዝኾነ መንበሪታት ተኻረይቲ ክለዋወጡ ከሎዉ መፉትሕን ስርዓተ-ሰጋጥን ምቕያር፡ ንተኻረይቲ ድማ ናብቲ ኣሃዱን ህንጻን መእተዊ ማዕጾ መፍትሕ ምሃብ።
- መፈተሽ ትኪ ስቐል ንተኻረይቲ ድማ ብዛዕባ ኣጠቓቕማን ክንክኖምን መሃር።

ወነንቲ ኣባይቲ ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ተኻራዪ ንጽባቐ ዝምልከት ጽገና ክገብሩ ከም ሓዲሽ ምንጻፍ ከንጽፉ፡ ሓዲሽ ቅብኣ ቦያ ክቀብኡ ኣይግደዱን እዮም።

ከምቲ ናይ ክራይ ገዛ ምዝገባን ናይ ፍተሻ ሕጊ (RRIO) ዝጠልቦን ዝእዝዞን ወነንቲ ገዛውቲ መሰረታዊ ነገራት ከማልኡን ዘተኣማምንን ውሑስን ገዛውቲ ክቕረቡ ግድን እዩ። ካብዚ ብተውሳኺ፡

- ንመንበሪ ዝተኻረዩ ገዛውቲ በብሓሙሽተ ዓመት ክምዝገቡ የድሊ እዩ። (መዘክር 620፣ ናይ ክራይ ሓፍትኹም ምምዝጋብ ዝብል ርኣ)
- ካብ 2015 ጀሚሩ ናይ ክራይ ገዛ ምዝገባን ናይ ፍተሻ ሕጊ (RRIO) ንዘዳልዎ ምርመራ እንተወሓደ ኣብ ውሽጢ ኣሰርተ ዓመት ሓንሳብ ምሕላፍ (መዘክር 620፣ ናይ ክራይ ሓፍትኹም ምምዝጋብ ዝብል ርኣ)

### ናይ ተኻረይ መንነት

ካብ ሕጊ ተኻረይ መዘዋወሪ ሓገዝ ወጻኢ፣ ተኻረይ ዝባሃል ብመሰረት ውዕሊ ክራይ ህንፃ ወይ ገዛ ዝሃዘ ሰብ ማለት እዩ፡፡ ኣብ መእረፍቲ ጊዜያዊ ንሓደ ወርሒን ንላዕሊን ዝነብሩ ሰባት ኣብ ውሽጢ እዚ ዝካተቱ እዮም፡፡ እቲ ውዕሊ ክራይ ብቃልን ብጽሑፍን ክግብር ይከኣል እዩ፡፡

## ግቡኣት ተኻረይቲ

]ተኻረይቲ ነቲ ዝተኻረዩዎ ገዛ ከምቲ ዋና ዘዛ ዝህልዎ ትጽቢት ብዘይካን ንቡር እርጋን ካብ ሓደጋ ነጻን ንጹህን ገይሮም ክከናኽኑዎን፡

- ጐሓፍ ብግቡእ ምጕሓፍ
- ኣብ ኣጠቓቕማ ኤለትሪክን ናይ መስመር ማይ ቀወምቲ ኣቕሑትን ብግቡእ ምክንኻን
- ተኻረይቲ ወይውን ኣጋይሾም ንዘውረድዎ ምብልሻው ቀልጢፍካ ምጽጋን የድሊ
- ዋናታት ገዛውቲ ምኽኑይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ንጽገና ናብ ዝተኻረየ ገዛ ክመጹ እንከለዉ ንኽ ኣትዉ ክፍቀደሎም፡ ናይ ገዛ ጽገናን፡ ኣባላት ናይ ምቁጽጻር ባልዕ ክመጹ እንከለዉ፡ ከምኡውን ናይ ክራይ ገዛ ምዝገባን ናይ ፍተሻ ሕጊ (RRIO) ንዘዳለዎ ምርመራ ንምምላእ ክመጹ ክኣትዎ ክፍቀደሎም
- ናይ ትኪ ፈተሽቲ ብግቡእ ምክንኻን
- ኣብ ከባቢ መንበሪ ሓደገኛ ነገራት ካብ ምኽዛን ምቍጣብ

## ጽገና ኣብ ዘድልየሉ ክርከብ ዝከኣል ፍታሕ

ጽገና ምስ ዝድለ ተኻረይቲ ነዞም ዝስዕቡ ስጕምትታት ክወስዱ ይኽእሉ:

1. **ንዋና ገዛ ምርካብ።** መብዛሕትኦም ተኻረይቲን ወነንቲ ኣባይቲን ዝኾነ ሽግር ብተለፎን ወይ ብደብዳባ ይፈትሕዎ። መብዛሕትኡ እዋን እዚ ነቲ ሽግር ይፈትሖ፡ ብሕጊ ግን ንጽገና ዝምልከት ተኻረይቲ ካልእ መንገዲ ቅድሚ ምውሳዶም ብዙሕ ጊዜ ጽሑፍ ክቐርብ ይሕተት። ናይ ኵሉ ምልእኣኽካ ቅዳሕ ምሓዝ ዘክር።
2. **ነቲ ሽግር ናብ Seattle DCI ኣመልክት።** ዋና ገዛውቲ ወይውን ኣካየድቲ ስራሕ ጽገና ኣብ እዋኑ ኣሳሊጦም ምስዘይውድኡ ብ Seattle DCI ዝሳለጥ ናይ ብቕዓት ገዛውቲ ዝመምይ ምርመራ (ኢንስፔክሽን) ቆጸራ ምሓዝ የድሊ እዩ። ሕጊ ክንክን መንበሪ ኣባይቲን ህንጻታትን(HBMC) ወይውን ናይ ክራይ ገዛ ምዝገባን ናይ ፍተሻ ሕጊ (RRIO) ክጠሓስ ከሎን ዋና ገዛ ነዚ ጥሕሰት ሕጊ ኣብ ዘየዓርየሉ እዋን እቲ ፈታሺ(ኢንስፔክተር) ንዋና ገዛ ናይ ኣራሚ ስጉምቲ ንኽወስድ ይህትቶ እዩ።(ንተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ንዝስዕብ ክፋል ተወከሱ)
3. **ካልእ ፍታሓት ከም ባዕልኻ ትገብሮ ጽገና፡ ብመንጐኛ፡ ክራይ ገዛ ኣብ እሙን መንጐኛ ምትሓዝ ዝኣመሰሉ ተጠቐም።** ወነንቲ ኣባይቲ ሕጊ ዝጠልቦ ጽገና ኣድላይነቱ ምስ ተነግሮም ኣብ ውሽጢ ቅቡል ዝኾነ እዋን ምፍጻም እንተ ኣበዩ ናይ ዋሽንግተን ስተይት ወነንቲ መንበሪ ኣባይቲ/ተኻረይቲ ሕጊ(ምዕራፍ 59.18 RCW) ውሱን ፍታሕ ጥራሕ እዩ ዘለዎ። ነዚን ኣማራጺታት ክትጥቀመለን ኣከፋፍላ ክራይካ ጊዜ ዝሓለወ ክኸውን ይግባእ። ኣብዚን ፍታሓት ገለ ክፋል ናይ ክራይ ምትራፍ ወይ ምጕዳል ክህልዎ ይኽእል። ከም ሓፈሻዊ መምርሒ ግን ክራይ ምሓዝ ዝምረጽ ፍታሕ ኣይኰነን፡ እኳ ደኣ ሓደ ተኻራዪ ክራይ ብዘይምኽፋሉ ክስጐጐ ይኽእል። ሕጊ ናይ ስተይት ብዛዕባ ካብ ክራይ ምጕዳል ወይ ክራይ ኣብ ሕሳብ እሙን መንጐኛ ምቕማጥ ፍሉይ መምርሒታት ኣሎዎ። ንዝያዳ ሓበሬታ ካብቶም ኣብ መወዳእታ ናይዚ ሕታም ተመዝጊቦም ዘለዉ ሓገዝ ወሃብቲ ጉጅለታት ተወከስ።

## ሽግር ን Seattle DCI ምሕባር

ዋና ገዛ ወይ ኣካያዲ ስራሕ ኣድላዪ ጽገና ኣብ ውሽጢ ቅቡል እዋን እንተ ዘይተማቢሩ ተኻረይቲ ሽግሮም ን Seattle DCI ክሕብሩ ይኽእሉ። ደብዳበ ናብ DPD, 700 Fifth Ave., Seattle, WA, 98104 ብምጽሓፍ፡ ወይ (206) 615-0808 ስልኪ ብምድዋል ወይ ናብ ስያትል ሙኒሲፓል ታወር መበል 19 ደርቢ ብኣካል ምኻድ።

- እቲ ዋና ገዛ ወይ ኣካያዲ ስራሕ ንዝቐረበሎም ናይ ጽገና ጠለብ እንተ ደኣ ዘይመሊሰም እሞ እቲ ተሪፉ ዘሎ ፍታሕ ጥርዓን ምቕራብ ጥራሕ እንተ ኾይኑ ነቲ ሽግር ንምግላጽ ናብ ዲፒዲ ደውሉ። ምርጫኹም እንተ ኾይኑ ስምኩም ብምስጢር ክዕቀብ እዩ።
- ኵሉ ዘድሊ ዘበለ ዘርዝር፡ ኣድራሻ ናይቲ ህንጻ ምስናይ ቍጽሪ ኣሃዱ እውን ኣቕርብ።
- ካብ Seattle DCI ሓገዝ ምስ እትሓትት እቲ ጨንፈር ክድውለልካን ንፈተሻ ቈጸራ ክገብርን ቍጽሪ ስልክኻ ኣቕርብ። ኣብ እዋን ተፍትሽ እቲ ሓገዝ ዝሓተተ ሰብ ክርከብ ኣሎዎ።
- እቲ ፈታሺ ዝተጋህሰ ኰነት እንተ ረኺቡ፡ ፈታሺ እቲ ጽገና መዓስ ክፍጸም ከም ዘሎዎ ምልክታ ክዳሉ፡ ንዝምልከቶ ኣካል ብዛዕባ እቲ ግህሰት ክሕብር፡ ነቲ ምልክታ ድማ ኣብቲ ቦታ ክልጥፎ እዩ።
- ዝድለ ንምምላእ ዝወሃብ ጊዜ ኣብ ዓይነት ናይቲ ምግሃስን ዋና ገዛ ክናውሓሉ ዝሓቶ ጊዜን ኣብ ግምት ኣትዩ ብሓፈሻ ካብ 30 ክሳብ 60 መዓልቲ እዩ።
- ዋና ገዛ ኣድላዪ ጽገና እንተ ዘይገይሩ Seattle DCI ዘድሊ ንምምላእ ብቤት ፍርዲ ስጕምቲ ይወስድ።

## ናይ ስያትል ድንጋጌ ብቑዕ ጠንቂ ምስጓጕ

ድንጋጌ ብቑዕ ጠንቂ ምስጓጕ ኣካል ናይ ስያትል ሕጊ ክንክንን ጽገናን መንበሪ ኣባይቲ (HBMC) እዩ። ዕላማ ናይቲ ሕጊ ንተኻረይቲን ወነንቲ ዝካረ ንብረትን ክራይ ናይ ወርሓዊ ተኻራዪ ክቋረጸሉ ዝከኣለሉ ኵነታት ንጹር ዝኾነ መዐቀኒታት ንምቕራብ እዩ። HBMC እተን ክራይ ክቋረጸለን ዘኽእላ ፍሉያት ምኽንያታት የነጽር። ወነንቲ ናይ ምቍራጽ ክራይ ጽሑፍ ምልክታ ክልእኩ ከሎዉ እቲ ምኽንያታት ምቍራጽ ክራይ ብዝርዝር ክቐርቡ ይጠልብ። ንተወሳኺ ሓበሬታ፣ መዘከሪ 604 A፣ ኣተሓሕዛን ፅገናን ህንፃ ዝምልከቱ ህግታት ሲያትል ርአ፡፡

እዘን ዝስዕባ መግለጺታት ኣብ መንጎ ምስጓጕን ምቕቅራጽ ክራይን ዘሎ ፍልልይ ንምብራህ ኣገደስቲ እየን፡

**ምስጓጕ**: ተኻራዪ ካብ ሲቪላዊ ቤት ፍርዲ ዝበጽሖ ክወጽእ ዝእዝዝ ሕጋዊ ጽሑፍ መሰማዕታ መሰረት ካብ ክራይ ዘልቕቕ ሕጋዊ ስጕምቲ ወግዓዊ መፈጸምታ።

**ምቍራጽ ክራይ**: ብዋና ገዛ ዝወሃብ እንተ ወሓደ ሓንቲ ካብተን ኣብ ሕጊ ብቑዕ ጠንቂ ምስጓጕ ሰፊረን ዘሎዋ ምኽንያታት ጠቒሱ ተኻራዪ ክወጽእ ዝጠልብ ጽሑፍ መሰማዕታ ።

Note: ተኻራዪ ምውጻእ እንተ ኣበየ ቤት ፍርዲ ጥራሕ እዩ ክወጽእ ክገድዶ ዝኽእል።

እዚ ዝስዕብ ጽማቕ ካብ ወነንቲ ኣባይቲ ብሕጊ ክራይ ክቋርጹ ዘኽእሎም ምኽንያታት እዩ፡-

1. ተኻራያይ ካብቲ ክራይ ክኸፍል ወይ ካብቲ ገዛ ክወጽእ ምልክታ ምስ ተዋህቦ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ክራይ ኣይከፈለን፣

*ሕጋዊ መተንበሂ: እዚ ሓበሬታ ከም መተካእታ ናቲ ዘሎ መምርሒ ክውሰድ የብሉን ። ኣመልካቲ(ኣፕሊካንት) ምስ ኩሎም ኣብዚ መዘክር(ቲፕ)ዝተጠቐሱን ዘይተጠቕሱ መምርሒታትን ሕጊታትን ክምእዘዝ ሓላፍነት ኣለዎ ።*

2. ዋና ገዛ ንተኻራያይ ብዛዕባ ክራይ ምድንጓዩ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ክልተ ኣዋርሕ እንተ ወሓደ 4 ጊዜ ብጽሑፍ ኣፍሊጡዎ፣

3. ተኻራያይ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ካብቲ ኣማልእ ወይ ውጻእ ዝብል ምልክታ ዝበጽሖ ካብቲ ትሕዝቶ ውዕል ክራይ ኣየማልአን፣

4. ተኻራያይ ንሓደ ናይቲ ኣብ ትሕቲ ናይ ዋሽንግተን ስተይት ወነንቲ መንበሪ ኣባይቲን ተኻረይቲን ድንጋገ ዝርከብ ግዴታዊ ትሕዝቶ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ካብቲ ኣማልእ ወይ ውጻእ ዝብል መጠንቀቕታ ዝመጾ ኣየማልአን፣

5. እቲ ዋና ንተኻራያይ እንተ ወሓደ 3 ጊዜ ኣብ ውሽጢ 12-ወርሒ እዋን ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ንትሕዝቶ ውዕል ክራይ ከማልእ ብጽሑፍ ኣፍሊጡዎ፣

6. እቲ ተኻራያይ ነቲ ናይ ክራይ ኣሃዱ ብጽኑዕ የበላሽዎ (የባኽን)፡ ረብሻ ይፈጥር (ምስ ናይ ዕጹ-ፋርስ ዝተተሓሓዘ ተግባራት ዝተሓወሶ)፡ ወይ ዘይሕጋዊ ንግዲ የካይድ ነቲ ህንጻ'ውን ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ኣይለቐቐን፣

7. እቲ ተኻራያይ ኣብቲ ህንጻ ወይ ኣብ ከባቢኡ ወይ ናብቲ ህንጻ ወይ ከባቢኡ ኣብ ዝቐረበ ቦታ ኮይኑ ኣብ ገበናዊ ተግባር ይሳተፍ። እቲ ዝበሃል ዘሎ ገበናዊ ተግባር ንጥዕና ወይ ድሕነት ናይ ካልኦት ተኻረይቲ ወይ ናይቲ ዋና ብግቡእ ዝትንክፍ ካከውን ኣሎዎ፣ ዘይሕጋዊ ምስ ዕጹ-ፋርስ ዝተተሓሓዘ ተግባር ሓደ ኣብቲ ድንጋገ ዝሰፈረ ገበን እዩ። ነዚ ምኽንያት ዘቕርብ ዋና ነቲ ክሲ ዝድግፍ ጭብጥታት ብንጹር ክጠቅስ ይግባእ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ናይ ምቁራጽ ክርያ ምልክታ ንዲፒዲ ዋና ንብረትን ተኻራይን ሓገዝ (ፒኦቲኣ) ክፍሊ ክልእኽ ይግባእ፣

8. እቲ ዋና ነቲ ቦታ ባዕሉ ክሕዞ ይደሊ፡ ወይ ናይ ቀረባ ቤተሰብ ናይቲ ዋና ነቲ ኣሃዱ ክኣትዉዎ እዮም፡ ኣብቲ ህንጻ ድማ ብሓፈሽኡ ንዕኡ ዝመሳሰል ዘይተታሕዘ ኣሃዱ የለን። ናይ ቀረባ ቤተሰብ ንበዓልቲ ቤቱ ነቲ ዋና ወይ መጻምድቱ ከምኡ'ውን ንወለዲ፡ እቲ ዘበን ክራይ ቅድሚ ምውዳዑ ን ተኻረዩ ናይ 90 መዓልቲ ናይ ጽሑፍ መጠንቐቕታ ይህብ፡ ፡ ዓበይቲ ወለዲ፡ ውላድ፡ ኣሕዋትን ኣሓትን ናይቲ ዋና ወይ በዓልቲ ቤቱ ወይ መጻምድቱ የጠቓልል። እቲ ተኻራያይ ዋና ነዚ ዝብሎ ዘሎ ከምዘይትግብሮ ዘእምን ምኽንያት እንተ ደአ ሃሊዩዎ ዲፒዲ ነቲ ዋና ንብረት ቤተሰቡ ከእቱ ምዃኑ ዘረጋግጽ ጽሑፍ ክፍርም ክገድዶ ይኽእል። እቲ ሰብ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልታት ተኻራያይ ድሕሪ ምውጽኡ ንቀጻሊ 60 መዓልታት እንተ ድኣ ኣብቲ ኣሃዱ ዘይሰፈሩ ከም መርትዖ ዝውሰድ ናይ ምግሃስ ሓሳብ እዩ። ክራዩ በዚ ምኽንያት ዝተቛረጾ ተኻራያይ ኣካራዩ ነዚ ጠለባት እንተ ዘይኣማሊኡ ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ናይ ብሕቲ መሰል ኣሎዎ።

9. እቲ ዋና ንሓደ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዋና ወይ ናቱ ወኪል ዝነብሩሉ ናይ መንበሪ ኣሃዱ ዝነብር ተኻራያይ ከውጽኦ ይደሊ፡ ወይ ድማ እቲ ዋና ምስ ሓደ ኣብቲ ዋና ዝነብረሉ ገዛ ናይ በይኑ ፍቑድ መእተዊ ዘሎዎ መንበሪ ኣሃዱ (ኣይ.ዲ.ዩ.) ዝነብር ተኻራዩ ተማቒሉ ምንባሩ ከቋርጽ ይደሊ፣

10. እቲ ተኻራዩ ኣብቲ ቦታ ዝነብረሉ ምስቲ ናቱ ኣብቲ ጥሪት ተቔጻራይ ምዃኑ ዝተተሓሓዘ ኮይኑ እቲ ስራሕ እንተ ተቛረጸ፤

11. እቲ ዋና ሰፊሕ ናይ ምምሕያሽ መደብ ኣውጺኡ፡ ኣድላዪ ፍቓዳትን ንተኻራዩ ቦታ ናይ ምልዋጥ ሊቸንሳን እውን ኣውጺኡ። ክራዩ በዚ ምኽንያት ዝተቛረጾ ተኻራያይ ኣካራዩ ነዚ ጠለባት እንተ ዘይኣማሊኡ ናይ ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ናይ ብሕቲ መሰል ኣሎዎ።

12. እቲ ዋና ነቲ ህንጻ ናብ ኮንዶሚንየም ወይ ኮኦፐራቲቭ ክልውጦ ይውስን፤

13. እቲ ዋና ነቲ ህንጻ ከፍርሶ ወይ ናብ መንበሪ ዘይኮነ ኣገልግሎት ክቕይሮ ይውስን ኣድላዪ ፍቓድን ንተኻራዩ ቦታ ናይ ምልዋጥ ሊቸንሳን እውን ኣውጺኡ።

14. እቲ ዋና ናይ ሓደ ስድራ መንበሪ ክሸይጥ ይደሊ (ኣሃዱታት ኮንዶሚንየም ኣይጽንብርን) ነቲ ተኻርዩ እውን ናይቲ ክራይ ውዕል ጊዜ ክአክል እንተ ወሓደ ቅድሚ 90 መዓልቲ ጽሑፍ ምልክታ ይህቦ። እቲ ዋና ናይቲ ንብረት ብቕቡል ዝኾነ ዋጋ ክሸየጥ ምዃኑ ኣብ ጋዜጣ ወይ ምስ ኣጀንሲታት ናይ ዘይተንቀሳቓሲ ንብረት እቲ ተኻራዩ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ከመዝግቦ ኣሎዎ። Seattle DCI ጥርዓን እንተ ደአ በጺሑዎ ወነንቲ ንብረት ገዛ ክሸጡ መደብ ከም ዘሎዎም ዝሕብር ጽሑፍ ክፍርሙ ከግደዱ ይከኣል። እቲ ኣሃዱ እንተደአ ዘይተመዝጊቡ ወይ ረክላም እንተ ዘይወጺኡ ወይ ካብ ዕዳጋ እንተ ለጊሱ ወይ ተኻራዩ ምስ ወጸ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልቲ እንተ ተኻርዩ ከም መርትዖ ዝውሰድ ናይ ምግሃስ ሓሳብ እዩ። ክራዩ በዚ ምኽንያት ዝተቛረጾ ተኻራዩ ኣካራዩ ነዚ ጠለባት እንተ ዘይኣማሊኡ  ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ናይ ብሕቲ መሰል ኣሎዎ።

15. እቲ ዋና ኣገልግሎት ናይ ሓደ ብናይ መሬት ኣጠቓቕማ ሕጊ ዘይተፈቕደሉ ኣሃዱ ናይ ምግሃስ መጠንቀቕታ ምስ ተቐበለ ከቋርጽ ይደሊ። እቲ ዋና ነቶም እቲ ዋና ጉድለቱ ንምዕራይ ክለግሱ ዘሎዎም ተኻረይቲ ናይ ቦታ ምቕያር ደገፍ ክኸፍለሎም ይግባእ። ናይ ቦታ ምቕያር ደገፍ ንትሑት እቶት ዘሎዎም ተኻረይቲ $2,000 እዩ፤ ንካልኦት ተኻረይቲ ማዕረ ናይ ክልተ ወርሒ ክራይ እዩ።

16. እቲ ዋና ቀይዲ ሕጊ ኣጠቓቕማ መሬት ምእንቲ ከማልእ ኣብ ሓደ መንበሪ ተማቒሎም ናይ ዝነብሩ ተኻረይቲ ቁጽሪ ክጐድል ይደሊ (ማለት ዘይዛመዱ እንተደአ ኮይኖም ኣብ ሓደ ኣሃዱ ካብ 8 ሰብ ክበዝሑ የብሎምን)። እዚ ህጊ ንምኽባር ቁፅሪ ናይ ሓባር ነበርቲ ምንካይ የድልይካ፡፡

17. እቲ ዋና ብናይ መሬት ኣጠቓቕማ ሕጊ ምጥሓስ መጠንቀቕታ ምስ ተቐበለ ኣብ ሓደ ዝተፈቕደ ኢ.ዲ.ዩ. ዘሎዎ ገዛ ነቲ ናይ አ ዲ ዩ ደረጃ ምምሕያሽ ምእንቲ ከማልእ ክራይ ከቋርጽ ይግባእ። (እቲ ምጥሓስ እቲ ዋና ካብቲ ገዛ ወጺኡ ንክልቲኡ ኣሃዱታት እንተ ኣካርዩ፡ እቲ ሓደ ኣሃዱ ወይ እቲ ዋና ክነብረሉ ኣሎዎ ወይ ክለግስ ኣሎዎ።) እቲ ዋና ንዝተመዛበሉ ተኻረይቲ ናይ ምቕያር ደገፍ ንትሑት እቶት ዘሎዎም ተኻረይቲ $2,000 እዩ፤ ንካልኦት ተኻረይቲ ማዕረ ናይ ክልተ ወርሒ ክራይ ክኸፍሎም ይግባእ። Seattle DCI ንወናን ንብረት ናቱ ወይ ናታ ናይ አ ዲ ዩ ምቁራጽ ሓሳብ ኣብ ጽሑፍ ከፍርሙ ክገብር ይኽእል።

18. ህጹጽ ናይ ቦታ ምልቃቕን ንብረት ምዕጻውን ትእዛዝ ብ Seattle DCI ተዋሂቡ፡ ተኻረይቲ በቲ ኣብቲ ትእዛዝ ዝተወሰነ ዕለት ኣይወጹን፤

**ዝተወሰነ ምኽንያት ተኸታቲልካ ዘይምፍጻም ጉድለት**: ዋና ገዛ ብምኽንያት (1) መደብ ምሻጥ ናይ ሓደ ስድራ መንበሪ፡ (2) ዋና ወይ ኣባል ስድራኡ ክኣትዎ ስለ ዝተደልየ፡ (3) [ዝለገሰ ቃል ኣሎ] ሰፍሕ ዝበለ ናይ ምምሕያሽ መደብ ስለ ዘሎ፡ (4) ቍጽሪ ተቐመጥቲ ናብ ሸሞንተ ክጐድል ስለ ዘሎዎ ወይ (5) እቲ ዋና ናይ ምጥሓስ መጠንቀቕታ ምስ ተቐበለ ናይ ኢ.ዲ.ዩ. ምጥቃም ስለ ዘቛረጸ፡ ንተኻራዩ እንተ ኣውጽኡ፡ እሞ እቲ ዋና እቲ ዝተባህለ ምኽንያት ምቁራጽ ክራይ ከማልኦ እንተ ዘይተረኽበ ንሱ ወይ ንሳ ክግደዱን ክሳብ $2,500 ናይ ከተማን ሲቪላዊ መቕጻዕቲ ክብየነሎምን ይከኣል።

**ተበዲለ ኢሉ ክሲ ናይ ምኽሳስ ውልቀ መሰል ንተኻረይቲ**: ዋና ገዛ ንተኻራዩ (1) መደብ ምሻጥ ናይ ሓደ ስድራ መንበሪ፡ (2) ዋና ወይ ኣባል ስድራኡ ክኣትዎ

ስለ ዝተደልየ፡ (3) [ዝለገሰ ቃል አሎ] ስፍሕ ዝበለ ናይ ምምሕያሽ መደብ ስለ ዘሎ፡ ክራይ እንተ አቋረጸ እሞ እቲ ዋና ነቲ ክራይ ንምቑራጽ ዝቐረበ ምኽንያት እንተዘይ አማሊኡ፡ እቲ ተኻራዪ ነቲ ዋና ክሳብ $3000ን ወጻኢ.ታቱን ናይ ጠበቓ ብቑዕ ክፍሊትን ወሲኹ ክኸስስ ይኽእል።

ኣብ ላዕሊ ዘይተሓበረ እንተ ዘይኰይኑ ንተኻራዪ ዝወሃብ ናይ ምቍራጽ ምልክታ እንተ ወሓደ 20 መዓልቲ ቅድሚ'ቲ ቀጻሊ ክራይ ጊዜ ምጅማሩ ክኸውን ይግባእ፡ እቲ ምኽንያት ምቍራጽ ድማ ብጽሑፍ ክኸውን ኣሎዎ። ስያትል እዞም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚርም ዘሎዉ ምኽንያታት ጥራሕ እዮም ሕጋዊ ምኽንያታት ናይ ምቍራጽ ወርሓዊ ክራይ ክኾኑ ዝኽእሉ።. ንምሉእ ትሕዝቶ ናይ ሕጊ ብቑዕ ምኽንያት ምስጓጉ ናብ ናይ ስያትል ምምሕዳር ከተማ ጸሓፊ መርበብ ሓበሬታ ብምእታው Seattle Municipal ዝብል ብምጥዋቕ ዓንቀጽ 22.206.160 ሰሓብ። ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ Seattle DCI ወናን ንብረትን ተኻራዩን ደገፍ (DPD Property Owner and Tenant Assistance) ስልኪ ቍ. (206) 615-0808 ደውል።

ብኽብረትካ ኣስተብህል፡ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ናይ ስተይት ወርሓዊ ክራይ ከቋርጹ ዝደልዩ ተኻረይቲ እውን እቲ ግቡእ መስርሕ ናይ ምልክታ ምሃብ፡ ንዋና ገዛ ወይ ኣካያዲ ስራሑ እንተ ወሓደ 20 መዓልቲ ቅድሚ ምጅማር ናይቲ ቀጻሊ ክራይ ጊዜ ክሕብሩ ኣሎዎም።

## ኣፈጻጽማ ሕጊ ብቑዕ ምኽንያት ምስጓጉ

ናይ Seattle DCI ተኸታተልቲ ኣፈጻጽማ ሕጊ ንጥርዓን ናይ ዘይሕጋዊ ምቍራጽ ክራይ ይምርምሩ። እቲ ጥርዓን ሓቂ ምዃኑ እንተ ደኣ ተረጋጊጹ ዲፒዲ ንዋና ገዛ እቲ ሕጊ ዝእዝዞ የፍልጥዎ፡ ዋና ገዛ ነቲ ንተኻራዪ ዝሃቦ መሰማዕታ ኣይስሕብን እንተ በለ ድማ ናይ ሕጊ ምግሃስ መሰማዕታ ይልእኩሉ። ዋና ገዛ ኣብ ውሽጢ'ቲ ምግሃስ ሕጊ መሰማዕታ ዝተዋህቦ ናይ ኣፈጻጽማ እዋን ነቲ ንሱ ዝሃቦ መሰማዕታ እንተ ዘይስሒቡ እቲ ጉዳይ ናብ ኣኽባር ሕጊ ናይ ምምሕዳር ከተማ ይምራሕ። ክራይ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ኣቋሪጹ ዝተረኽበ ዋና ገዛ ብሲቪላዊ መቕጻዕቲ $150.00 ንመዓልቲ ንነፍሲ ወከፍ መንበሪ ኣሃዱ ካብቲ ግህሰት ዝተገብረሉ መዓልቲ ጀሚሩ ነተን መጀመርታ (10) መዓልታት ናይ ሕጊ ዘይምምላእ ከምኡ'ውን $500.00 ንመዓልቲ ንነፍሲ ወከፍ መንበሪ ኣሃዱ ካብኡ ንደሓር ንዝስዕብ ጊዜ ይቕጻዕ።

ሕጊ ብቑዕ ምኽንያት ምስጓጉ ናይ ምጥሓስ መሰማዕታ ድሕሪ ምቕባል ኣብ ውሽጢ (10) መዓልቲ ዋና ገዛ ወይ ካልእ ዝምልከቶ ምምሕዳራዊ ብወኪል Seattle DCI ዳግመ ምርኣይ ክግበረሎም ክሓቱ ይኽእሉ። Seattle DCI ንሓታቲ ሕቶኡ ካብ ዝቐበል ኣብ ውሽጢ (7) መዓልቲ የፍልጦ። ሓታቲ ሕቶኡ ምቕባል መረጋገጺ ምስ ረኸበ ኣብ ውሽጢ (15) መዓልቲ ንSeattle DCI ተወሳኺ ሓበሬታ ከቕርብ ኣሎዎ። ድሕሪ ዳግመ ምርኣይ ወኪል ናይ Seattle DCI ነቲ ናይ ምግሃስ መሰማዕታ ከም ዘሎዎ ክጸንሕ፡ ክእመሓይሾ ወይ ድማ ክስሕቦ ይኽእል። ውሳኔ ምስ ሓለፈ ኣብ ውሽጢ (15) መዓልቲ እቲ ውሳኔ ንሓታቲ ብጽሑፍ ይለኣኸሉ።

ወነንቲ ገዛ ክራይ ንምቍራጽ ክሕግዞም ነዞም ዝስ ዕቡ ሰነዳት ብግቡእ ክሕዙ ይምከሩ፡

1. ሓደ ንጹር ስምምዕ ክራይ ብጽሑፍ ምስ ንኹሎም ተኻረይቲ ማዕረ ዘገልግል ሕግታት ከምኡውን ኩነታት ክፍሊ ዝሃዘ ቼክ ሊስት፣
2. ጸብጻብ ዝተኸፍለ ክራይ፣
3. ቅዳሕ ናይ ንተኻረይቲ ዝተዋህበ ምልክታታትን ኹሎም ብሕጊ ክቐርቡ ዝግብኦም ምልክታታት ከም ዝተዋህቡ መረጋገጺን፣ ከምኡ'ውን
4. ንምቍራጽ ክራይ ክሕግዝ ዝኽእል ዝኾነ ሓበሬታ ወይ ሰነድ፡ ንኣብነት ናይ ፖሊስ ናይ ዘጋጠመ ኵነት ጸብጻብ ወይ ብጐረባብቲ ዝቐረበ ጥርዓን።

ክራይ ንምቍራጽ ዝጸሓፉ ምልክታታት ጠንቂ ናይ ምቍራጽ ክራይ ብንጹር ክገልጹ ይግባእ። ንኣብነት ብልምዲ ድሒርካ ምኽፋል ዝምልከት ምልክታ ከምዚ ክመስል ይኽእል፡

> *"ጥሪ 3 1999፡ የካቲት 3 1999፡ መጋቢት 3 1999ከምኡ'ውን ሚያዝያ 3 1999 ክራይ ደንጒኻ ምኽፋልካ ብጽሑፍ ተነጊሩካ ነይሩ። ክራይ ዝኣኸለኩን ዝኸፈለሉን ኣብ መጀመርታ መዓልቲ ናይ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ እዩ።"*

ወነንቲ ገዛውቲ : ምስ ናይ ክራይ ገዛ ምዝገባን ናይ ፍተሻ ሕጊ (RRIO) መደባት ከምዘማልኡ ከም መርትዖ ኮይኑ ምእንቲ ኽገልግሎም፡ ነዞም ዝስዕቡ ሰነዳት ሒዞም ኽጸንሑ ጽቡቕ እዩ።

1. ናይ ምዝገባ መረጋገጺ (ሬጂስትሬሽን ሰርቲፊኬት) ንነፍስ ወከፍ ተኻራያይ ከም ኡ ውን ቅድሚ ናብቲ ገዛ ምግ ኣዞም ክውሃቡ ይግባእ ።
2. ድሕሪ ምስላጥ ኢንስፔክሽን (ብቕዓት ናይቲ ገዛ ምስተመዝነ) ንዝወሃብ ቅዳሕ ምስክር ወረቐት ናይ ምእዙዝነት (ሰርቲፊኬት ኦፍ ኮምፕላያንስ)

## ከም ምፍርራሕ ወይ ሕነ ምፍዳይ ዝረአዩ ተግባራት

ሕጊ ናይ ከተማ ኣብ ልዕሊ ተኻራዪ ወይ ዋና ገዛ ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲ ይኽልክል።

ዋና ገዛ ንተኻራዪ በዚ ዝስዕብ ከየፈራርህ ወይ ሕነ ከይፈዲ ክልኩል እዩ፡

1. ናይቲ ኣሃዱ መዓጹ ሲጋጥ ምቕያር ወይ ምብልሻው፤
2. መዓጹ፡ መሳኹቲ፡ መቈጻጸር ኤሌትሪክ፡ ኣቑሑ ገዛ ወይ ካልእ ተሰቃሊ ብምልጋስ፤
3. ጋዝ፡ ኤሌትሪክ፡ ማይ፡ ወይ ካልእ ብዋና ገዛ ዝቐርቡ መተዓየይቲ ምቍራጽ፤
4. ብወግዓዊ ዝኾነ ናይ ቤት ፍርዲ መስርሕ ዘይተኸተለ መገዲ ንተኻራዪ ካብቲ ከባቢ ምውጻእ፤
5. ምስጓጉ፡ ክራይ ምውሳኽ፡ ወይ ንተኻራዪ ሕጊ ተጠሒሱ ኢሉ ናብ Seattle DCI ወይ ናብ ጨንፈር ፖሊስ ብምጥራዑ ወይ በቲ ጉዳይ ክራዩ ዝተላዕለ ዝኾነ ሕጋዊ መሰላቱ ብምጥቃሙ ምፍርራሕ፤
6. ኣብ ናይ ተኻራዪ ኣሃዱ ብምኽንያት ህጹጽ ኩነት ዘይኮነ፡ ወይ ናይ ምእታው መደብ ዝገልጽ ግቡእ ሓበሬታ ከይሃብካ ብዘይ ፍቓድ ተኻራዪ ምእታው፣
7. ናይ ጽሑፍ ቅድመ መጠንቐቕታ ብዘይምሃብ ወርሓዊ ወፃኢ.ታት ገዛ ምውሳኽ፣ ትህቲ 10% ንዝኾነ ተወሳኺ፣ ናይ 30 መኣልቲ መጠንቐቕታ፣ 10% ወይ ልዕሊ ንዝኾነ ተወሳኺ ድማ ናይ 60 መኣልታት መጠንቐቕታ ክህብ ኣለዎ፡፡
8. እቲ ገዛ ንመንበሪ መሰረታዊ ዝበሃሉ ናይ መንበሪ ኩነታት ዘይማላእ እንተሃለዎ እናሃለዎ፣ ወርሓዊ ወፃኢ.ታት ገዛ ምውሳኽ፤

እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ከም ንዋና ገዛ ምፍርራሕ ወይ ሕነ ምፍዳይ ይሕሰቡ፡

1. ኣብ መዓጹ ኣሃዱ ሰጋጥ ምቕያር፣
2. ብዋና ገዛ ዝቐረቡ ተሰቀልቲ፡ ኣቑሑ ገዛን መገልገሊታትን ምልጋስ፣
3. ኮነ ኢልካ ህንጻ ምብልሻው።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ወይ ጥርዓን ንምቕራብ፣ ናብ Seattle DCI ብቑፅሪ ቴሌፎን (206) 615-0808 ይድውሉ፡፡

### ናይ ገዛ ወፃኢታት ፍታሕ

ናይ ገዛ ወፃኢታት ማለት ክራይን ካልኦት ብዝተወሰነ እዋን ወይ ብብወርሒ ተኻራዪ ንመኻራዪ ዝኸፍሎም ናይ መቐመጢ፣ ፓርኪንግ ወይ ወፃኢታት ግልጋሎት ዝመሳሰሉ ወፃኢታት እዮም፡፡

## ካልእ ንተኻረይቲን ወነንቲ ዝካረ ንብረትን ዝትንክፉ ድንጋጌታት

1. **ናይ ተኻራዪ ቦታ ለውጢ ደገፍ ድንጋጌ**

እዚ ድንጋጌ'ዚ ግብራዊ ዝኸውን ተኻረይቲ ብኣባይቲ ምፍራስ፡ ለውጢ ናይ ኣገልግሎት፡ ሰፊሕ ምምሕያሽ፡ ወይ ኣብ ዝተደጐሙ ኣባይቲ ዝነበረ ገደብ ኣጠቓቕማ ምስ ተላዕለ እዩ።

ናይ ምምሕያሽ መደባት ከካይድ ዝደሊ ወናን ንብረት ቅድሚ ክራይ ምቅሩጹ ናይ ተኻራዪ ቦታ መለወጢ ሊቸንሳን ናይ ምህናጽ ወይ ኣገልግሎት ፍቓድን ከውጽእ ይግባእ። ኩሎም ተኻረይቲ ናይ 90-መዓልቲ ምልክታ ናይቲ ክቕይሩ ዘገድዶም ምኽንያት ክረኽቡ ይግባእ። ብቕዓት ዘሎዎም ተኻረይቲ ሰብ ትሑት እቶት፡ ዓመታዊ እቶቶም ካብ 50% ናይቲ ከባቢ ማእከላይ እቶት ዘይበዝሕ፡ $3,340 ናይ ቦታ ምቕያር ደገፍ ፍርቂ ብዋና ገዛ ዝኽፈል ፍርቂ ድማ ብመንግስቲ ዝኽፈል ይረኽቡ።

ወነንቲ ኣባይቲ ካብ ፍቓድ መዘዋወሪ ተኻረይ ንምምላጥ ኢሎም ናይ ክራይ ክፍሊት ምውሳኽ ኣይኽእሉን፡፡

2. **ስምምዕ ክራይ ምቍጽጻር ድንጋገ**

እዚ ሕጊ'ዚ ወነንቲ ኣባይቲ ከስተብህሉሉ ዝግብኦም ሰለስተ ትሕዝቶ ኣሎዎ:

**ንዋጋ ክራይ ገዛ ብ10 ሚእታዊት ንምውሳኽ ዝውሃብ ምልክታ:**
ንገዛ ዝምልከት ወጻኢታት፡ ንዋጋ ክራይ ገዛ'ውን ወሲኽካ ማለት'ዩ፡ ብ10 ሚእታዊት ወይውን ካብኡ ንላዕሊ ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ንምውሳኽ መደብ ምስ ዝህሉ ብውሕዱ ቅድሚ 60 መዓልትታት ብዛዕባ እዚ ወሰኽ ክሕብሩ ግድን'ዩ።

**ምፍናው ሓበሬታ**: ወነንቲ ኣባይቲ ስያትል ተሰፉ ንዝግበረሎም ተኻረይቲ ስምምዕ ክራይ ክህቡዎም ከሎዉ ቅዳሕ ናይ ከተማን ስተይትን ናይ ዋናገዛ-ተኻራዪ ሕጋጋት ክህቡዎም ይግባእ። እቲ ጽማቑ ምስ ኩሉ ብጽሑፍ ዝቐርን ስምምዕ ውዕል ጥብቆ ክተሓዝ ኣሎዎ። ንቶም ብቃል ስምመ ክራይ ዝኣተዉ'ውን ክወሃብ ኣሎዎ።

ጽማቑት ኣብ "ፓብሊከሽንስ""Publications" ገጽ ናይ Seattle DCI መርበብ ሓበሬታ www.seattle.gov/dpd/publications ይርከብ። ኣብ ወረቐት ዝሰፈረ ቅዳሕ ካብ Seattle DCI ህዝባዊ ምንጪ ሓበሬታ ኣብ መበል 20 ደርቢ ናይ ስያትል ሙኒሲፓል ታወር Seattle Municipal Tower at 700 Fifth Ave. ይርከብ። ነፍሲ ወከፍ ዓሚል ቅዳይ ይወሃቦ።

**ንዝተኣገደ ስምምዕ ክራይ ዝምልከት ትሕዝቶ**: ኣብ ትሕቲ'ዚ ሕጊ'ዚ ወነንቲ ኣባይቲ ተኻራዪ ቅድሚ ዝተወሰነ ውሑድ ኣዋርሕ (ንኣብነት ሽድሽተ ወርሒ) ካብቲ ክራይ ዝጅምር ከይሓለፈ ክለቅቕ ብምሕሳቡ ንወርሓዊ ክራይ ስምምዕ ከም መቕጻዕቲ ክጥቀሙሉ ኣይፍቀደሎምን። ተኻራዪ ክራዩ ወይ ክራያ ንምቍራጽ ሕጋዊ ዝኾነ ምልክታ ብጽሑፍ እንተ ኣቕሪቡ ዋና ገዛ ንትሕጃ ከትርፎ ወይ ተወሳኺ ክፍሊት ክኸፍል ኣይክእልን እዩ። ዋና ገዛ ንተኻራዪ ዝተወሰነ ውሑድ ኣዋርሕ ክጸናህ እንተ ደአ ደሊዩዎ እቲ ዋና ገዛ ንተኻራዪ ውዕል ከቕርበሉ ኣሎዎ። ውዕላት ተኻራዪ ቅድሚ ምእካል ጊዜ ውዕል ክለቕቕ እንተ ደአ ደልዩ ንመቕጻዕቲ ዘብቅዑ ትሕዝቶ ክህልዎም ይኽእል።

ተኻረይቲ ኣብ ልዕሊ ወነቲ ኣባይቲ ናይ ውልቀም ሲቪላዊ ክሲ ከቕርቡሎም ይኽእሉ። ኣጥፊኡ ዝተረኽበ ዋና ገዛ መቕጻዕትን ንተኻራዪ ዝበጽሖ ጉድኣትን ናይ ቤት ፍርዲን ጠበቓን ወጻኢታቱን ክኽፍል ይግበር።

3. **ናብ ኮንደሚንየምን ኮኣፐራቲቫን ለውጢ ሕጋጋት**

መንበሪ ህንጻ ናብ ኮንደሚንየም ወይ ኣሃዱታት ኮኣፐራቲቫ ኣብ ዝቕየረሉ እቲ ናይ ኮንደሚንየምን ኮኣፐራቲቫን ለውጢ ድንጋገ ናይ ኣባይቲ ሕጊ ፈተሻ ከግበር ይሓትት።

ከም ተወሳኺ ናብ ኮንደሚንየም ኣብ ዝቕየር ተኻራዪ ናይ 120-መዓልቲ ጽሑፍ ምልክታ ናይቲ ለውጢ ክበጽሖ ይግባእ። ተኻራዪ ነቲ ናቱ/ናታ ኣሃዱ ክዕድግ እንተ ዘይወሲኖም ተኻራዪ ካብ ኩሉ ምንጪታት ዝረኽቦ እቶት ካብ 80 ሚኢታዊት ናይቲ ከባቢ ማእከላይ እቶት ዘይበዝሕ እንተ ደአ ኰይኑ ማዕረ ናይ (3) ወርሒ ክራይ ናይ ቦታ ለውጢ ደገፍ፡ ምስ ናይ ስድራኡ ብዝሒ ድሕሪ ምትዕርራይ፡ ክረክብ ብቑዕ እዩ። ናይ ቦታ ለውጢ ደገፍ ክትረክብ ዘበቕዖት ስድራ ኣብ ውሽጣ ስሳን-ሓሙሽተን (65) ዓመት ወይ ልዕሊኡ ዕድመ ዘሎዎ ወይ በቲ ሕጊ ዝተገልጸ "ፍሉይ ሓገዝ" ዘድልዮ ኣባል እንተ ሃልዩዋ ንተወሳኺ ደገፍ ትበቕዕ።

ናብ ኮኣፐራቲቫ ንምልዋጥ ተኻራዪ ናይ 120-መዓልቲ ምልክታ ናይ'ቲ ኣሃዱ ምሻጥ ከበጽሖ ይግባእ። ተኻራዪ ንናቱ/ናታ ኣሃዱ ንክይገዝኡ እንተ ወሲኖ እታ ስድራ $500.00 ናይ ቦታ ምልዋጥ ደገፍ ክትረክብ ይግባእ።

ናይ ቦታ ምልዋጥ ደገፍ ብቐጥታ ነቲ ተኻራዪ ብዋና ወይ በቲ ምምሕያሽ ዝገብር ዘሎ ትካል ክኽፈል ይግባእ። እቲ ደገፍ ካብቲ እቲ ቦታ ዝለቀቐሉ መዓልቲ ክድንጉ የብሉን።

**ንዝያዳ ሓበሬታ ን Seattle DCI ተኸታተልቲ ትግባረ ሕጊ ብ (206) 615-0808 ደውሉ።**

ብዛዕባ'ዚ ሕጋጋት ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ትደልዩ ናብ (206)615-0808 ደውሉ።

4. **ብሳልሳይ ወገን ዕዳ ምቕራብ ሕጊ**

እዚ ሕጊ ወነንቲ ኣባይቲ ባዕላቶም ወይ ብሕታውያን ኩባንያታት ብምጥቃም ንተኻረይቲ ብምምሕዳር ከተማ ንዝቐርበሎም መሰለጥያታት (ማይ፡ ረሳሕ ማይ፡ ጐሓፍን ኤለትሪክን ኣገልግሎት) ካብ ክራይ ዝተፈልየ ዕዳ ዝልእኩሎም ስርዓት ይገልጽ። እዚ ሕጊ ንኩሎም ሰለስተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ መንበሪ ኣሃዱታት ዘሎዎም ህንጻታት የገልግል።

እቲ መምርሒ ዋና ገዛ ወይ ዕዳ ዘቕርበሉ ወኪሉ ንተኻረይቲ ወይ ክራይ ስምምዕ ኣብ ዝግበረሉ ወይ ድማ ብዝተፈልየ ጽሑፍ ብዛዕባ'ቲ ዕዳ ንጹር ሓበሬታ ክህብን ኣገባብ ኣቀራርባ'ቲ ዕዳ እውን ክገልጽን ይሓትት። ብዘይ ብቑዕ መግለጺ ሓዲሽ ኣገባብ ዕዳ ምቕራብ ንሕጊ ዝጻረር እዩ።

ተኻራዪ ብሳልሳይ ወገን ንዝቐርበሉ ዕዳ ነቲ ኣቕራብ ዕዳ ምኽንያቱ ብምግላጽ ኪቃወሞ ይኽእል። እዚ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ዕዳ ድሕሪ ምቕባል ክኸውን ኣሎዎ። ዕዳ ዘቐረበ ወኪል ንተኻራዪ ብዛዕባ'ቲ ዘይምርድዳእ ንክዘራረቡ ተቓውሞ ካብ ዝቕበል ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክረኽቦ ይግባእ። ተኻራዪ ተቓውሞኡ ናብ ቤት ጽሕፈት መርማሪ ጥርዓናት ናይ ስያትል እውን ከቕርብ ወይ ነቲ ዕዳ ዘቐረበ ናብ ቤት ፍርዲ ከቕርቦ ይኽእል። መርማሪ ጥርዓናት ወይ ቤት ፍርዲ ንተኻራዪ እንተ ደጊፎም ዋና ገዛ መቕጻዕቲ ከኽፍል ክሕተት ይኽእል።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ንተኻረይቲን ወነንቲ ዝካረ ንብረትን ሓበሬታ ክህቡ ዝኽእሉ ካልኦት ጉጅለታት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል:

1. **ሶሊድ ግራውንድ Solid Ground**
   **(206) 694-6767**
   **www.solid-ground.org**

   ኣብ ትሕቲ ናይ ወነንቲ መንበሪ ኣባይቲ/ተኻራዪ ኣዋጅን ካልኦት ሕግታትን ናይ ስተይት ኣብ ሕጋዊ መሰላትን ሓላፍነታትን ዘተኮረ ሓበሬታን ምኽርን የቕርብ

2. **ሊጋል ኣክሽን ሰንተር Legal Action Center**

   **ኣገልግሎት ካቶሊማሕበረ-ሰብ (Catholic Community Services)**
   **(206) 324-6890**
   **www.ccsww.org/legalactioncenter**

   ናይ ምስጓጉ ኩነት ንዘጋጠሞም ትሑት እቶት ዘሎዎም ተኻረይቲ ሓበሬታን ሓገዝን የቕርብ።

3. **ማሕበር ተኻረይቲ Tenants Union of Washington State ናይ ዋሽንግተን ስቴት**
   **(206) 723-0500**
   **www.tenantsunion.org**

   ኣብ ዋናገዛ/ተኻራዪ ሽግራት ዘተኮረ ሓበሬታን ምኽርን የቕርብ። ማሕበር ተኻረይቲ ንተጣበቕትን ጉጅለታት ተኻረይቲን ምስ ወነንቲ ኣባይቲ ብግቡእ ክገጥሙ ዘኽእሎም ሰሚናራት፡ ስልጠናን ተክኒካዊ ሓገዝን ንጠበቓታትን ጉጅለታት ተኻረይቲ እውን የቕርብ።

4. **ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ናይ ዋሽንግተን ስተይት Washington State Attorney General's Office**
   **(206) 464-7744**
   **www.atg.wa.gov**

   ኣብ ትሕቲ ወነንቲ መንበሪ ኣባይቲ/ተኻረይቲ ኣዋጅ ዝርከብ ሓበሬታን ሕጋዊ መሰላትን የቕርብ። ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ኣብ ትሕቲ ዋናገዛ/ተኻራዪ ኣርእስቲ ብቴፕ ዝተቐድሐ ናይ ተጠቀምቲ ኣገልግሎት መስመር ሓበሬታ ዘዳለዎ (206) 464-6811 ብምድዋል ይርከብ።

5. **ማሕበር ዝካረ ኣባይቲ ፕዩጀት ሳውንድ Rental Housing Association of Washington**
   **(206) 283-0816**
   **www.rhawa.org**

   ኣብ ትሕቲ ዋሽንግተን ስተይት ወነቲ መንበር ኣባይቲ/ተኻረይቲ ኣዋጅን ካልኦት ሕግታትን ኣብ ሕጋዊ መሰላትን ሓላፍነታትን ዘተኮረ ሓበሬታ የቕርብ። ከምኡውን ካልኦት ናይ ከባቢ ህግታት።

6. **ማእከል ምፍታሕ ግጭት ናይ ኪንግ ካውንቲ**
   **(Dispute Resolution Center of King County)**
   **(206) 443-9603**
   **www.kcdrc.org**

   ንወነንቲ ኣባይቲን ተኻረይቲን ናይ ምትዕራቕ ኣገልግሎት የቕርብ። እዚ ማእከል ኣብ ምፍታሕ ግጭታት ከም ኣማራጺ ንናይ ወግዓዊ ቤት ፍርዳዊ ኣገባብ ኰይኑ የገልግል።

7. **ቤት ጽሕፈት ሲቪል ራይትስ ስያትል Seattle Office for Civil Rights**
   **(206) 684-4500**
   **www.seattle.gov/civilrights**

   ንተኻረይቲ ኣንጻር ብዓሌት፡ ሕብሪ፡ እምነት፡ ሃይማኖት፡ ቅድመ-ወለዶ፡ ብሄራዊ መበቆል፡ ዕድመ፡ ጾታ፡ ኩነታት መርዓ፡ ኩነታት ወላድነት፡ ጾታዊ ዝንባለ፡ ፖለቲካዊ ክልሰ-ሓሳብ፡ ወይ ህላወ ናይ ህዋሳዊ፡ ኣእምሮ፡ ወይ ኣካላዊ ስንክልና፡ ሰክሽን 8 ስለ ዝጥቀሙ፡ ወይ ዝሰንከለ ሰብ ዝሰልጠነ ናይ ኣገልግሎት እንስሳ ከም መራሒ ስለ ዝጥቀም ክቐርበሎም ዝኽእል ፍልይ ዝበለ ኣጠማምታ (ኣድልዎ) ናይ ምምሕዳር ከተማ ክፉት መንበሪ ሕጊ የተግብር።

8. **ናይ ኪንግ ካውንቲ ጠበቓታት ማሕበር King County Bar Association**

   - **ናይ ጐረቤት ናይ ሕጊ ክሊኒክ Neighborhood Legal Clinics**
     **(206) 267-7070**
     **www.kcba.org/CLS/NLC/clients.html**

     ንነጻ ሕጋዊ ምኽሪ ቈጸራ ንምሓዝ ደውሉ። ክሊኒካት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ይርከቡ። ኣብ መንጎ ሰዓታት 9:00 ቅ.ቀን ፍርቂ መዓልቲን ካብ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ ደውሉ።

   - **ሃውሲንግ ጀስቲስ ፕሮጀችት Housing Justice Project**
     **(206) 267-7090**
     **www.kcba.org/CLS/HJP/clients.html**

     ንምስጓጉ ዝበኞዑ ትሑት እቶት ዘሎዎም ተኻረይቲ ይውክል።

   - **ወለንታዊ ሕጋዊ ኣገልግሎት Volunteer Legal Services**
     **(206) 267-7010**
     **www.kcba.org/CLS/VLS/clients.html**

     ምስጓጉ ዝጽበዮም ንዘሎ ብመንገዲ ወለንተኛ ጠበቓታት ናይ ምውካል ኣገልግሎት የቕርብ።

9. **ማሕበር ወነንቲ ኣባይቲ ዋሽንግተን (Washington Landlord Association)**
   **(888) 753-9150**
   **www.walandlord.com**

   ኣብ ውሽጢ ዋሽንግተን ስቴት ንዝረከቡ ወነንቲ ኣባይቲን ኣመሓዳዳሪታት ብዛእባ ዝተፈላለዩ ዋኒናት ሓበሬታ ይህብ፡፡

10. **ዋሽንግተን ሎው ኸልፕ**
    **www.washingtonlawhelp.org**

    ግዝኣት ዋሽንግተን ዝምልከቱ ዋኒናት ኣባይቲ ዝተፈላለዩ ሓበሬታት ዝህብ እንትኾን፣ ንኣብነትውን፣ መሰላት ተኻረይቲ፣ ተኻረይቲ ካብ ገዛ ምውጻእ፣ ወፃኢ ብመንግስቲን ብድኅማ ዝሸፈን ገዛ፣ ናይ ህፁፅ እዋን መንበሪን ሓገዝ፣ ዓደግቲ ኣባይቲ፣ ወነንቲ ኣባይቲ፣ ተንቐሳቓሲ ናይ ገዛ ፓርክ ተኻረይቲ፣ ንእሽተይ ጉዳያት ዘተኣግዱ ኣባይቲ ፍርዲ፣ ሓገዝ ኢነርጂ፣ ግልጋሎትን ቴሌኮሙኒኬሽን ይርከቡ፡፡ ሓበሬታ ምርካብ ዝከኣል ብድረ ገጽ ጥራሕ እዩ፡፡

*ሕጋዊ መተንበሂ: እዚ ሓበሬታ ከም መተካእታ ናቲ ዘሎ መምርሒ ክውሰድ የብሉን ። ኣመልካቲ(ኣፕሊካንት) ምስ ኩሎም ኣብዚ መዘክር(ቲፕ)ዝተጠቕሱን ዘይተጠቕሱ መምርሒታትን ሕግታትን ክምእዘዝ ሓላፍነት ኣለዎ ።*

**11. ናይ ዋሽንግተን ማህበር ብኣል ብዙህ ስድራ ናይ ገዛ ኣገልግሎት**
**(Washington Multi-Family Housing Association)**
**(425) 656-9077**
**www.wmfha.org**

ኣብ ውሽጢ ግዝኣት ዋሽንግተን ዝርከቡ ብዙህ ስድራ ዘለዎም ኣባይቲን ናይዞም ኣባይቲ ኣማሓዳዳሪ ኩባንያታት ጥቕሚኦም ኣብ ብርኪ ፌዴራል፣ ግዝኣትውን ከባቢታት ይውክል፡፡

**12. ናይ ዋሽንግተን ማህበር ወነንቲ ክራይ ንብረት**
(Washington Rental Owners Association)
**(425) 353-6929**
**www.waapt.org**

ግዝኣት ለኸ ትካል እንትኾን፣ ንመሰል መኻረይ ዝከራከር፣ ንኣባላትውን ሓበሬታን ተኸታታሊ ትምህርቲ ዝህብ፣ ኢንዱስትሪይ ገዛ ክራይ ዘፋልጥ እዩ፡፡

ተወሳኺ ንዋናገዛ/ተኻራዪ ዝምልከት ምንጪታት ነዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ወሲኹ:

- ናይ ወነንቲ ኣባይቲን ተኻረይቲን መሰላትን ሓላፍነታትን
- ዝተተርጐመ ጽሑፍ ናይ ዋናገዛ-ተኻራዪ ሓበሬታ
- ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት
- ብቑዕ መስጐጒ ምኽንያትን ተኻራዪ ቦታ ምልዋጥን
- ስልጠና ኣብ ምፍታሕ ግጭት
- ኣቀራርባ ጥርዓን

ኣብ መርባእብ ሓበሬታ Seattle DCI www.seattle.gov/dpd/publications ይርከብ።

## ምርካብ ሓበሬታ

ናብ Seattle DCI መዘከሪ፡ Director's Rules (ሕግታት ናይ መራሒ)፡ ከምኡውን Seattle Municipal Code (ናይ ስያትል ናይ ከተማ መማሓዳደሪ ሕግታት) ኣብ Tools & Resources ዝብል ኣብ www.seattle.gov/sdci. ዝብላ ገጻት ብምኽፋት ክርከብ ይከኣል። ኣብዚ ወረቐት ዝሰፈረ ቅዳሓት ናይዚ ሰነዳት ኣብ ማእከል ከተማ ስያትል ካብ ማእከል ምንጪ ህዝባዊ ሓበሬታ ኣብ መበል 20 ደርቢ ናይ ስያትል ሙኒስቲፓል ታወር 700 Fifth Ave. ብምኻድ ወይ ስልኪ ቁ .(206) 684-8467 ብምድዋል ክርከብ ይከኣል።

*ሕጋዊ መተንበሂ: ኣዚ ሓበሬታ ከም መተካእታ ናቲ ዘሎ መምርሒ ክውሰድ የብሉን ። ኣመልካቲ(ኣፕሊካንት) ምስ ኩሎም ኣብዚ መዘክር(ቲፕ)ዝተጠቕሱን ዘይተጠቕሱ መምርሒታትን ሕጊታትን ክምእዘዝ ሓላፍነት ኣለዎ ።*

# ንክንክንን ጽገናን ህንጻ ዝምልከት ሕጋጋት ስያትል

ዝተመሓየሸሉ እዋን ሓምለ 11/2016

Seattle Department of Construction and Inspections (Seattle DCI, ሲያትል ዲፓርትመንት ኮንስትራክሽንን ኢንስፔክሽን) ናይ ስያትል ክንክንን ጽገናን ኣባይቲ ሕጊን (SMC 22.200 - 22.208) ብዙሓት ካልኦት ናይ ከተማ ወነንቲ ኣባይቲን ተኻረይቲን ዝትንከፉ ሕግታት የመሓድርን የተግብርን። ኣባላት ናይ Seattle DCI ምምላእ ሕጊ ሰራሕተኛታት ንተኻረይቲን ወነንቲ ኣባይቲን ኣብ ሕጋጋት ከተማ ንምርዳእ ዘድሊ ደገፍ ክቐርቡ ድሉዋት እዮም።

ናይ ዓማዊል ደገፍ መዘክር ንናይ ስያትል ተኻረይቲን ወነንቲ ንብረትን ኣብ ትሕቲ ሕጊ ከተማ ዝህልዎም መሰላትን ግቡኣትን ዘብርህ ሓፈሻዊ መምርሒ እዩ። ብዛዕባ ሕጊ ክንክን መንበሪ ኣባይቲን ህንጻታትን(HBMC) ወይውን ናይ ክራይ ገዛ ምዝገባን ናይ ፍተሻ ሕጊ (RRIO) ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ ነዚ ዝስዕብ ተወከሱ፡

**ን Seattle Department of Construction and Inspections**
**ክፍሊ ምምላእ ሕጊ**
(206) 615-0808 ርኸቡ።

ቦታ: 19th Floor, Seattle Municipal Tower
መልእኽቲ ኣድራሻ: 700 Fifth Ave., Suite 2000
P.O. Box 34019
Seattle, WA 98124-4019

ናይ ዋሽንግተን ስተይት መንበሪ ዋናገዛ/ተኻራዪ ሕጊ (ምዕራፍ 59.18 RCW) ንተኻረይቲን ወነንቲ ኣባይቲን ተወሳኺ መሰላትን ግቡኣትን የስፍር። ብዛዕባ ሕጊ ናይ ስተይት ንዝህልወኩም ሕቶታት ኣብ መወዳእታ ናይዚ ጽሑፍ ተዘርዚሮም ካብ ዘለዉ ውድባት ንሓንቲኦን ርኸቡ ወይ ድማ ናብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ኪዱ፡ http://apps.leg.wa.gov/RCW/ ከፊትኩም RCW 59.18 ጸሓፉ።

## ምምሕዳር ከተማ ካብ ወነንቲ ዝካረ ንብረት ዝጽበዮ

ኣብ ትሕቲ ሕጊ ክንክን ህንጻ (HBMC) ወነንቲ ኣባይቲ ኣብ ስያትል ካብ ሓደጋ ነጻ፡ ጽሩይን ውሑስን ናይ ናብራ ኩነታት ክቐርቡ ይግደዱ። ብሓፈሽኡ ወነንቲ:

- ነቲ ከባቢ ወዲ ሰብ ክነብረሉ ከም ዝኽእል ጌርካ ምሓዝ፡ ናይ ሓባር ቦታታት ድማ ቅቡል ዝኾነ ጽሬትን ዘየሰግእን ጌርካ ምሓዝ።
- መከላኸሊ ሓሸራት፡ ኣናጹን ካልእ ባልዕን ምቕራብ።
- ንኹሎም መሰረታዊ ኣካላት ህንጻ (ናሕሲ፡ መናድቕን መሰረትን) ከም ዘይልሕኹ ጌርካ ምክንኻን።
- ኩሎም ናይ ኤለትሪክ፡ መስመራት ማይ፡ መውዓዪን ካልእ መሳርሕን ብዋና ገዛ ዝቐረቡ ናውቲ ኣገልግሎትን ብክንክን ምሓዝ።
- ንጐሓፍ ዝኸውን ግቡእ መትሓዚ ምቕራብ።
- ናይ ክራይ ክፍልታት ሙቐት ምሕላው ሓላፍነት ምስ ዝህልወካ ካብ መስከረም ክሳብ ሰነ ዘሎ እዋን ብመዓልቲ (7:00 ቅ.ቀ. to 10:30 ድ.ቀ.) ሙቐት ካብ 68 ደረጃ ፋህረንሃይት ከይወሓደ ብለይቲ ድማ ካብ 58 ደረጃ ፋህረንሃይት ከይወሓደ ጌርካ ምሕላዉ።
- ኣብ ቀዋሚ ዝኾነ መንበሪታት ተኻረይቲ ክለዋወጡ ከለዉ መፋትሕን ስርዓት-ሲጋጥን ምቕያር፡ ንተኻረይቲ ድማ ናብቲ ኣሃዱን ህንጻን መእተዊ ማዕጾ መፍትሕ ምሃብ።
- መፈተሽ ትኪ ስቐል ንተኻረይቲ ድማ ብዛዕባ ኣጠቓቕማን ክንክኖምን መሃር።

ወነንቲ ኣባይቲ ደድሕሪ ለውጢ ተኻረይቲ ንጽባቐ ዝዓለመ ጽገና ከም ሓዲሽ ናይ መሬት ምንጻፍ፡ ሓዲሽ ቦያ ክገብሩ ሓላፍነት የብሎምን። ንዝኾነ ጽገና ዋና ገዛ ክገብሮ ዝግባእ እንተ ኾነ ንዝቐርብ ሕቶ ሰራሕተኛታት ምምላእ ሕጊ ክምልስዎ ይኽእሉ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብስልኪ ቍ. (206) 615-0808 ደውሉ።

ከምቲ ናይ ክራይ ገዛ ምዝገባን ናይ ፍተሻ ሕጊ (RRIO) ዝጠልቦን ዝእዝዞን ወነንቲ ገዛውቲ መሰረታዊ ነገራት ከማልኡን ዘተኣማምንን ውሑስን ገዛውቲ ክቐርቡ ግድን እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ፡

- ንመንበሪ ዝተኻረዩ ገዛውቲ በብሓሙሽተ ዓመት ክምዝገቡ የድሊ እዩ። (መዘክር 620፣ ናይ ክራይ ሓፍትኹም ምምዝጋብ ዝብል ርኣ)
- ካብ 2015 ጀሚሩ ናይ ክራይ ገዛ ምዝገባን ናይ ፍተሻ ሕጊ (RRIO) ንዝዳልዎ ምርመራ እንተወሓደ ኣብ ውሽጢ ኣሰርተ ዓመት ሓንሳብ ምሕላፍ (መዘክር 620፣ ናይ ክራይ ሓፍትኹም ምምዝጋብ ዝብል ርኣ)

## ናይ ተኻረይ መንነት

ካብ ሕጊ ተኻረየ መዘዋወሪ ሓገዝ ወጻኢ፣ ተኻረይ ዝባሃል ብመሰረት ውዕሊ ክራይ ህንፃ ወይ ገዛ ዝሃዘ ሰብ ማለት እዩ፡፡ ኣብ መእረፍቲ ጊዜያዊ ንሓደ ወርሒን ንላዕሊን ዝነብሩ ሰባት ኣብ ውሽጢ እዚ ዝካተቱ እዮም፡፡ እቲ ውዕሊ ክራይ ብቓልን ብጽሑፍን ክግበር ይከኣል እዩ፡፡



ካብ ከሎሪን ፍጹም ነጻ 100% ድሕሪ ጥቕሚ ኣብ ዝኾነ ጽሕፈ ወረቐት ዝተሓትመ

## ግቡኣት ተኻረይቲ

ተኻረይቲ ነቲ ዝተኻረየ ገዛ ከም ዘየስግእን ብጽፉፍ መንገድን ንምሓዝ፡ ንቡር እርጋን ኮነታት አብ ግምት ብምእታው፡ ብዋና ገዛ ዝቐርብ ነቲ ቅቡል ዝኾነ ትጽቢት ምምላእ። ሓላፍነት ተኻረይቲ ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል:

- ጉሓፍ ብግቡእ ምጉሓፍ፡
- ናይ ኤለትሪክን መስመር ማይን ቀዋሚ ነገራት ብጥንቓቐ ምጥቃም፡
- ተኻረይቲ ወይውን ኣጋይሾም ንዘውረድዎ ምብልሻው ቀልጢፍካ ምጽጋን የድሊ
- ዋናታት ገዛውቲ ምኽኑይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ንጽገና ናብ ዝተኻረየ ገዛ ክመጹ እንከለዉ ንኽ ኣትዉ ክፍቀደሎም፡ ናይ ገዛ ጽገናን፡ ኣባላት ናይ ምቁጽጻር ባልዕ ክመጹ እንከለዉ፡ ከምኡውን ናይ ክራይ ገዛ ምዝገባን ናይ ፍተሻ ሕጊ (RRIO) ንዘዳለዎ ምርመራ ንምምላእ ክመጹ ክኣትዎ ክፍቀደሎም
- ፈተሽቲ ትኪ ብግቡእ ከም ዝሰርሑ ጌርካ ምክንኻን፡
- ኣብቲ ሰፈር ን ካርበን ሞኖክሳይድ ነገር ዘይምኽዛን፡

## ጽገና ኣብ ዘድልየሉ ክርከብ ዝከኣል ፍታሕ

ጽገና ምስ ዝድለ ተኻረይቲ ነዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ክወስዱ ይኽእሉ:

1. ንዋና ገዛ ምርካብ። መብዛሕትኦም ተኻረይቲን ወነንቲ ኣባይቲን ዝኾነ ሽግር ብተለፎን ወይ ብደብዳበ ይፈትሕዎ። መብዛሕትኡ እዋን እዚ ነቲ ሽግር ይፈትሖ፡ ብሕጊ ግን ንጽገና ዝምልከት ተኻረይቲ ካልእ መንገዲ ቅድሚ ምውሳዶም ብዙሕ ጊዜ ጽሑፍ ክቐርብ ይሕተት። ናይ ኵሉ ምልእኣኽካ ቅዳሕ ምሓዝ ዘክር።

2. ነቲ ሽግር ናብ Seattle DCI ኣመልክት። ዋና ገዛውቲ ወይውን ኣካየድቲ ስራሕ ጽገና ኣብ እዋኑ ኣሳሊጦም ምስዘይውድኡ Seattle DCI ዝሳለጥ ናይ ብቕዓት ገዛውቲ ዝመምይ ምርመራ (ኢንስፔክሽን) ቆጻራ ምሓዝ የድሊ እዩ። ሕጊ ክንክን መንበሪ ኣባይቲን ህንጻታትን(HBMC) ወይውን ናይ ክራይ ገዛ ምዝገባን ናይ ፍተሻ ሕጊ (RRIO) ክጠሓስ ከሎን ዋና ገዛ ነዚ ጥሕሰት ሕጊ ኣብ ዘየዓርየሉ እዋን እቲ ፈታሺ(ኢንስፔክተር) ንዋና ገዛ ናይ ኣራሚ ስጉምቲ ንኽወስድ ክገድዶ እዩ።(ንተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ንዝስዕብ ክፋል ተወከሱ)

3. ካልእ ፍታሓት ከም ባዕልኻ ትገብሮ ጽገና፡ ብመንጎኛ፡ ክራይ ገዛ አብ እሙን መንጎኛ ምትሓዝ ዝኣመሰሉ ተጠቐም። ወነንቲ ኣባይቲ ሕጊ ዝጠልቦ ጽገና አድላይነቱ ምስ ተነግሮም ኣብ ውሽጢ ቅቡል ዝኾነ እዋን ምፍጻም እንተ ኣበዩ ናይ ዋሽንግተን ስተይት ወነንቲ መንበሪ አባይቲ/ተኻረይቲ ሕጊ(ምዕራፍ 59.18 RCW) ውሱን ፍታሕ ጥራሕ እዩ ዘሎዎ። ነዘን አማራጺታት ክትጥቀመለን ኣከፋፍላ ክራይካ ጊዜ ዝሓለወ ክኸውን ይግባእ። ኣብዘን ፍታሓት ገለ ክፋል ናይ ክራይ ምትራፍ ወይ ምጉዳል ክህልዎ ይኽእል።

   ከም ሓፈሻዊ መምርሒ ግን ክራይ ምሓዝ ዝምረጽ ፍታሕ አይኰነን፡ እኳ ደኣ ሓደ ተኻራዪ ክራይ ብዘይምኽፋሉ ክስጐጐ ይኽእል። ሕጊ ናይ ስተይት ብዛዕባ ካብ ክራይ ምጉዳል ወይ ክራይ አብ ሕሳብ እሙን መንጎኛ ምቕማጥ ፍሉይ መምርሒታት አሎዎ። ንዝያዳ ሓበሬታ ካብቶም አብ መወዳእታ ናይዚ ሕታም ተመዝጊቦም ዘሎዉ ንተኻረይቲ ሓገዝ ዝህቡ ጉጅለታት ተወከስ።

## ሽግር ንSeattle DCI ምሕባር

ዋና ገዛ ወይ አካያዲ ስራሕ ኣድላዪ ጽገና አብ ውሽጢ ቅቡል እዋን እንተ ዘይተግቢሩ ተኻረይቲ ሽግሮም ንSeattle DCI ክሕብሩ ይኽእሉ። ደብዳበ ናብ DPD, 700 Fifth Ave., Seattle, WA, 98104 ብምጽሓፍ፡ ወይ (206) 615-0808 ስልኪ ብምድዋል ወይ ናብ ስያትል ሙኒሲፓል ታወር መበል 19 ደርቢ ብኣካል ምኻድ።

- እቲ ዋና ገዛ ወይ አካያዲ ስራሕ ንዝቐረበሎም ናይ ጽገና ጠለብ እንተ ደኣ ዘይመሊሶም እሞ እቲ ተሪፉ ዘሎ ፍታሕ ጥርዓን ምቕራብ ጥራሕ እንተ ኾይኑ ነቲ ሽግር ንምግላጽ ናብ ዲፒዲ ደውሉ። ምርጫኹም እንተ ኾይኑ ስምኩም ብምስጢር ክዕቀብ እዩ።
- ኵሉ ዘድሊ ዘበለ ዘርዝር፡ አድራሻ ናይቲ ህንጻ ምስናይ ቍጽሪ ኣሃዱ እውን ኣቕርብ።
- ካብ Seattle DCI ሓገዝ ምስ እትሓትት እቲ ጨንፈር ክድውለልካን ንፈተሻ ቈጸራ ክገብርን ቍጽሪ ስልክኻ ኣቕርብ። ኣብ እዋን ተፍትሽ እቲ ሓገዝ ዝሓተተ ሰብ ክርከብ አሎዎ።
- እቲ ፈታሺ ዝተጋህሰ ኮነት እንተ ረኺቡ፡ ፈታሺ እቲ ጽገና መዓስ ክፍጸም ከም ዘሎዎ ምልክታ ከዳሉ፡ ንዝምልከቶ ኣካል ብዛዕባ እቲ ግህሰት ክሕብር፡ ነቲ ምልክታ ድማ ኣብቲ ቦታ ክልጥፎ እዩ።
- ዝድለ ንምምላእ ዝወሃብ ጊዜ ኣብ ዓይነት ናይቲ ምግሃስን ዋና ገዛ ክናውሓሉ ዝሓቶ ጊዜን አብ ግምት አትዩ ብሓፈሻ ካብ 30 ክሳብ 60 መዓልቲ እዩ።
- ዋና ገዛ አድላዪ ጽገና እንተ ዘይገይሩ Seattle DCI ዘድሊ ንምምላእ ብቤት ፍርዲ ስጉምቲ ይወስድ።

## ከም ምፍርራሕ ወይ ሕነ-ምፍዳይ ዝቑጸሩ ተግባራት

ሕጊ ጽገናን ክንክንን አባይቲ ገለ አንጻር ተኻረይቲ ወይ ወነንቲ አባይቲ ካብ ዝውሰዱ ስጉምትታት ይኽልክል። እዚ ክፋል ናይ HBMC ብጨንፈር ፖሊስ ስያትል ግብራዊ ኰይኑ ናይ ገበን መቕጻዕቲ እውን ይህልዎ።

**እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ከም ኣብ ልዕሊተኻራዪ ምፍርራሕ ወይ ሕነ ምፍዳይ ይውሰዱ:**

1. ኣብ መዓጹ ሰጋጥ ምቕያር
2. መዓጹ፡ መሳኹቲ፡ ሳንዱቕ መቈጻጸሪ ኤለትሪክ ወይ ካልእ ተሰቀልቲ ነገራት ምንቃል
3. ጋዝ፡ ኤለትሪክ፡ ማይን ካልእ መገልገሊን ምቍራጽ
4. ሕጊ ብዘይተኸተለ ናይ ምውጻእ ተግባር ንተኻራዪ ካብቲ ከባቢ ምልጋስ

**ሕጋዊ መተንብሂ:** *አዚ ሓበሬታ ከም መተካእታ ናቲ ዘሎ መምርሒ ክውሰድ የብሉን ። ኣመልካቲ(ኣፕሊካንት) ምስ ኩሎም ኣብዚ መዘክር(ቲፕ)ዝተጠቕሱን ዘይተጠቕሱ መምርሒታትን ሕገጋትን ክምእዘዝ ሓላፍነት ኣለዎ ።*

5. ምስጓጉ፡ ክራይ ምውሳኽ ወይ ተኻራዪ ሕጊ ክንክንን ጽገናን ህንጻ ስለ ዝተጋህሰ ንSeattle DCI ብምጥራዑ ወይ ምስቲ ተኻራዪ ዝነብረሉ ህንጻ ዝተተሓሓዘ ሕጋዊ መሰሉ ብምጥቃሙ ንተኻራዪ ምፍርራሕ

6. ህጹጽ ኵነት ኣብ ዘይነበሮ ወይ ንተኻራዪ ክኣቱ ከም ዝደሊ ከፍቅደሉ ዝሕብር ግቡእ  ምልክታ ከይሃበ ናብ ናይ ተኻራዪ ኣሃዱ ምእታው።

7. ናይ ጽሑፍ ቅድመ መጠንቐቕታ ብዘይምሃብ ወርሓዊ ወፃኢታት ገዛ ምውሳኽ፤ ትህቲ 10% ንዝኾነ ተወሳኺ፣ ናይ 30 መኣልቲ መጠንቐቕታ፣ 10% ወይ ልዕሊ ንዝኾነ ተወሳኺ ድማ ናይ 60 መኣልታት መጠንቐቕታ ክህብ ኣለዎ፡፡

8. እቲ ገዛ ንመንበሪ መሰረታዊ ዝበሃሉ ናይ መንበሪ ኩነታት ዘይማላእ እንተሃለዎ  እናሃለዎ፣ ወርሓዊ ወፃኢታት ገዛ ምውሳኽ፤

እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ከም ምፍርራሕ ወይ ሕነ ምፍዳይ ኣንጻር ዋና ገዛ ይውሰዱ:

1. ኣብ ናይ ኣሃዱ መዓጹ ሰጋጥ ምቕያር

2. ብዋና ገዛ ዝቐረቡ ተሰቀልቲ ኣቕሑ ገዛ ወይ መገልገልቲ ናውቲ ምልቃቕ

3. ነቲ ህንጻ ኰነ ኢልካ ምጕዳእ

ኣንጻር ዋና ገዛ ወይ ተኻራዪ ናይ ምፍርራሕ ወይ ሕነ ምፍዳይ ተግባራት ናብ Seattle DCI ብቍ. ስልኪ (206) 615-0808 ብምድዋል ክሕበር ይግባእ።

## ናይ ገዛ ወፃኢታት ፍታሕ

ናይ ገዛ ወፃኢታት ማለት ክራይን ካልኦት ብዝተወሰነ እዋን ወይ ብብወርሒ ተኻራዪ ንመኻራዪ በኣል ገዛ ዝኸፍሎም ናይ መቐመጢ፣ ፓርኪነግ ወይ ወፃኢታት ግልጋሎት ዝመሳሰሉ ወፃኢታት እዮም፡፡

## ተወሳኺ ሓበሬታ ዝህቡ እንታይ ምንጪታት ኣሎዉ?

ንተኻረይቲን ንወነቲ ዝካረ ኣባይቲን ሓበሬታ ክህቡ ዝኽእሉ ካልኦት ጉጅለታት:

1. **ሶሊድ ግራውንድ** (Solid Ground)
(206) 694-6767
www.solid-ground.org
ኣብ ትሕቲ ናይ ወነንቲ መንበሪ ኣባይቲ/ተኻራዪ ኣዋጅን ካልኦት ሕግታትን ናይ ስተይት ኣብ ሕጋዊ መሰላትን ሓላፍነታትን ዘተኰረ ሓበሬታን ምኽርን የቕርብ

2. **ሌጋል ኣክሽን ሴንተር** (Legal Action Center)
(**ናይ ካቶሊክ ማህበረሰብ ኣገልግሎት**)
(206) 324-6890
www.ccsww.org/legalactioncenter
ናይ ምስጓጉ ኵነት ንዘጋጠሞም ትሑት እቶት ዘሎዎም ተኻረይቲ ሓበሬታን ሓገዝን የቕርብ።

3. **ናይ ዋሽንግተን ስቴት ማሕበር ተኻረይቲ**
(Tenants Union of Washington State)
(206) 723-0500
www.tenantsunion.org
ኣብ ዋናገዛ/ተኻራዪ ሽግራት ዘተኰረ ሓበሬታን ምኽርን የቕርብ። ማሕበር ተኻረይቲ ንተጣበቕትን ጉጅለታት ተኻረይቲን ምስ ወነንቲ ኣባይቲ ብግቡእ ክገጥሙ ዘኽእሎም ሰሚናራት፡ ስልጠናን ተክኒካዊ ሓገዝን እውን የቕርብ።

4. **ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ናይ ዋሽንግተን ስተይት**
(Washington State Attorney General's Office)
(206) 464-7744
www.atg.wa.govwww.atg.wa.gov
ኣብ ትሕቲ ወነንቲ መንበሪ ኣባይቲ/ተኻረይቲ ኣዋጅ ዝርከብ ሓበሬታን ሕጋዊ መሰላትን የቕርብ። ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ኣብ ትሕቲ ዋናገዛ/ተኻራዪ ኣርእስቲ ብቴፕ ዝተቐድሐ ናይ ተጠቀምቲ ኣገልግሎት መስመር ሓበሬታ ዘዳለዎ (206) 464-6811 ብምድዋል ይርከብ።

5. ***ሬንታል ሃውሲንግ ኣሶሴሽን ኦፍ ዋሽንግተን***
(Rental Housing Association of Washington)
(206) 283-0816
www.rhawa-ps.com
ኣብ ትሕቲ ዋሽንግተን ስቴት  ወነንቲ መንበር ኣባይቲ/ተኻረይቲ ኣዋጅን ካልኦት ሕግታትን ኣብ ሕጋዊ መሰላትን ሓላፍነታትን ዘተኰረ ሓበሬታ የቕርብ።

6. **ማእከል ምፍታሕ ግጭት ናይ ኪንግ ካውንቲ**
(Dispute Resolution Center of King County)
(206) 443-9603
www.kcdrc.org
ንወነንቲ ኣባይቲን ተኻረይቲን ናይ ምትዕራቕ ኣገልግሎት የቕርብ። እዚ ማእከል ኣብ ምፍታሕ ግጭታት ከም ኣማራጺ ንናይ ወግዓዊ ቤት ፍርዳዊ ኣገባብ ኰይኑ የገልግል።

7. **ቤት ጽሕፈት ሲቪል ራይትስ ስያትል** (Seattle Office for Civil Rights)
(206) 684-4500
www.seattle.gov/civilrights
ንተኻረይቲ ኣንጻር ብዓሌት፡ ሕብሪ፡ እምነት፡ ሃይማኖት፡ ቅድመ-ወለዶ፡ ብሄራዊ መበቈል፡ ዕድመ፡ ጾታ፡ ኵነታት መርዓ፡ ኵነታት ወላድነት፡ ጾታዊ ዝንባለ፡ ፖለቲካዊ ክልሰ-ሓሳብ፡ ወይ ህላወ ናይ ህዋሳዊ፡ ኣእምሮ፡ ወይ ኣካላዊ ስንክልና፡ ሰክሽን 8 ስለ ዝጥቀሙ፡ ወይ ዝሰንከለ ሰብ ዝሰልጠነ ናይ ኣገልግሎት እንስሳ ከም መራሒ ስለ ዝጥቀም ክቐርበሎም ዝኽእል ፍልይ ዝበለ ኣጠማምታ (ኣድልዎ) ናይ ምምሕዳር ከተማ ክፉት መንበሪ ሕጊ የተግብር።

8. **ናይ ኪንግ ካውንቲ ጠበቓታት ማሕበር** (King County Bar Association)

**ናይ ጐረቤት ናይ ሕጊ ክሊኒክ** Neighborhood Legal Clinics
(206) 267-7070
www.kcba.org/CLS/NLC/clients.html
ንነጻ ሕጋዊ ምኽሪ ቈጸራ ንምሓዝ ደውል። ክሊኒካት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ይርከቡ። ኣብ መንጎ ሰዓታት 9፡00 ፍርቂ መዓልቲን ካብ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ ደውል።

**ሕጋዊ መተንብሂ:** *እዚ ሓበሬታ ከም መተካእታ ናቲ ዘሎ መምርሒ ክውሰድ የብሉን ። ኣመልካቲ(ኣፕሊካንት) ምስ ኩሎም ኣብዚ መዘክር(ቲፕ)ዝተጠቕሱን ዘይተጠቕሱ መምርሒታትን ሕጊጋትን ክምእዘዝ ሓላፍነት ኣለዎ ።*

**ሃውሲንግ ጃስቲስ ፕሮጀችት** (Housing Justice Project)
(206) 267-7090
www.kcba.org/CLS/HJP/clients.html
ንምስጓጐ ዝበቕዑ ትሑት እቶት ዘሎዎም ተኻረይቲ ይውክል።

**ወለንታዊ ሕጋዊ ኣገልግሎት** (Volunteer Legal Services)
(206) 267-7010
www.kcba.org/CLS/VLS/clients.html
ምስጓጐ ዝጽበዮም ንዘሎ ብመንገዲ ወለንተኛ ጠበቓታት ናይ ምውካል ኣገልግሎት የቕርብ።

9. **ማሕበር ወነንቲ ኣባይቲ ዋሽንግተን** (Washington Landlord Association)
(888) 753-9150
www.walandlord.com
ኣብ ውሽጢ ዋሽንግተን ስቴት ንዝረከቡ ወነንቲ ኣባይቲን ኣመሓዳዳሪታት ብዛእባ ዝተፈላለዩ ዋኒናት ሓበሬታ ይህብ፡፡

10. **ዋሽንግተን ሎው ኸልፕ** (Washington LawHelp)
www.washingtonlawhelp.org
ግዝኣት ዋሽንግተን ዝምልከቱ ዋኒናት ኣባይቲ ዝተፈላለዩ ሓበሬታት ዝህብ እንትኾን፣ ንኣብነትውን፣ መሰላት ተኻረይቲ፣ ተኻረይቲ ካብ ገዛ ምውጻእ፣ ወፃኢ ብመንግስቲን ብድጎማ ዝሸፈን ገዛ፣ ናይ ህፁፅ እዋን መንበሪን ሓገዝ፣ ዓደግቲ ኣባይቲ፣ ወነንቲ ኣባይቲ፣ ተንቐሳቓሲ ናይ ገዛ ፓርክ ተኻረይቲ፣ ንእሽተይ ጉዳያት ዘተነኣግዱ ኣባይቲ ፍርዲ፣ ሓገዝ ኢነርጂ፣ ግልጋሎትን ቴሌኮሙኒኬሽን ይርከቡ፡፡ ሓበሬታ ምርካብ ዝከኣል ብድረ ገጽ ጥራሕ እዩ፡፡

11. **ናይ ዋሽንግተን ማህበር በኣል ብዙህ ስድራ ናይ ገዛ ኣገልግሎት**
(Washington Multi-Family Housing Association)
(425) 656-9077
www.wmfha.org
ኣብ ውሽጢ ግዝኣት ዋሽንግተን ዝርከቡ ብዙህ ስድራ ዘለዎም ኣባይቲን ናይዞም ኣባይቲ ኣማሓዳዳሪ ኩባንያታት ጥቕሚኦም ኣብ ብርኪ ፌዴራል፣ ግዝኣትውን ከባቢታት ይውክል፡፡

12. **ናይ ዋሽንግተን ማህበር ወነንቲ ክራይ ንብረት**
(Washington Rental Owners Association)
(425) 353-6929
www.waapt.org
ግዝኣት ለኸ ትካል እንትኾን፣ ንመሰል መኻረይ ዝከራከር፣ ንኣባላትውን ሓበሬታን ተኸታታሊ ትምህርቲ ዝህብ፣ ኢንዱስትሪይ ገዛ ክራይ ዘፋልጥ እዩ፡፡

## ዘሎዉ ትርጓማት

ናይዚ ሰነድን ጽማቕ ናይ ዋሽንግተን ስተይትን ስያትልን ናይ ዋናገዛ/ ተኻራዪ ሕግታት በዞም ዝስዕቡ ቋንቋታት ኣምሓርኛ፡ ካምቦድያ፡ ማንድሪን፡ ቻይና፡ ኮሪያ፡ ኦሮምያ፡ ሩስያ፡ ሶማል፡ ታጋሎግ፡ ታይ፡ ትግርኛን ቬትናምን ተተርጒሞም ይርከቡ።

- ዝተተርጐሙ ቅዳሓት ካብ ዲፒዲ ማእከል ህዝባዊ ምንጪ (Seattle DCI Public Resource Center) ኣብ መበል 20 ደርቢ ናይ ስያትል ሙኒሲፓል ታወር ኣብ ማእከል ስያትል 700 Fifth Ave. ወይ ብስልኪ ቍጽሪ (206) 684-8467 ክርከብ ይከኣል።
- ኤለክትሮኒካዊ ቅዳሕ ካብ Seattle DCI ድረ ገጽ www.seattle.gov/dpd/toolsresources/ ክርከብ ይከኣል።

## ሕቶታት?

ብዛዕባ'ዚ ሰነድ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ብኽብረትኩም ናብ ዲፒዲ ክፍሊ ምምላእ ሕጊ (206) 615-0808 ብምድዋል ተወከሱ።

## ሓበሬታ ንምርካብ

ናብ ሕግታት ስያትል ኤለክትሮኒካዊ ሓበሬታን ሕታማት Seattle DCIን ኣብ Tools & Resources" ብምእታው ኣብ www.seattle.gov/dpd. ዝበላ ገጻት ብምኽፋት ክርከብ ይከኣል። ኣብዚ ወረቐት ዝሰፈረ ቅዳሓት ናይዚ ሰነዳት ኣብ ማእከል ከተማ ስያትል ካብ ማእከል ምንጪ ህዝባዊ ሓበሬታ ኣብ መበል 20 ደርቢ. ናይ ስያትል ሙኒስቲፓል ታወር 700 Fifth Ave. ብምኻድ ወይ ስልኪ ቁ .(206) 684-8467 ብምድዋል ክርከብ ይከኣል።

*ሕጋዊ መተንበሂ: ኣዚ ሓበሬታ ከም መተካእታ ናቲ ዘሎ መምርሒ ክውሰድ የብሉን ። ኣመልካቲ(ኣፕሊካንት) ምስ ኩሎም ኣብዚ መዘከር(ቲፕ)ዝተጠቕሱን ዘይተጠቕሱ መምርሒታትን ሕጊታትን ክምእዘዝ ሓላፍነት ኣለዎ ።*

City of Seattle
Department of Construction and Inspections (Seattle DCI)

# ንተኻረይቲ ዘድሊ ሓበሬታ

ትርጉም

ናይዚ ሰነድ ቅዳሕ ብ ኣምሓርኛ፡ ካምቦድያን፡ ማንዳሪን፡ ቻይና፡ ኮረያ፡ ላኦስ፡ ኦሮሚያ፡ ሩስያ፡ ሶማል፡ ስፓኒሽ፡ ታጋሎግ፡ ትግርኛን ቬትናምን ምስ ዘድሊ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ Seattle DCI www.seattle.gov/dpd/rentinginseattle ፈትሹ ወይ ብስልኪ (206) 684 8467 ደውሉ።

*እዚ ናይ ዋሽንግተን ስተይትን ከተማ ስያትልን ሕግታት ንተኻረይቲ ብወነንቲ ናይ ኣብ ስያትል ዝርከቡ ዝካረዩ መንበሪ ኣባይቲ እንተ ወሓደ ሓንሳእ ኣብ ዓመት ክቐርበሎም ይግባእ። ብኽብረትኩም ናይ ከተማን ስተይትን ሕጋጋት ኣብ ዝኾነ ኣርእስቲ ሓደ ከመስሉ ከም ዘይኽእሉ ኣስተብህሉ። ስለዚ ንክልቲኡ ጥማር ሕጋጋት ምውካስ ከድሊ እዩ። ንሕጋዊ ምኽሪ ብኽብረትኩም ንጠበቓ ተወከሱ።*

**ሓምለ 2016**

## ናይ ዋና-ገዛን ተኻራይን ሕግታት

### ግቡኣት ወነንቲ ኣባይቲ

ወነንቲ ህንጻ ድሕነት ዘሎዎ፡ ጽሩይ፡ ዘየስግእ ናይ መነባብሮ ኩነታት ዘሎዎ ምስናይ፡

- ነቲ ኣካባቢ ሰብ ክነብረሉ ዘኽእል ብቕዓት ዘሎዎን ናይ ሓባር ዝጥቀሙሉ ቦታታት ብመጠኑ ንጹህን ካብ ሓደጋ ነጻን ጌርካ ምሓዝ
- ሓሸራት፡ ኣናጹን ባልዓትን ምቊጽጻር
- ናሕሲ፡ መንድቕን መሰረትን ምጽጋንን ነቲ ህንጻ ካብ ላሕኲ ማይን ንፋስን ነጻ ምግባርን
- መስመራት ኤለክትሪክ፡ ማይ፡ መውዓዪን ካልእ ብዋና ዝቐረቡ ናይ ገዛ መተዓየዪን ምክንኻን
- ንጐሓፍ ዝበቅዕ መትሓዚ ምቕራብን ጐሓፍ ዝለዓለሉ መደብ ምስንዳውን
- ኣብ ዝተኻረዩ ክፍልታት ሙቐት ናይ ምቕራብ ሓላፍነት ምስ ዝህሉ ካብ መስከረም ክሳብ ሰነ ናይ ቀትሪ (7፡00 ቅ.ቀ - 10፡30 ድ.ቀ) ሙቐት ኣብ 65 oF ወይ ልዕሊኡ ለይቲ ድማ ካብ 58 oF ዘይውሕድ ጌርካ ምዕቃብ
- ኣብ ቀዋሚ መንበሪታት ናይቲ ክፍሊን ናብቲ ህንጻ መእተውን መፍትሕ ምሃብን ከምኡ'ውን ኣብ ሙብዛሕትኡ ኩነታት ተኻረይቲ ክቕየሩ ከሎዉ ነቲ ስርዓተ-ሰጋጥን መፋትሕን ምቕያር
- መፈተሺ ትኪ ምትካልን ብዛዕባ ክንክንን ኣጠቓቕማን ንተኻረይቲ ምስትምሃር

ወነንቲ ኣባይቲ ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ተኻራዪ ንጽባቐ ዝምልከት ጽገና ክገብሩ ከምኒ ሓዲሽ ምንጻፍ ከንጽፉ፡ ሓዲሽ ቅብኣ ቦያ ክቀብኡ ኣይግደዱን እዮም

### ግቡኣት ተኻረይቲ

ተኻረይቲ ነዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘሎዉ ወሲኽካ ነቲ ዝተኻረዩዎ ገዛ ካብ ሓደጋ ነጻን ንጹህን ገይሮም ክከናኸኑዎ ይግባእ፡

- ብግቡእ ጐሓፍ ምጒሓፍ
- ኣብ ኣጠቓቕማ ኤለትሪክን መስመር ማይን ቀወምቲ ናውቲ ብግቡእ ምክንኻን
- ብኣኣቶም ወይ ብኣጋይሾም ንዘጋጠመ ምብልሻው ብቕልጡፍ ምዕራይ
- ንተፍትሽ፡ ንጽገና፡ ንምትዕርራይን ንምቊጽጻር ባልዕን ዝሕግዝ እኹል መተሓላለፊ ምፍቃድ
- ናይ ትኪ ፈተሽቲ ብግቡእ ምክንኻን
- ኣብ ከባቢ መንበሪ ሓደገኛ ነገራት ካብ ምኽዛን ምርሓቕ

### ድንጋጌ ብቑዕ ጠንቂ ምስጓጕ

እዚ ድንጋጌ'ዚ ዋነንቲ ኣባይቲ ንወርሓዊ ተኻረይቲ ውዕሎም ንምስራዝ ብቑዕ ምኽንያት ክህልዎም ከም ዘድሊ ይእዝዝ። ተኻራያይ ስያትል ክለግስ ዝግበረሉ እንኮ ምኽንያት የነጽርን ዋናታት ናይ ክራይ ውዕል ክቋረጽን ናይ ምቊራጽ ምልክታ ክወሃብ ከሎን ነቲ ምኽንያት ብጽሑፍ ክገልጽዎ ይእዝዝን። ዝኾነ ወናኒ ኣባይቲ ነቲ ተኻረዩ ካብ ገዝኡ ንምውጻእ ዝኽእል እቲ ንብረት ብከተማ ሲያትል ዝተመዝገበ እንትኾን ጥራሕ እዩ፡፡ እንተ ደኣ ዘይተሓበረ እቲ ዋና ናይ ውዕል ምቊራጽ ምልክታ እንተ ወሓደ ቅድመ 20 መዓልቲ ቅድሚ'ቲ ዝስዕብ ክራይ ዝኽፈለሉ ጊዜ ክህብ ይግባእ። ብቑዓት ምኽንያታት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡

1. ተኻራያይ ካብቲ ክራይ ክኸፍል ወይ ካብቲ ገዛ ክወጽእ ምልክታ ዝወሃቦ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ክራይ ኣይከፈለን፣

## ዝርዝር ትሕዝቶ

### ናይ ስያትል ናይ ዋና ገዛ - ተኻራዪ ሕግታት


ግዴታ ወነንቲ ኣባይቲ ........ 1
ግዴታ ተኻረይቲ ........ 1
ድንጋጌ ብቑዕ ጠንቂ ምስጓጕ ........ 1
ከም ምፍርራሕ ወይ ሕነ ምፍዳይ ዝረኣዩ ተግባራት ........ 3
ካልእ ንተኻረይቲን ንወነንቲ ኣባይቲን ዝትንክፉ ድንጋጌታት ከተማ ........ 3


### ሕግታት ዋሽንግተን ስተይት


መሰላት ተኻረይቲ ........ 5
ዓይነታት ውዕላት ክራይ ........ 5
ዘይሕጋዊ ኣድልዎ ........ 5
ግዴታ ........ 5
ዘይሕጋዊ ትሕዝቶ ኣብ ውዕላት ክራይ ........ 6
ስትረት--ዋና ገዛ ናብ ዝተኻረየ ገዛ ዝኣትወሉ ........ 6
ትሕጃን ካልእ ክፍሊታትን ........ 6
ሓላፍነት ዋና ገዛ ........ 6
ሓላፍነት ተኻራዪ ........ 6
ናይ ተኻራዪ ወይ ዋና ገዛ ኣስጋኢ ጠባይ ........ 6
ኣብ ወርሓዊ ውዕል ለውጢ ምግባር ........ 7
ኣብ ክራይ ለውጢ ምግባር ........ 7
ጽገና ብከመይ ይትግበር? ........ 7
ዘይሕጋዊ ተግባራት ወናን ገዛ ........ 7
ምዝዛም ውዕል ........ 8
ምምላስ ትሕጃ ........ 8
ምስጓጕ ........ 8
ራሕሪሕካ ምኻድ ........ 10

2. ዋና ገዛ ንተኻራያይ ብዛዕባ ክራይ ምድንጓዩ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ክልተ ኣዋርሕ እንተ ወሓደ ኣርባዕተ ጊዜ ብጽሑፍ ኣፍሊጡዎ፤
3. ተኻራያይ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ካብቲ "ኣማልእ ወይ ውጻእ" ዝብል ምልክታ ዝበጽሖ ንትሕዝቶ ውዕል ክራይ ኣየማልአን፤
4. ተኻራያይ ንሓደ ናይቲ ኣብ ትሕቲ ናይ ዋሽንግተን ስተይት ወነንቲ መንበሪ ኣባይቲን ተኻረይቲን ድንጋገ ዝርከብ ግዴታዊ ትሕዝቶ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ካብቲ ኣማልእ ወይ ውጻእ ዝብል መጠንቀቕታ ዝመጾ ኣየማልአን፤
5. እቲ ዋና ንተኻራያይ እንተ ወሓደ 3 ጊዜ ኣብ ውሽጢ 12-ወርሒ እዋን 10 መዓልቲ ጊዜ እናሃበ ንትሕዝቶ ውዕል ክራይ ከማልእ ብጽሑፍ ኣፍሊጡዎ፤
6. እቲ ተኻራያይ ነቲ ናይ ክራይ ኣሃዱ ከቢድ ጉድኣት የውርደሉ (የባኽን)፡ ረብሻ ይፈጥር (ምስ ድራግ ዝተተሓሓዘ ተግባራት ዝተሓወሶ)፡ ወይ ዘይሕጋዊ ንግዲ የካይድ ነቲ ህንጻ'ውን ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ኣይለቐቖን፤
7. እቲ ተኻራያይ ኣብቲ ህንጻ ወይ ኣብ ከባቢኡ ወይ ናብቲ ህንጻ ወይ ከባቢኡ ኣብ ዝቐረበ ቦታ ኮይኑ ኣብ ገበናዊ ተግባር ይሳተፍ። እቲ ዝበሃል ዘሎ ገበናዊ ተግባር ንጥዕና ወይ ድሕነት ናይ ካልኦት ተኻረይቲ ወይ ናይቲ ዋና ብግቡእ ዝትንክፍ ካከውን ኣሎዎ፤ ዘይሕጋዊ ምስ ድራግ ዝተተሓሓዘ ተግባር ሓደ ኣብቲ ድንጋገ ዝሰፈረ ገበን እዩ። ነዚ ምኽንያት ዘቕርብ ዋና ነቲ ክሲ ዝድግፍ ጭብጥታት ብንጹር ከጠቕስ ይግባእ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ናይ ምቅሬጽ ክራይ ምልክታ ንSeattle DCI ደገፍ ዋና ንብረትን ተኻራይን (POTA) ክፍሊ ክልእኽ ይግባእ፤
8. እቲ ዋና ነቲ ቦታ ባዕሉ ክሕዞ ይደሊ፡ ወይ ናይ ቀረባ ቤተሰብ ናይቲ ዋና ነቲ ኣሃዱ ከኣትዉዎ እዮም፡ ኣብቲ ህንጻ ድማ ብሓፈሽኡ ንዕኡ ዝመሳሰል ዘይተታሕዘ ኣሃዱ የለን። ቅድሚ 90 መዓልቲ ንተኻረዩ መጠንቐቕታ ብጽሑፍ ይህብ፡፡ ናይ ቀረባ ቤተሰብ ንበዓልቲ ቤቱ ነቲ ዋና ወይ መጻምድቱ ከምኡ'ውን ንወለዲ፡ ዓበይቲ ወለዲ፡ ውላድ፡ ኣሕዋትን ኣሓትን ናይቲ ዋና ወይ በዓልቲ ቤቱ ወይ መጻምድቱ የጠቓልል። እቲ ተኻራያይ ዋና ነዚ ዝብሎ ዘሎ ከምዘይትግብሮ ዘእምን ምኽንያት እንተ ደኣ ሃልዩዎ Seattle DCI ነቲ ዋና ንብረት ቤተሰቡ ከእቱ ምዃኑ ዘረጋግጽ ጽሑፍ ክፍርም ክገድዶ ይኽእል። እቲ ሰብ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልታት ተኻራያይ ድሕሪ ምውጽኡ ንቀጻሊ 60 መዓልታት እንተ ድኣ ኣብቲ ኣሃዱ ዘይሰፈሩ ከም መርትዖ ዝውሰድ ናይ ምግሃስ ሓሳብ እዩ። ክራዩ በዚ ምኽንያት ዝተቛረጾ ተኻራያይ ኣካራዩ ነዚ ጠለባት እንተ ዘይኣማሊኡ ከም እተበደለ ጥርዓን ከቕርብ ናይ ብሕቲ መሰል ኣሎዎ።
9. እቲ ዋና ንሓደ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዋና ወይ ናቱ ወኪል ዝነብሩሉ ናይ መንበሪ ኣሃዱ ዝነብር ተኻራያይ ከውጽኦ ይደሊ፡ ወይ ድማ እቲ ዋና ምስ ሓደ ኣብቲ ዋና ዝነብረሉ ገዛ ናይ በይኑ ፍቓድ መእተዊ ዘሎዎ መንበሪ ኣሃዱ (ኣይ.ዲ.ዩ.) ዝነብር ተኻራዩ ተማቒሉ ምንባሩ ከቋርጽ ይደሊ፤
10. እቲ ተኻራዩ ኣብቲ ቦታ ዝነብረሉ ምስቲ ናቱ ኣብቲ ጥሪት ተቘጻራይ ምዃኑ ዝተተሓሓዘ ኮይኑ እቲ ስራሕ እንተ ተቛረጸ፤
11. እቲ ዋና ሰፊሕ ናይ ምምሕያሽ መደብ ኣውጺኡ፡ ኣድላዪ ፍቓዳትን ንተኻራዩ ቦታ ናይ ምልዋጥ ሊቾንሳን እውን ኣውጺኡ። ክራዩ በዚ ምኽንያት ዝተቛረጸ ተኻራያይ ኣካራዩ ነዚ ጠለባት እንተ ዘይኣማሊኡ ከም እተበደለ ጥርዓን ከቕርብ ናይ ብሕቲ መሰል ኣሎዎ።
12. እቲ ዋና ነቲ ህንጻ ናብ ኮንዶሚንየም ወይ ኮኣፐራቲቫ ክልውጦ ይውስን፤
13. እቲ ዋና ነቲ ህንጻ ከፍርሶ ወይ ናብ መንበሪ ዘይኮነ ኣገልግሎት ክቕይሮ ይውስን ኣድላዪ ፍቓድን ንተኻራዩ ቦታ ናይ ምልዋጥ ሊቾንሳን እውን ኣውጺኡ።
14. እቲ ዋና ናይ ሓደ ስድራ መንበሪ ክሸይጥ ይደሊ (ኣሃዱታት ኮንዶሚንየም ኣይጽንብርን) ነቲ ተኻርዩ እውን ናይቲ ክራይ ውዕል ጊዜ ክእክል እንተ ወሓደ ቅድሚ 90 መዓልቲ ጽሑፍ ምልክታ ይህቦ። እቲ ዋና ናይቲ ንብረት ብቅቡል ዝኾነ ዋጋ ከሸየጥ ምዃኑ ኣብ ጋዜጣ ወይ ምስ ኣጀንሲታት ናይ ዘይተንቀሳቓሲ ንብረት እቲ ተኻራዩ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ከመዝግቦ ኣሎዎ። Seattle DCI ጥርዓን እንተ ደኣ በጺሑዎ ወነንቲ ንብረት ገዛ ክሸጡ መደብ ከም ዘሎዎም ዝሕብር ጽሑፍ ክፍርሙ ክግደዱ ይኽእል። እቲ ኣሃዱ እንተደኣ ዘይተመዝጊቡ ወይ ረክላም እንተ ዘይወጺኡ ወይ ካብ ዕዳጋ እንተ ለጊሱ ወይ ተኻራዩ ምስ ወጸ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልቲ እንተ ተኻርዩ ከም መርትዖ ዝውሰድ ናይ ምግሃስ ሓሳብ እዩ። ክራዩ በዚ ምኽንያት ዝተቛረጸ ተኻራዩ ኣካራዩ ነዚ ጠለባት እንተ ዘይኣማሊኡ  ከም እተበደለ ጥርዓን ከቕርብ ናይ ብሕቲ መሰል ኣሎዎ።
15. እቲ ዋና ኣገልግሎት ናይ ሓደ ብናይ መሬት ኣጠቓቕማ ሕጊ ዘይተፈቕደሉ ኣሃዱ ናይ ምግሃስ መጠንቀቕታ ምስ ተቐበለ ከቋርጽ ይደሊ። እቲ ዋና ነቶም እቲ ዋና ጉድለቱ ንምዕራይ ክለግሱ ዘሎዎም ተኻረይቲ ናይ ቦታ ምቕያር ደገፍ ክኸፍለሎም ይግባእ። ናይ ቦታ ምቕያር ደገፍ ንትሑት እቶት ዘሎዎም ተኻረይቲ $2,000 እዩ፤ ንካልኦት ተኻረይቲ ማዕረ ናይ ክልተ ወርሒ ክራይ እዩ።
16. እቲ ዋና ቀይዲ ሕጊ ኣጠቓቕማ መሬት ምእንቲ ከማልእ ኣብ ሓደ መንበሪ ተማቒሎም ናይ ዝነብሩ ተኻረይቲ ቁጽሪ ክጉድል ይደሊ (ማለት ዘይዛመዱ እንተደኣ ኮይኖም ኣብ ሓደ ኣሃዱ ካብ 8 ሰብ ክበዝሑ የብሎምን)፤ ማለት'ውን ቁጽሪ ናይ ሓባር ተኻረይቲ ምንካይ ኣለዉ፡፡
17. እቲ ዋና ብናይ መሬት ኣጠቓቕማ ሕጊ ምጥሓስ መጠንቀቕታ ምስ ተቐበለ ኣብ ሓደ ዝተፈቕደ ኢ.ዲ.ዩ. ዘሎዎ ገዛ ነቲ ናይ ኣ ዲ ዩ ደረጃ ምምሕያሽ ምእንቲ ከማልእ ክራይ ከቋርጽ ይግባእ። (እቲ ምጥሓስ እቲ ዋና ካብቲ ገዛ ወጺኡ ንክልቲኡ ኣሃዱታት እንተ ኣካርዩ፡ እቲ ሓደ ኣሃዱ ወይ እቲ ዋና ክነብረሉ ኣሎዎ ወይ ክለግስ ኣሎዎ።) እቲ ዋና ንዝተመዛበሉ ተኻረይቲ ናይ ቦታ ምቕያር ደገፍ ንትሑት እቶት ዘሎዎም ተኻረይቲ $2,000 እዩ፤ ንካልኦት ተኻረይቲ ማዕረ ናይ ክልተ ወርሒ ክራይ ክኸፍሎም ይግባእ። Seattle DCI ንወናን ንብረት ናቱ ወይ ናታ ናይ ኣ ዲ ዩ ምቅሬጽ ሓሳብ ኣብ ጽሑፍ ክፍርሙ ክገብር ይኽእል።
18. ህጹጽ ናይ ቦታ ምልቃቕን ንብረት ምዕጻውን ትእዛዝ ብ Seattle DCI ተዋሂቡ፡ ተኻረይቲ በቲ ኣብቲ ትእዛዝ ዝተወሰነ ዕለት ኣይወጹን፤

**ዝተወሰነ ምኽንያት ዘይምፍጻም ጉድለት**፡ ዋና ገዛ ብምኽንያት (1) መደብ ምሻጥ ናይ ሓደ ስድራ መንበሪ፡ (2) ዋና ወይ ኣባል ስድራኡ ክኣትዎ ስለ ዝተደለየ፡ (3) [ዝለገሰ ቃል ኣሎ] ሰፍሑ ዝበለ ናይ ምምሕያሽ መደብ ስለ ዘሎ፡
(4) ቊጽሪ ተቐመጥቲ ናብ ሸሞንተ ክጐድል ስለ ዘሎዎ ወይ (5) እቲ ዋና ናይ ምጥሓስ መጠንቀቕታ ምስ ተቐበለ ናይ ኢ.ዲ.ዩ. ምጥቃም ስለ ዘቋረጸ፡ ንተኻራዩ

እንተ ኣውጽኡ፡ እሞ እቲ ዋና እቲ ዝተባህለ ምኽንያት ምቕራጽ ክራይ ከማልኦ እንተ ዘይተረኸበ ንሱ ወይ ንሳ ክግደዱን ክሳብ $2,500 ናይ ከተማን ሲቪላዊ መቕጻዕቲ ክብየነሎምን ይከኣል።

**ከም እተበደለ ጥርዓን ከቕርብ ናይ ብሕቲ መሰል ንተኻረይቲ:** ዋና ንተኻራዩ ብምኽንያት (1) መደብ ምሻጥ ናይ ሓደ ስድራ መንበሪ፡ (2) ዋና ወይ ኣባል ስድራኡ ክኣትዎ ስለ ዝተደልየ፡ (3) [ዝለገሰ ቃል ኣሎ] ስፍሕ ዝበለ ናይ ምምሕያሽ መደብ ስለ ዘሎ፡ ክራይ እንተ ኣቋረጸ እሞ እቲ ዋና ነቲ ክራይ ንምቁራጽ ዝቐረበ ምኽንያት እንተዘይ ኣማሊኡ፡ እቲ ተኻራዩ ነቲ ዋና ክሳብ $3000ን ወጻኢታቱን ናይ ጠበቓ ብቑዕ ክፍሊትን ወሲኹ ክኸስስ ይኽእል።

ንብቑዕ ጠንቂ ምስጓጉ ድንጋጌ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ Seattle DCI ብስልኪ ቍጽሪ (206) 615-0808 ብምድዋል ወይ ድማ ኣብ ቤት ጽሕፈት ጸሓፊ ከተማ ስያትል መርበብ ሓበሬታ http://www.seattle.gov/leg/clerk/clerk.htm ተወሳኺ ሃበሬታ ምርካብ ይካኣል።

## ከም ምፍርራሕ ወይ ሕነ ምፍዳይ ዝረኣዩ ተግባራት

ሕጊ ናይ ከተማ ኣብ ልዕሊ ተኻራዩ ወይ ዋና ገዛ ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲ ይኸልክል።

ዋና ገዛ ንተኻራዩ በዚ ዝስዕብ ከየፈራርሀ ወይ ሕነ ከይፈዲ ክልኩል እዩ፡

1. ናይቲ ኣሃዱ መዓጹ ሲጋጥ ምቕያር ወይ ምብልሻው፤
2. መዓጹ፡ መሳኹቲ፡ መቑጻጸር ኤለትሪክ፡ ኣቑሑ ገዛ ወይ ካልእ ቀዋሚ ነገራት ብምልጋስ፤
3. ብዋና ዝቐርቡ ኣገልግሎት ምቍራጽ፤
4. ብወግዓዊ ናይ ቤት ፍርዲ መስርሕ ዘይተኸተለ መገዲ ንተኻራዩ ካብቲ ከባቢ ምውጻእ፤
5. ምስጓጉ፡ ክራይ ምውሳኽ፡ ወይ ንተኻራዩ ሕጊ ተጠሒሱ ኢሉ ናብ Seattle DCI ወይ ናብ ጨንፈር ፖሊስ ብምጥራዑ ወይ በቲ ጉዳይ ክራዩ ዝተላዕለ ዝኾነ ሕጋዊ መሰላቱ ብምጥቃሙ ምፍርራሕ፤
6. ኣብ ናይ ተኻራዩ ኣሃዱ ብምኽንያት ህጹጽ ኩነት ዘይኮነ፡ ወይ እቲ ተኻረዩ ድሌቱ እንተዘይኾነ ወይ እንተ ወሓደ ናይ ክልተ መዓልቲ ምልክታ ወይ ኣሃዱታት ንተስፋ ዝተገብረሎም ዓደግቲ ወይ ተኻረይቲ ንምርኣይ ናይ ሓደ መዓልቲ ምልክታ ሂቡ ንተኻራዩ ከየፍቀደ ምእታው፣
7. ንተኻራዩ ወይ ተኻራዩ ዘሰነዮ ወግዓዊ ወኪሉ ኣብቲ ህንጻ ሓበሬታ ንከይዝርግሕ፡ ኣብቲ ናይ መሓበሪ ሰሌዳ ብመሰረት ሕጋጋት ናይቲ ህንጻ ሓበሬታ ከይልጥፍ፡ ንካልኦት ተኻረይቲ ከይራኸብ፡ ተኻረይቲ ንክውደቡ ከይሕግዝን ኣብ ናይ ኮማዊ ክፍልታት ወይ ሓባራዊ ከባቢታት ኣኼባታት ከየካይድ ምኽልካል።
8. ናይ ጽሑፍ ቅድመ መጠንቐቕታ ብዘይምሃብ ወርሓዊ ወፃኢታት ገዛ ምውሳኽ፤ ትህቲ 10% ንዝኾነ ተወሳኺ፤ ናይ 30 መኣልቲ መጠንቐቕታ፣ 10% ወይ ልዕሊ ንዝኾነ ተወሳኺ ድማ ናይ 60 መኣልታት መጠንቐቕታ ክህብ ኣለዎ፡፡
9. እቲ ገዛ ንመንበሪ መሰረታዊ ዝበሃሉ ናይ መንበሪ ኩነታት ዘይማላእ እናሃለዎ፣ ወርሓዊ ወፃኢታት ገዛ ምውሳኽ፤

ኣብ መብዛሕትኡ ኢጋጣሚታት ዋና ገዛ ካብቲ ተኻራዩ ን Seattle DCI ብዛዕባ ምግሃስ ዘመልከተሉ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልቲ፡ ወይ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልቲ ድሕሪ መንግስቲ ፈተሻ ምክያዱ፡ ንዝኾነ ካብዘን ተግባራት እንተደኣፈጺሙ እቲ ሕጊ ኣብ መጀመርታ ዋና ገዛ ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲ ከም ዝወሰደ ገይሩ ይግምቶ።

ተኻራዩ ንዋና ገዛ ካብ ምፍርራሕ ወይ ኣብ ልዕሊ ዋና ገዛ ሕነ ካብ ምፍዳይ ዝኽልከሉ፡

1. ኣብ መዓጹ ኣሃዱ ሲጋጥ ምቕያር ወይ ምውሳኽ፣
2. ብዋና ገዛ ዝቐረቡ ቀወምቲ ኣቑሑ ገዛን መተዓየዪን ምልጋስ፣
3. ኮነ ኢልካ ህንጻ ምብልሻው።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ወይ ጥርዓን ንምቕራብ፣ ናብ Seattle DCI ብቑፅሪ ቴሌፎን (206) 615-0808 ይድውሉ፡፡

## ናይ ተኻረይ መንነት

ካብ ሕጊ ተኻረይ መዘዋወሪ ሓገዝ ወጻኢ፣ ተኻረይ ዝባሃል ብመሰረት ውዕሊ ክራይ ህንፃ ወይ ገዛ ዝሃዘ ሰብ ማለት እዩ፡፡ ኣብ መእረፍቲ ጊዜያዊ ንሓደ ወርሒን ንላዕሊን ዝነብሩ ሰባት ኣብ ውሽጢ እዚ ዝካተቱ እዮም፡፡ እቲ ውዕሊ ክራይ ብቃልን ብጽሑፍን ክግበር ይከኣል እዩ፡፡

## ናይ ገዛ ወፃኢታት ፍታሕ

ናይ ገዛ ወፃኢታት ማለት ክራይን ካልኦት ብዝተወሰነ እዋን ወይ ብብወርሒ ተኻራዩ ንመኻራዩ ዝኸፍሎም ናይ መቕመጢ፣ ፓርኪንግ ወይ ወፃኢታት ግልጋሎት ዝመሳሰሉ ወፃኢታት እዮም፡፡

## ናይ ገዛ ወፃኢታት ምውሳኽ

ኣብ ከተማ ሲያትል፣ ሓደ መኻረዩ ናይ ገዛ ወፃኢ (ክራይ፣ ፓርኪንግ፣ መቕመጢን ካልኦት ምስ ክራይ ዝዛመዱ ወፃኢታት) ትህቲ 10% ንምውሳኽ ንተኻረዩ ናይ 30 መኣልቲ ቅድመ መጠንቐቕታ ብጽሑፍ ክህብ ይግባእ፤ ነቲ ወፃኢ ብ 10% ወይ ንላዕሊ ንምውሳኽ ድማ ናይ 60 መዓልቲ መጠንቐቕታ ይህብ፡፡ እቲ ተወሳኺ ክፍሊት ተግባራዊ ዝኸውን ኣብ መጀመርታ እዋን ክራይ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ መጀመርታ ወርሒ እዩ፡፡

ሓደ መኻረዩ ብፕሮግራም ክራይ መንበሪ ኢንስፔክሽን ዝተቐመጡ ናይ መበገሲ ረቒሓታት ንዘየማልዕ ገዛ ክፍሊት መውሳኽ ኣይኽእልን፡፡ (http://www.seattle.gov/dpd/cs/groups/pan/@pan/documents/web_informational/s048492.pdf

በኣል ገዛውቲን በኣል ሓፍቲ ናይ ተኻረዩ መንቐሳቐሲ ፍቓድ ንዘይምርካብ ብምህሳብ ናይ ገዛ ወፃኢ ምውሳኽ ዘይኽእሉ እንተኾን እቲ ዝተኸረየ ገዛውን ክፈርስ፣ ክሕደስ ወይ ናይ ግልጋሎት ለውጢ ክግበር ወይ ደረታት ኣጠቓቕማ ክውገዱ ይኽእሉ፡፡ (http://www.seattle.gov/dpd/codesrules/commonquestions/tenantrelocation/default.htm)

## ካልኦት ንተኻረይቲን ዋና ገዛን ዝትንከፉ ድንጋጌታት

1. **ድንጋጌ ምቕጽጻር ውዕል ክራይ**

   ኣብ ትሕቲ እዚ ሕጊ'ዚ ክራይ ገዛን ካልእ ናይ ገዛ ወጻኢታትን ብ10 ሚኢታዊት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኣብ ውሽጢ 12 ወርሒ ጊዜ ክውሰኹ ዝደልዩ ወነቲ ገዛ ናይ 60 መዓልቲ ጽሑፍ ምልክታ ክህቡ ኣሎዎም። ካልኣይ፡ ወነንቲ ገዛ ነቶም ወርሓዊ ክራይ ዝኸፍሉ ተኻረይቲ ካብ ሓደ ናይ ክራይ ጊዜ (ንኣብነት ሓደ ወርሒ) ንላዕሊ ክጸንሑ ክገድዱዎም ኣይፍቀደሎምን እዩ። ንተኻራዩ ቅድሚ ዝተወሰነ ውሑድ ኣዋርሕ ምጽናሑ እንተ ለጊሱ ዝቐጽዕ ትሕዝቶ ዘሎዎም ናይ ክራይ ውዕላት ቅቡላት ኣይኮኑን። ተኻራዩ ንዝተወሰነ ጊዜ ክጸንሕ ምስ ዝደሊ ዋና

ገዛ ነቲ ተኻራዪ ኮንትራት ከቕርበሉ ይግባእ። ኣብ መወዳእታ፡ ወነንቲ ኣባይቲ ንነባራትን ሓደስትን ተኻረይቲ ነዚ ናይ ስያትልን ዋሽንግተን ስተይትን ሕግታት ዝሓዘ ጽሑፍ ክህቡዎም ይግባእ። ተኻረይቲ ንዝበጽሖም በደልን ናይ ቤት ፍርዲ ክሳራታትን ካልእ ወጻኢታትን ንምኽሓስ ነዚ ሕጊ ዝገሃሱ ወነቲ ኣባይቲ ናብ ሕጊ ንምብጻሕ ብሕታዊ ሲቪላዊ ክሲ ከበግሱ ይኽእሉ። ሓደ ክባዛሕ ዝከኣል ዋና ቅዳሕ ንዓሚል ካብ Seattle DCI ፓብሊክ ረሶውርስ ሰንተር ኣብ መበል 20 ደርቢ 700 Fifth Ave. ናይ ስያትል ሙኒሲፓል ታወር (Seattle Municipal Tower) ክርከብ ይከኣል።

2. **ክፉት ኣባይቲን ህዝባዊ መጣጥሒታትን ድንጋጌታት**

ከተማ ስያትል ንኣቕርቦን ተኽእሎ ምርካብ ኣባይቲ ንኩሎም ሰባትን ናይ ምትብባዕ ፖሊሲኡ ኣትኪሉ ይሰርሓሉን ኣብ ዓሌት፡ ሕብሪ : እምነት፡ ሃይማኖት፡ ዘርኢ ትውልዲ፡ ብሄራዊ መበቆል፡ ዕድመ፡ ጾታ፡ ኩነታት መርዓ፡ ኩነታት ወላድነት፡ ጾታዊ ዝንባሌ፡ ጾታዊ ጸግዒ፡ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ፡ ተሳትፎ ኣብ መደብ ሰክሽን 8፡ ወይ ስንክልና ዝተመርኰሰ ኣድልዎ'ውን ይውግዝ። ብዛዕባ'ዚ ድንጋጌ ሕቶ ወይ ናይ ምግሃስ ጥርዓን ምስ ዝህሉ ናብ ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ መሰላት ስያትል ብስልኪ ቊ. (206) 684-4500 ይምራሕ።

3. **ናብ ኮንደሚንየምን ኮኣፐራቲቫን ናይ ምቕያር ድንጋጌታት**

መንበሪ ህንጻ ናብ ኮንደሚንየም ወይ ናብ ኣሃዱታት ኮኣፐራቲቫ ክቕየር ከሎ ናብ ኮንደሚንየምን ኣሃዱታት ኮኣፐራቲቫን መለወጢ ሕጊ ብናይ መንበሪ ኣባይቲ ሕጊ ክፍተሽ ይጠልብ።

ከም ተወሳኺ፡ ናብ ኮንደሚንየም ክልወጥ ከሎ ተኻራዪ ብዛዕባ'ቲ ለውጢ ጽሑፍ ምልክታ ቅድሚ 120 መዓልታት ክረከብ ይግባእ። እቲ ተኻራዪ ነቲ ናቱወይ ናታ ኣሃዱ ንኸይዕድጉ እንተ ደኣ ወሲኖም እሞ ካብ ኩሉ ምንጪታት ዝረኽቡዎ ዓመታዊ እቶቶም እንተ ደኣ ካብ 80 ሚኢታዊት ናይቲ ከባቢ ማእከላዊ እቶት ዘይበዝሕ ኮይኑ፡ እቲ ተኻራዪ ቦታ ንኽልውጥ ምስ ናይ ስድራኡ ብዝሒ ተማዓራርዩ ክንዲ ናይ (3) ወርሒ ክራይ ሓገዝ ክረክብ ብቑዕ እዩ። ናይ ቦታ ምልዋጥ ደገፍ ክትረክብ ዝበቕዐት ስድራ ኣብ ውሽጣ ስሳን-ሓሙሽተን (65) ዓመት ወይ ልዕሊኡ ዕድመ ዘሎዎ ወይ ሓደ ኣብቲ ድንጋጌ ዝተገልጸ "ፍሉይ ጸገም" ዘሎዎ ኣባል ምስ ዝህሉ ንተወሳኺ ደገፍ ብቑዓት ይህልዋ።

ናብ ኮኣፐራቲቫ ምስ ዝቕየር ተኻራዪ ናይ 120-መዓልቲ ምልክታ ናይቲ ኣሃዱ ናይ ምሻጥ መደብ ክቕበል ኣሎዎ። እቲ ተኻራዪ ነታ ኣሃዱኡ

ንከይዕድግ እንተ ወሲኑ እቲ ተኻራዪ ቦታ ንክልውጥ $500.00 ደገፍ ክኽፈሎ ይግባእ።

ናይ ምምዝባል ደገፍ ብወናኒ ንብረት ወይ ትካል ምምሕያሽ ቐጥታ ንተኻራዪ ይኽፈል። እቲ ደገፍ ምኽፋል ካብቲ ተኻራዪ ኣሃዱኡ ዝለቀሉ ዕለት ክድንጉ የብሉን።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ን Seattle DCI ኣኽባር ሕጊ ብስልኪ (206) 615-0808 ተወከሱ።

4. **ናይ ተኻራዪ ቦታ ለውጢ ደገፍ ድንጋጌ**

እዚ ድንጋጌ'ዚ ግብራዊ ዝኸውን ተኻረይቲ ብኣባይቲ ምፍራስ፡ ለውጢ ናይ ኣገልግሎት፡ ሰፊሕ ምምሕያሽ፡ ወይ ኣብ ዝተደጕሙ ኣባይቲ ዝነበረ ገደብ ኣጠቓቕማ ምስ ተላዕለ እዩ። ናይ ምምሕያሽ መደባት ክካይድ ዝደሊ ወናን ንብረት ቅድሚ ክራይ ምቕራጹ ናይ ተኻራዪ ቦታ መለወጢ ሊቾንሳን ናይ ምህናጽ ወይ ኣገልግሎት ፍቓድን ከውጽእ ይግባእ። ኩሎም ተኻረይቲ ናይ 90-መዓልቲ ምልክታ ናይቲ ክቕይሩ ዘገድዶም ምኽንያት ክረኽቡ ይግባእ። ብቕዓት ዘሎዎም ተኻረይቲ ሰብ ትሕቲ እቶት፡ ዓመታዊ እቶቶም ካብ 50% ናይቲ ከባቢ ማእከላይ እቶት ዘይበዝሕ፡ ናይ ቦታ ምቕያር ሓገዝ ጥረ ገንዘብ ይረኽቡ። ተኻረይ ንምብራር ዝወሃብ ፍቓድ ንዘይምህታት ብምህሳብ ናይ ክራይ ዋጋ ምውሳኽ ነዚ ሕጊ ዝጥሕስ ተግባር እዩ፡፡ ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብ Seattle DCI ብስልኪ ቊ. (206) 615-0808 ተወከሱ።

5. **ጽገናን ከንክንን--ሕጊ ክንክን ኣባይቲን ህንጻታትን**

እዚ ድንጋጌ ወነንቲ ዝተሓቱ ውሱናት ደረጃታት ከማልኡን ንህንጻታት ግቡእ ጽገና ክገብሩን የገድድ። ንዋና ኣድላይ ዝኾኑ ስራሕቲ ጽገና እንተዘይጌሩ፣ ተኻራዪ ብዛዕባ ኣድላዪ ዝኾነ ጽገና ን Seattle DCI ብ (206) 615-0808 ደዊሉ ክሕብር ይኽእል። ፈታሺ ሕጊ ከም ዝተጋህሰ እንተ ደኣ ኣረጋጊጹ እቲ ዋና ገዛ ዘድሊ መኣረምታ ክገብር ይግደድ።

6. **ሳልሳይ ወገን ኣከፋፍላ ድንጋጌ**

እዚ ድንጋጌ'ዚ ነቶም ባዕላቶም ወይ ብወከልቲ ብሕታዊ ኩባንያታት ንተኻረይቲ ብከተማ ንዝቀርበሎም ኣገልግሎት (ማይ፡ ፈሳሲ ርስሓት፡ ጐሓፍ፡ ኣገልግሎት ኤለትሪክ) ካብ ክራይ ዝተፈልየ ዕዳ ዝልእኩ ወነንቲ ኣባይቲ ዝምልከት ሕግታት ይገልጽ። እቲ ድንጋጌ ንኹሎም ሰለስተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ምብዝሑ ኣሃዱ ገዛውቲ ዘሎዎም መንበር ኣባይቲ ይምልከት።

እቲ ሕጊ ዋና ገዛ ወይ ዕዳ ዘቕርብ ወኪል ንተኻረይቲ ብዛዕባ'ቲ ዕዳ ንጹር ዝኾነ ሓበሬታ ክቕርቡሎምን ዕዳ ኣቀራርባ ኣገባቦም ኣብቲ ናይ ክራይ ውዕል ወይ ብፍሉይ ጽሑፍ ምልክታ ክብርሁሎምን ይግድድ። ዋና ገዛ ብዘይ ወግዓዊ መግለጺ ሓዲሽ ዕዳ እንተ ሰልዐ ምግሃስ ናይቲ ድንጋጌ እዩ።

ተኻራዪ ናይ ሳልሳይ ወገን ዕዳ ንወኪል ኣዕዳዪ ብምሕባርን ናይቲ ተቓውሞ መሰረት ብምግላጽን ክቃወም ይኽእል። እዚ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብቲ ዕዳ ዝተቐበለሉ ክፍጸም ይግባእ። ወኪል ኣዕዳዪ ንተኻራዪ ብዛዕባ ዘቕረቦ ተቓውሞ ክረዳዳእ ተቓውሞ ካብ ዝቕበል ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክረኽቦ ይግባእ። ተኻራዪ ጥርዓኑ ናብ ቤት ጽሕፈት መርማሪ ጥርዓን (Seattle Office of the Hearing Examiner) ከቕርብ ወይ ነቲ ዋና ገዛ ናብ ቤት ፍርዲ ከቕርቦ እውን ይኽእል። እቲ መርማሪ ጥርዓን ወይ ቤት ፍርዲ ንተኻራዪ እንተ ደጊፎም እቲ ዋና ገዛ መቕጻዕቲ ክኸፍል ክግደድ ይከኣል።

7. **ሕጊ ምዝገባን ምርመራን ክራይ (RRIO)**

ቀንዲ ዕላማ ፕሮግራም ምዝገባን ምርመራ ክራይ ኣብ ውሽጢ ከተማ ሲያትል ዝርከቡ ኣባይቲ ክራይ ኩሎም ድሕነቶም ዝተሓለወን መሰረታዊ ዝበሃሉ ኣታሕዛ ገዛ ብርክታቶም ምምልኣም ንምርግጋፅ እዩ፡፡ ካብ 2014 ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሲያትል ዝርከቡ መንበሪ ገዛ ሰብ ንብረት ኩሎም ብዘይካ ዝተወሰኑ ንብረቶም ኣብ ምምሕዳር እቲ ከተማ ከመዝግቡ ኣለዎም፡፡ ሓደ ምዝገባ ዘገልግሎ ንሓሙሽተ ኣመት እዩ፡፡ እቲ ንብረት ኣብ ምምሕዳር ከተማ ዝተመዘገበ እንተዘይኮይኑ ንተኻራይ ምውፃእ ኣይከኣልን፡፡ ብዘይካ ብፍላይ ኩነት ዝተርፉ ኩሎም ንብረታት እንተነኣሰ በቢዓሰርተ ኣመት ይፍተሹ፡፡ እዚ ፍተሻ ኣብቲ ከተማ ብዝተፈቐደሎም ተቖፃፀርቲ ወይ በቲ ከተማ ሃውሲንግ/ዞኒንግ ተቖፃፀርቲ ክካየድ ይኽእል፡ ፡ ናይ RRIO ፕሮግራም ዝምልከት ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ (206) 684-4110 ወይ ብዓውደ ፋእሚ www.seattle.gov/RRIO ምርካብ ይከኣል፡፡

# ናይ ዋሽንግተን ናይ ወናኒ መንበሪ ኣባይቲ - ተኻራዪ ሕግታት

## ምዕራፍ 59.18 RCW. ግቡእ ቅኑዕ ልቡና

መካረይቲ ኮኑ ተኻረይቲ ሓደ ነቲ ሓደ ቅኑዕ ልቡና ከርእዩ ሕጊ ግዝኣት ይሓትት፡፡

መብዛሕትኦም ንመንበሪ ገዛ ዝካረዩ ተኻረይቲ ብናይ ዋሽንግተን ግዝኣት ናይ ዋና መንበሪ ኣባይቲ--ተኻራዪ ሕጊ ይቕየዱ። እንተኾነ ሓድሓደ ኣካረይቲ ካብዚ ሕጊ'ዚ ብፍላይ ከም ዝወጹ ተገይሩ ኣሎ።

እቶም ብሓፈሻኡ በዚ ሕጊ ዘይቅየዱ ነበርቲ:-

- እቶም ኣብ ተንቀሳቓሲ መንበሪ ፓርኪ ቦታ ዘካርዩ መብዛሕትኡ ጊዜ ብናይቲ ስተይት ዋና ተንቀሳቓሲ መንበሪ--ተኻራዪ ሕጊ (RCW 59.20) ይመሓደሩ። እንተኾነ ግን ኣካረይቲ ቦታን ተንቀሳቓሲ መንበርን በቲ ናይ መንበሪ ሕጊ ይመሓደሩ።
- ከም ሆቴላትን ሞቴላትን ብዝመሳሰሉ ጊዜኣዊ መእረፎ ዝነብሩ፣ ተቐማጦ ናይ ህዝባዊ ወይ ብሕቲ ሕክምናዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ትምህርታዊ፡ መዘናግዒ ወይ መኣረሚ ትካላት፣ ተቐማጦ ናይ ሓደ ስድራ መንበሪ ከም ሓደ ክፋል ውዕል ናይ ሕርሻ መሬት ዝተኻረየ፣ ተቐማጦ ናይ ንወቕታዊ ሕርሻ ስራሕ ዝተመደበ መንበሪ።
- ነቲ መንበሪ ክገዝኡ ሓቀኛ ናይ ገንዘብ ውዕል ዝገበሩ ተኻረይቲ። ንናይ ሓደ ስድራ መንበሪ ውዕል ዝገበሩ ናይ ምግዛእ ኣማራጺ ዘሎዎም ተኻረይቲ፡ ናይቶም ተኻረይቲ ጠበቓ ነቲ ትሕዝቶ ናይቲ ውዕል እንተ ደኣ ተሰማሚዒዑሉ። ናይ ውዕል ኣማራጺ ስምምዕ ዝፈረሙ ግን ነቲ ኣማራጺ ገና ዘይተጠቐሙሉ ተኻረይቲ እውን በዚ ይቕየዱ።
- በቲ ዋና ገዛ ዝተቘጽሩ ተኻረይቲ እቲ ስምምዖም ብንጹር ኣብዚ ናይ ክራይ ኣሃዱ ክጸንሑ ዝኽእሉ ነቲ ስራሕ ክሳብ ዝሓዙ እዩ ዝብል እንተ ኮይኑ (ንኣብነት ኣካያዲ ስራሕ ናይ ኣፓርትመንት'ቲ ኣባይቲ)።
- ንሓደ ዓመት ወይ ዝያዳ ንናይ ሓደ ስድራ መንበሪ ውዕል ዝፈረሙ ተኻረይቲ፡ ጠበቓኦም ነቲ ሕድገት እንተ ደኣ ተሰማሚዒዑሉ።
- ነቲ ንብረት ኣብ ክንዲ ንመንበሪ ንንግዲ ዝጥቀሙሉ ተኻረይቲ።

### መሰላት ናይ ኩሎም ተኻረይቲ

በቲ ናይ ዋና መንበሪ ኣባይቲ--ተኻረይቲ ሕጊ ምምሕዳሮም ብዘየገድስ ኩሎም ተኻረይቲ ኣብ ትሕቲ ካልእ ናይ ስተይት ሕጋጋት እዚን ዝስዕባ መባእታዊ መሰላት ኣሎዎም፡-ኣብ ንምቕማጥ ዝበቅዕ መንበሪ ናይ ምንባር መሰል፣ ሓለዋ ካብ ዘይሕጋዊ ኣድልዎ፣ ብሸለልትነት ዋና ገዛ ዝሰዓበ ጉድኣት ወይ ምብልሻው ንብረት ንዋና ገዛ ተሓታቲ ናይ ምግባር መሰል፣ ሓለዋ ኣንጻር ብዋና ገዛ ምዕጻው ገዛን ምምንዛዕ ንብረትካን።

### ዓይነታት ውዕላት ክራይ

**ካብ ወርሒ-ናብ-ወርሒ ስምምዕ።** እዚ ስምምዕ'ዚ ክራይ ኣብ ወወርሑ ወይ ኣብ ካልእ ሓጺር እዋን እናተኸፍለ ንዘይተወሰነ ጊዜ ዝጐዓዝ እዩ [RCW 59.18.260]። ባዕሉ እቲ ስምምዕ ብጽሑፍ ወይ ብቓል ክኸውን ይኽእል፡ ግን ዝኾነ ዓይነት ክፍሊት ወይ ተመላሲ ዝኾነ ትሕጃ እንተ ኣልዩዎ እቲ ስምምዕ ብጽሑፍ ክኸውን ኣሎዎ [RCW 59.18.260]።

ካብ ወርሒ-ናብ-ወርሒ ስምምዕ እቲ ተኻራዪ ንመኻረዪ እንተ ወሓደ ናይ 20 መዓልቲ ቅድሚ ናይቲ ክራይ ጊዜ ምእካሉ ብጽሑፍ ምልክታ ክሳብ ዝሀቦ ይቕጽል። ናብ ኮንደሚንየም ናይ ምልዋጥ ኰነት ወይ ህላወ ቈልዑ ዝኽልክል ለውጢ ናይ ፖሊሲ እቲ ዋና ገዛ ናይ 90 መዓልቲ ጽሑፍ ምልክታ ነቲ ተኻራዪ ክህቦ ይግባእ።[RCW 59.18.200] ኣብ ዝኾነ እዋን ዋና ገዛ ንተኻራዪ እንተ ወሓደ ናይ 30 መዓልቲ ቅድሚ ግብራዊ ምዃኑ ጽሑፍ ምልክታ እንተ ሂቡ ክራይ ክውስኽ ወይ ሕጊታት ክቕየር ይከኣል። [RCW 59.18.140]

**ናይ ዝተወሰነ ጊዜ ውዕሊ።** ውዕል እቲ ተኻራዪ ንዝተወሰነ ጊዜ ክጸንሕ ይጥይቕ፡ እቲ ዋና ገዛ ድማ ኩነታት ናይቲ ውዕል ክራይ ከይቕይር ይዓግቶ። ሓደ ውዕል ብቐፅ ንክኸውን ብጽሑፍ ክኸውን ኣሎዎ። ኣብቲ ናይ ውዕል እዋን ዋና ገዛን ተኻራይን ብሓባር እንተ ዘይተስማሚዖም ክራይ ምውሳኽ ወይ ሕግታት ምቕያር ኣይከኣልን። ናይ ሓደ ዓመት ወይ ልዕሊኡ ዝኾኑ ውዕላት ብጠበቓ ክረጋገፁ የድሊ፡፡

### ዘይሕጋዊ ኣድልዎ

ፈደራላዊ ሕጊ ንመብዛሕትኦም ወነንቲ ኣባይቲ ንሓደ ሰብ ብምኽንያት ዓሌት፡ ሕብሪ፡ ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ስንክልና፡ ስድራ-ቤታዊ ኩነታት (ህጻናት ስለ ዘለዉ ወይ ናይ ህጻናት ሓላፍነት ብምድላይ) ወይ ብሄራዊ መበቈል ምክራይ ከአቢ ይኽልክል። [ርትዓዊ ናይ ኣባይቲ ሕጊ 42 USC s. 3601 et.seq. 1988] ናይ ስተይት ሕጊ ናይዞም ውልቀ-ሰባት ንኩነታት መርዓ፡ እምነት፡ህላወ ናይ ህዋሳዊ፡ ኣእምሮኣዊ ወይ ኣካላዊ ስንክልና ወሲኹካ ክሕሎ ከም ዝግባእ የረጋግጽ። እንተ ደኣ ክራይ ገዛ ከይትረኽቡ ተኸልኪልኩም ወይ ግዳይ ኣድልዎ ናይ ኣባይቲ ኰንኩም ኣብ ዋሽንግተን ስተይት ኮሚሽን መሰል ወዲ-ሰብ ብጽሑፍ ኣመልክቱ። ጥርዓንኩም ናብ ፈደራላዊ ክፍሊ ርትዓዊ ኣባይቲ ናይ ጨንፈር ኣባይቲን ከተማዊ ምዕባለን ወይ ናብ ናይ ከባቢኩም ናይ ከተማ ጨንፈር ሰብኣዊ መሰላት ከተመልክቱ ትኽእሉ።

### ተሓታትነት

ተኻራዪ ሓንሳብ ውዕል ክራይ ምስ ፈረመ ንሱ ወይ ንሳ ኣብ ትሕቲ'ዚ ሕጊ'ዚ ስጉምቲ ንምውሳድ ብቕዓቶም ከሕልዉ ክራዮም ኣብ ወወርሑ ክኸፍሉ ይግባእ። ብተወሳኺ እቲ ተኻራዪ ወይ ተኻራዪት ኣብ ክንክን ናይቲ ንብረት ሓላፍነቶም እንተይ ምዃኑ ክርድኡ ይግባእ። መካረይ ብዓርሱ ሸለልትነት ንዘበፅሔ ዝኾነ ጉድኣት ሓላፊ ከምዝኾን ኩሉ ተኻራይ'ውን ባዕሉ ንዘብፅሖ ጉድኣት ሓላፍነት ንምውሳድ ድሉው ክኾን ይደሊ፡፡

### ዘይሕጋዊ ትሕዝቶ ኣብ ውዕል ክራይ

ገለ አብ ስምምዕ ክራይ ወይ ውዕል ዝርከቡ ትሕዝቶታት ሕጋዊ አይኮኑን ብሕጊ'ውን ክስግደዱ አይክእሉን እዮም። [RCW 59.18.230] ንሳቶም ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፡

- ዝኾነ ብሕጊ ወናን አባይቲ--ተኻራዪ ንተኻራዪ ዝተዋህቦ መሰል ዘምክን ወይ አብ ቤት ፍርዲ ብወነንቲ ኣባይቲ ክሲ ምስ ቀረበ ተኻረይቲ ኑብሰ ምክልኻል ክገብሩሉ ዘኽእሎም መሰል ዘሕድግ ትሕዝቶ።
- ዘይምስምማዕ ናብ ቤት ፍርዲ እንተ በጺሑ ተኻራዪ ናይ ወናን ገዛ ናይ ጠበቓ ዕዳ ይኸፍሎ ዝብል ትሕዝቶ።
- አብቲ ወናን ገዛ ብሓላፍነት ዝሕተተሉ ኩነታት ናይ ወናን ገዛ ተሓታትነት ዝግድብ ትሕዝቶ።
- ተኻራዪ አብ ጊዜ ምፍርራም ስምምዕ ክራይ ህላወ ሓደ መንጐኛ ክቕበል ዝግድድ ትሕዝቶ።
- ወናን ገዛ ናብቲ ናይ ክራይ አሃዱ ብዘይ ግቡእ ሓበሬታ ዘፍቅድ ትሕዝቶ።
- ተኻራዪ ንዝኾነ ብኡኡ ይኹን ብኢጋይሹ ንዘይተፈጸመ ምብልሻው ክኸፍል ዘገድድ ትሕዝቶ።
- ታኻራዪ ክራይ ምኽፋል እንድሕሪ ደንጒዩ ወናን ገዛ ንንብረት ተኻራዪ ክሕዝ ዘፈቅድ ትሕዝቶ።

ስትረት--ወናን ገዛ ናብ ክሩይ ቦታ ምእታው [RCW 59.18.150]

ዋና ገዛ አብ ዝጥዕም እዋናት ናብቲ ገዛ ክአቱ ዘሎዎ መደብ ንተኻራዪ እንተ ወሓደ ናይ ክልተ መዓልቲ ምልክታ ክህቦ ይግባእ። እንተኾነ ተኻረይቲ'ውን ዋና ገዛ ናብቲ ክራይ አብ ውሱን እዋን ብምእታው ነቲ መንበሪ ንግዱሳት ወይ ርግጸኛታት ዓደግቲ ወይ ተኻረይቲ ከርእዮም ዘሎዎ ሓሳብ እንተ ወሓደ ናይ ሓደ መዓልቲ ምልክታ እንተ ሂቡ ናብቲ ክራይ ንምእታው ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ፍቓድ ክኸልአ አይግባእን። እቲ ሕጊ ተኻረይቲ ንዋና ገዛ ንጽገና፡ ምምሕያሽ፡ ነቲ መንበሪ ዘድልዮ አገልግሎት ክገብረሉ ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ክኽልክልዎ አይግባእን ይብል። አብ እዋን ሕጹጽ ኩነት ወይ እቲ ንብረት እንተ ደአ ተራሒሪሑ ነይሩ ዋና ገዛ ብዘይ ምልክታ ክአቱ ይኽእል። ዋና ገዛ ዋላ'ውን ዘድሊ ምልክታ ተዋሂቡ እንተ ኾነ ንኽአቱ ግድን ናይ ተኻራዪ ፍቓድ ክረክብ ይግብእ።

## ትሕጃታትን ካልእ ክፍሊታትን

### ተመላሲ ትሕጃታት

አብ ትሕተ ናይ ዋና ገዛ--ተኻራዪ ሕጊ "ትሕጃ" ዝብል ቃል ናብ ተኻራዪ ንዝምለስ ገንዘብ ጥራሕ የገልግል። ተመላሲ ትሕጃ እንተ ደአ ተታሒዙ እቲ ሕጊ ዝጠልቦ፡

- ስምምዕ ክራይ ብጽሑፍ ክኸውን ይግባእ። ነፍሲ ወከፍ ትሕጃ ንምንታይ ምኚኑን ንኽምለሰሉ ተኻራዪ ክገብሮ ዝግብኦን ክጠቅስ ይግባእ።[RCW 59.18.260]
- ተኻራዪ ንነፍሲ ወከፍ ትሕጃ ጽሑፍ ቅብሊት ክወሃቦ ይግባእ። [RCW 59.18.270]
- መፈተሺ ዝርዝር ወይ ንኩነት ናይቲ ዝካረ ኣሃዱ ዝገልጽ ጽሑፍ ክምላእ ይግባእ። ዋና ገዛን ተኻራዩን ክፍርሙሉ እቲ ተኻራዪ እውን ቅዳሕ ክወሃቦ ይግባእ።
- እቲ ትሕጃ አብ ናይ ሕድሪ ሓሳብ አብ ባንክ ወይ ድማ ምስ ኩባንያ ማእከላይ ሽማግለ ይቕመጥ። ተኻራዪ እቲ ትሕጃ ዝተቐመጠሉ ቦታ ብጽሑፍ ክንገሮ ይግባእ። ካልእ ስምምዕ ብጽሑፍ እንተ ዘይተገይሩ ዝኾነ ካብዚ ትሕጃ ዝተረኸበ ወለድ ንዋና ገዛ ይኸውን።[RCW 59.18.270]

### ዘይምለስ ክፍሊታት

እዚአን አብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነታት ናብ ተኻራዪ አይምለሳን። ዘይምለስ ክፍሊት እንተ ደአ ተሰሊዑ እቲ ስምምዕ ክራይ ብጽሑፍ ክኸውንን እቲ ክፍሊት ዘይምለስ ምዃኑ ክጠቅስን ይግባእ። ዘይምለስ ክፍሊት ብሕጊ "ትሕጃ" ክበሃል አይክአልን።[RCW 59.18.285]

## ሓላፍነታት ዋና ገዛ [RCW 59.18.060]

ዋና ገዛ ክገብሮ ዝግባእ፡

- ነቲ መንበሪ ናይ ተኻራዪ ጥዕናን ድሕነትን ኣብ ሓደጋ ከየውድቕ ናይ ስተይትን ናይ ከባቢን ሕጊታት ሓሊኻ ምክንኻን፤
- ቅርጻዊ አካላት ከም ናሕሲ፡ ምድሪ-ቤት፡ መውጽእ ትኪ፡ ብምክንኻን አብ ቅቡል ደረጃ ጽገና ምሕላው፤
- ነቲ ህንጻ ካብ ልሕኲ ማይን ንፋስን ነጻ ከም ዝኸውን ምክንኻን፤
- ብቑዕ ሲጋጥን መፋትሕን ምቕራብ፤
- ሙቐት፡ ኤሌትሪክን ምዉቕን ዝሑልን ማይን ዝህቡ አድለይቲ መሳለጥያ ምቕራብ፤
- መአከቢ ጐሓፍ ገረወይና ምቕራብ ብዘይካ ኣብ ንጽል ስድራ-ቤት መንበሪታት እቲ ጐሓፍ ዝለዓለሉ መደብ ምውጻእ፤
- ብሓባር ዝጥቀሙሉ ቦታታት ከም ኮሪደዮ፡ መደያየቢ ደረጃታት፡ አዳራሻት፡ ብቕቡል ዝኾነ ጽሬት ምሓዝን ካብ ሓደጋ ነጻ ምግባርን፤
- ተኻራዪ ቅድሚ ምእታዉ ባልዕ ምቊጽጻር። እቲ ዋና ገዛ አብ ናይ ውልቀ ስድራ መንበሪታት እንተ ዘይኰይኑ ወይ እቲ ምልባዕ በቲ ተኻራዪ ዝተፈጸመ እንተ ኰይኑ ንምልባዕ ቊጽጽሩ ክቕጽል ይግባእ።
- ነቲ ህንጻ--ብዘይካ'ቲ ንቡር እርጋን፡ ልክዕ ከምቲ ተኻራዪ ክአትዎ ከሎ ዝነበሮ ገይሩ ንክሕዞ ይጽግን
- ናይ ኤሌትሪክ፡ መስመራት ማይን ስርዓት ምውዓይን ብጽቡቕ ምጽጋን፡ ምስቲ ክራይ ዝቐርቡ መመተዓየዪ ገዛ እውን ክንክን ምግባር።
- ንተኻራዪ ስምን አድራሻን ናይ ዋና ገዛ ወይ ወኪሉ ምፍላጥ።
- ንተኻራዪ ዘድልዮ ውዑይ ማይ ምቕራብ።
- ንባርዕ ሓውን ኣገባብ ምክልኻሉን ዝምልከት ሓበሬታ ብጽሑፍ ምቕራብ፡ እቲ አሃዱ እውን ዝሰርሓ ፈተሸቲ ትኪ ከም ዘሎዋአ ቅድሚ'ቲ ተኻራዪ ምእታዉ ምርግጋጽ። (ምክንኻን ፈተሸቲ ትኪ ሓላፍነት ተኻረይቲ እዩ።) ብዘይካ ኣብ ናይ ውልቀ-ስድራ መንበሪታት እቲ ምልክታ ንተኻራዪ ፈታሽ ትኪ ከመይ ከም ዝሰርሕን ብዛዕባ ደወል ናይ ባርዕን ወይ ስርዓት ነጻግ ማይ፡ መምርሒ አብ ምትካኽ ሽጋራ ከምኡ'ውን መደባት ብዛዕባ

ሓበሬታ ህጹጽ ኮነት፡ ቦታ ምልቃቕን ምዝንባልን እንተልዩ ከነጽር ይግባእ። ናይ ብዙሓት ስድራ መንበሪታት ነዚ ምልክታ ብመልክዕ መፈተሺ ዝርዝር ናይቲ ህንጻ ናይ ድሕነት ባርዕ ምምርሒን መከላኸሊ ናውቲን ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነት ካብቲ ህንጻ መውጽኢ መስመርን ከም ዘብርሁ ኰይኑ ከቐርብ ይኽእል።

- ብጨንፈር ጥዕና ዝቐረበ ወይ ዝተደገፈ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣስጋእነት ውሽጠ-ቤታዊ ሰበባ ንጥዕና፡ ኣብ ጥዕና ስግኣት ከየምጽእ ምስፍሕፋሕ ሰበባ ብከመይ ቍጽጽር ከም ዝግበረሉ ሙብርሂ ዘለዎ ሓዲሽ ተኻራዪ ክኣቱ ከሎ ምሃብ። ዋና ገዛ ጽሑፍ ሓበሬታ ንነፍሲ ወከፍ ተኻራዪ ክህብ ወይ ድማ ኣብቲ መንበሪ ኣሃዱ ብግሉጽ ኣብ ዝረአየሉ ህዝባዊ ቦታ ክልጥፍ ይኽእል። እቲ ሓበሬታ ኣብ www.doh.wa.gov/ehp/ts/IAQ/mold-notification.htm. ይርከብ።
- ሓደ ተኻራዪ ንዋና ገዛ ብጽሑፍ ካልእ ተኻራዪ ምስ ጭፍራ ዝተኣሳሰረ ተግባር ምህላዉን ክምርመርን ዝጠልብ ሓበሬታ ምስ ሂቦ ዋና ገዛ ንዝተጠቕሰ ተኻራዪ ምስ ጭፍራ ዝተኣሳሰረ ተግባር ምስታፉ ምምርማር፤ [RCW 59.18.180]
- ናይ ካርበን ሞኖክሳይድ ፈተሽቲ ኣቑሑት ምቕራብ፡፡

## ሓላፍነት ተኻራዪ [RCW 59.18.130]

ካብ ተኻራዪ ዝህሉ ትጽቢት፡

- ክራይን ካልእ መሳለጥያን ብመሰረት ስምምዕ ምኽፋል፤
- ንዝኾነ ናይ ከተማ፡ ኣውራጃ ወይ ስተይት ጠለብ ምምእዛዝ፤
- ነቲ ናይ ክራይ ኣሃዱ ብጽሬትን ጥዕና ዝሕሉን ጌርካ ምሓዝ፤
- ጕሓፍ ብኣገባብ ምጕሓፍ፤
- ብተኻራዪ ንዝሰዓበ ተላባዒ ኩነት/ብባልዕ ምውራር ብምዕጣን ንምእላይ ዝግበር ወጻኢ ምኽፋል፤
- መስመር ማይ፡ ኤለትሪክን ስርዓት መውዓይን ብግቡእ ምጥቃም፤
- ንመንበሪ ኮነ ኢልካ ወይ ብሸለልትነት ዘይምብልሻው/ዘይምጕዳእ፤
- "ምብኻን" (ሰፊሕ ጉድኣት ኣብ ንብረት) ወይ "ህውከት" (ኣብ ኣጠቓቕማ ንብረት ብተደጋጋሚ ጣልቃ ምእታው) ዘይምፍቃድ፤
- ናይ ትኪን ካርበን ሞኖክሳይድ ፈተሽቲ ኣቑሑት ምክንኻንን ባትሪ እውን ምትካእን፤
- ንኣብቲ ከባቢ ዝነብሩ ናይ ካልኦት ሰባት ኣካላዊ ድሕነት ኣዝዩ ኣስጋኢ ኣብ ዝኾነ ተግባራት ኣብቲ ከባቢ ዘይምስታፍ፡ እዚ ንኣካላዊ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ወይ ዘይሕጋዊ ኣጠቃቕማ ናይ ተተከኳሲ መሳርሒ ወይ ካልእ ሞት ዘስዕብ መሳርሒን የጠቓልል፤ [RCW 59.18.352]
- ነቲ መንበሪ ኣብ ትለቀሉ ንንቡር ምእራግ ገዲፍካ ከምቲ ተኻሪኽካ ክትኣትዎ ከሎኻ ዝጸንሓካ ጌርካ ምግዳፍ።

## ብተኻራዪ ወይ ዋና ገዛ ዝረአ ናይ ምፍርራሕ ጠባይ [RCW 59.18.352 and 354]

ነሓደ ተኻራዪ ንካልእ ብብረት ወይ ካልእ ንሞት ዘብጽሕ መሳርሒ እንተ ኣፈራርሖ እቲ ዘፈራርሐ ተኻራዪ ብምኽንያት ምፍርራሑ ይእሰር፤ ዋና ገዛ (ዋላ'ኳ ስጕምቲ ክወስድ ትጽቢት ዘይግበረሉ እንተኾነ) ነቲ ክራይ ናይቲ ዓማጺ ተኻራዪ ክቋርጾ ይኽእል። ዋና ገዛ ነቲ ክእሰር ዝግብኦ ዘይሕጋዊ እንተ ዘይኣመዝጊቡ እቲ ግዳይ ዝኾነ ተኻራዪ ብጽሑፍ ኣፍሊጡ ብዘይ ተወሳኺ ግዴታ ናይ ስምምዕ ክራይ ንምውጻእ ክመርጽ ይኽእል። ዋና ገዛ ኣብ ልዕሊ ተኻራዪ ብተመሳሳሊ ኩነታት እንተ ኣፈራሪሑ እቲ ተኻራዪ ኣፍሊጡ ንምውጻእ ክመርጽ ይኽእል። ኣብ ክልቲኡ ጉዳያት እቲ ዝተፍራርሐ ተኻራዪ ንድሕሪ'ቲ ዝለቐቐሉ መዓልቲ ዝስዕቡ መዓልታት ክራይ ክኸፍል ኣየድልዮን፡ ናይ ዝኾነ ኣቐዲሙ ዝተኸፍለ ዘይተጠቕመሉ ክራይ እውን ክምለሰሉ መሰሉ እዩ።

## ኣብ ዝተወሰነ ጊዜ ውዕላት ለውጢ ምግባር

ብሓፈሽኡ ንምዝራብ ዋና ገዛ ኣብቲ ወርሓዊ ኣከፋፋል ስምምዕ ክራይ ትሕዝቶ ከም ወሰኸ ክራይ ወይ ለውጢ ሕጊ፡ ክገብር እንተ ደልዩ እቲ ተኻራዪ እንተ ወሓደ ናይ 30 መዓልቲ ጽሑፍ ሓበሬታ ክወሃቦ ይግባእ። እቲ ለውጢ ኣብ መጀምርታ ናይ ክራይ እዋን (እቲ ክራይ ክኽፈለሉ ዝግባእ መዓልቲ ምስ በጽሐ) ጥራሕ እዩ ግብራዊ ክኸውን ዝኽእል። ነቲ ዝስዕብ እዋን ክራይ ካብ 30 መዓልቲ ንታሕቲ ምልክታ ውጽኢታዊ ይኸውን።

ዋና ገዛ ነቲ ኣሃዱ ናብ ኮንደሚንየም ክልውጦ እንተ ደለየ እቲ ተኻራዪ ናይ 90 መዓልቲ ሓበሬታ ክወሃቦ ይግባእ።[RCW 59.18.200]

## ኣብ ውዕላት ለውጢ ምግባር

ኣብ ኮነት ውዕል፡ ሙብዛሕትኡ ጊዜ፡ ዋና ገዛን ተኻራዩን ከይተሰማምዑ ለውጢ ኣብ ትሕዝቶ ውዕል ክግበር ኣይከኣልን እዩ።

**እቲ ንብረት እንተ ተሸይጡ።** መሸጣ ንብረት ንክራይ ሽዑ-ንሽዑ ከም ዝቋረጽ ኣይገብሮን እዩ። እቲ ዝተኻረየ ኣሃዱ ምስ ዝሸየጥ ተኻረይቲ ስም ሓዲሽ ዋናን ኣድራሻኡን ወይ ብርግጸኛ ፖስታ ወይ ድማ ብዝተመሓየሸ ኣገባብ ኣብቲ ቀጽሪ ብምልጣፍ ምሕባር። ኩሉ ነቲ ቀዳማይ ዋና ዝተኸፍለ ትሕጃታት ናብቲ ሓዲሽ ዋና ክመሓላለፍ ይግባእ፡ ንሱ'ውን ኣብ ናይ ሕድሪ ወይ እሙን መንጐኛ (escrow) ሕሳብ የቐምጦ። እቲ ሓዲሽ ዋና ንተኻረይቲ እቲ ትሕጃታት ዝተቐመጠሉ ቦታ ብቕልጡፍ ክፍልጦም ይግባእ።

## ጽገና ከመይ ከም ዝፍጸም

ቅድሚ ሕጋዊ ፍታሕ፡ ከም ጽገና፡ ምሕታቱ ሓደ ተኻራዪ ኣብ ኣከፋፍላ ክራይ ምስናይ ኩሉ ኣብቲ ስምምዕ ክራይ ክኽፍሎ ዝተሰማምዓሉ መሳለጥያ ኣብ ጊዜኡ ክኽፍል ይግባእ [RCW 59.18.080]።

**ኣድላዪ ምልክታ** [RCW 59.18.070] ሓደ ነገር ኣብቲ ክራይ ኣሃዱ ምዕራይ ምስ ዘድልዮ እቲ ክውሰድ ዝግብኦ ቀዳማይ ስጉምቲ እቲ ተኻራዪ ነቲ ዋና ገዛ ወይ ነቲ ክራይ ዝእክብ ሰብ ብዛዕባ'ቲ ሽግር ብጽሑፍ ምግላጽ እዩ።

እቲ ምልክታ ኣድራሻን ቍጽሪ' ዝተኻረየ ገዛን፡ ስም ናይቲ ዋና ገዛ፡ ፍሉጥ እንተ ኾይኑ፡ ከምኡ'ውን መግለጺ ናይቲ ሽግር ክህልዎ ይግባእ። ድሕሪ ምሃብ ምልክታ ዋና ገዛ ዘድሊ ጽገና ክሳብ ዝገብር ተኻራያይ እኹል ጊዜ ክጽበ ኣሎዎ። እኹል ናይ ትጽቢት ጊዜ ማለት፡ ውዑይን ዝሑልን ማይ እንተ ዘየሎ

፡ ሙቐት፡ ሓይሊ ኤለትሪክ፡ ወይ ኣዝዩ ንህይወት ሓደገኛ ዝኾነ ኮነት፦ 24 ሰዓት፤ ጽገና ፍሪጅ፡ ኤለትሪክ ምድጃን እቶንን፡ ወይ ብዋና ገዛ ዝተኣታቶ ኣገዳሲ ዝርጋሐ መስመር ማይ፦ 72 ሰዓታት፤ ንኹሉ ካልእ ጽገና፦ 10 መዓልታት።

ምርጫታት ተኻራዪ [RCW 59.18.090] ጽገና ኣብቲ ዝተደለየሉ እዋን እንተ ዘይጀሚሩ፡ እቲ ተኻራዪ'ውን ክራዩን ካልእ መሳለጥያታትን እንተደኣ ኣማሊኡ ከፊሉ እዘን ዝስዕባ ኣማራጺታት ኣብ ግብሪ ከውዕል ይኽእል፦

1. ተኻራዪ ንዋና ገዛ ጽሑፍ ምልክታ ሂቡ ብኡ ንብኡ ክወጽእ። ተኻረይቲ ካብቲ ዝኸፈልዎ ዘይተጠቕሙሉ ክራይን ክምለሰሎም ዝግባእ ትሕጃን ክረኽቡ መሰሎም እዩ።

2. ነቲ ዘይምርድዳእ ብቤት ፍርዲ ወይ ብመንጎኛታት ጌርካ ክፍታሕ ይከኣል።

3. ተኻራዪ ነቲ ጽገና ዝገብሩ ሰባት ክቖጽር ይኽእል።ኣብ መብዛሕትኡ እዋን ተኻራዪ ነቲ ስራሕ ኣፈጺሙ ወጻኢታቱ ካብቲ ክራይ ከጉድል ይኽእል። [RCW 59.18.100] (እዚ ኣገባብ ግን ንዋና ገዛ ብቑዕ ዝኾነ ናይ ገሓፍ ገረወይና ንክቕርብ ንምግዳድ ኣየገልግልን።)

   ኣገዳሲ ነጥቢ፡ እቲ ጽገና ካብቲን ናይ 10 መዓልታት ትጽቢት ዝግበረለን እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ተኻራዪ ካብቲ ምልክታ ንዋና ገዛ ዝበጽሖ 10 መዓልቲ ወይ ናይ ስራሕ ግምት ዋጋ ካብ ዝበጽሐ ሓሙሽተ መዓልቲ ክሳብ ዝኣክል፡ ካብ ክልቲኡ ዝደሓረ፡ ነቲ ስራሕ ሰብ ክኮናተረሉ ኣይክእልን።

   ነዚ ኣገባብ ንምኽታል ተኻራዪ፡ ኣድላዪ እንተ ኮይኑ ካብ ፍቓድ ዘሎዎ በዓል ሞያ ዝእመን ግምት ንዋና ገዛ የቕርብ። ድሕሪ'ቲ ዝጥለብ ናይ ትጽቢት ጊዜ ተኻራዪ ምስቲ ዝተሓተ ዋጋ ዘቕረበ ተወዳዳሪ ተኾናቲሩ ነቲ ስራሕ የፈጽሞ። ድሕሪ ምዝዛም ስራሕ ተኻራዪ ንተኾናታራይ ከፊሉ ካብቲ ክራይ የጉድሎ። ዋና ገዛ ነቲ ስራሕ ክምርምሮ ዕድል ክወሃቦ ይግባእ። ድምር ዋጋ ኣብ ዝኾነ ናይ 12-ወርሒ እዋን ካብ ናይ ክልተ ወርሒ ክራይ ክበዝሕ የብሉን።

   ንብዙሓት ተኻረይቲ ዝትንክፍ ሰፍሕ ዝበለ ጽገና ክግበር እንተ ደኣ ኾይኑ፡ እቶም ተኻረይቲ ግቡእ ኣገባብ ተኸቲሎም ተሓባቢሮም ነቲ ስራሕ ከፈጽምዎ ይኽእሉ። ብድሕሪኡ ነፍሲ ወከፎም በብጽሒቶም ካብቲ ክራይ የጉድሉ።

4. እቲ ስራሕ ፍቓድ ዘሎዎ ወይ ዝተመዝገበ በዓል ሞያ ዘየድልዮ እንተ ኾይኑ እቲ ተኻራዪ ኣድላዪ ጽገና ገይሩ ዋጋኡ ካብ ክራይ ከጉድል ይኽእል። ተመሳሳሊ ኣገባብ ከም ኣብ ላዕሊ ኣብ (2) ዝተጠቕሰ ምኽታል ይከኣል። እንተኾነ ገደብ ናይቲ ወጻኢ ክሳብ ፍርቂ ናይ ሓደ ወርሒ ክራይ እዩ።

5. ክራይ ኣብ ማእከላይ ሽማግለ- ድሕሪ ናይ ዝተበላሸወ ኩነት ሓበሬታ ምሃብን እቲ ጉድለት ብመንግስቲ ድሕሪ ምርግጋጹን እቲ ናይ ትጽቢት እዋን ድሕሪ ምሕላፉን ተኻረይቲ ወርሓዊ ክራዮም ኣብ ናይ ማእከላይ ሽማግለ ሕሳብ ከጽንሕዎ ይኽእሉ።

## ሕጋዊ ዘይኮነ ናይ ዋና ገዛ ተግባራት

**ብደገ ምዕጻው** [RCW 59.18.290] ዋና ገዛ ሰጋጥ ከይልውጥ፡ ሓዲሽ ሰጋጥ ከየእቱ፡ ወይ ተኻራዪ ልሙድ ሰጋጥን መፋትሕን ከጥቀም ከም ዘይክእል ምግባር ሕጊ ይኽልክሎ። ተኻራዪ ኣብ ምኽፋል ክራይ እንተ ደሓረ'ውን ብኸምዚ ብደገ ምዕጻው ዘይሕጋዊ እዩ።

ብደገ ዝተዓጽወ ተኻራዪ እንደገና ምእታው ክኽእል ክሲ ክምስርት ይኽእል። ሓድ-ሓደ ምምሕዳራት እውን ንብደገ ምዕጻው ዝጻረር ሕጊ ኣሎዎም፡ ዝተዓጽወ ተኻራዪ ናብ ክራይ ገዝኡ ክኣቱ ክሕግዝዎ ይኽእሉ። ንዝያዳ ሓበሬታ ንናይ ከተማኹም ወይ ኣውራጃኹም ምምሕዳር ተወከሱ።

**ምዕጻው ኣገልግሎት ኤለትሪክ፡** ማይን ረሳሕ ማይን [RCW 59.18.300] ዋና ገዛ ተኻራዪ ክራይ ኣብ ምኽፋል ብምድንጓዩ ወይ ካብቲ ገዛ ከውጽኦ ብምድላይ ቀረብ ኤለትሪክ፡ ማይ ወይ መስመር ረሳሕ ማይ ክዓጽወሉ ኣይግባእን። ዋና ገዛ ነዚ መሳለጥያ ዝዓጹ ጽገና ኣብ ዘድልየሉ እዋን ጥራሕ ይኸውን፡ ንሱ'ውን ንዝተወሰነ ጊዜ ጥራሕ። ዋና ገዛ እቲ ኣገልግሎት ምእንቲ ክቋረጽ ኮነ ኢሉ ናይ መሳለጥያታት ዕዳ ዘይከፍል እንተ ኾይኑ ከም ዘይሕጋዊ ምዕጻው ይቑጸር። ቀረብ መሳለጥያታት ብዋና ገዛ እንተ ተዓጽዩ ተኻራዪ ኣቕዲሙ ንኩባንያ ኣቕረብቲ ኣገልግሎት ነቲ ኣገልግሎት ክመልስዎ ዝኽእሉ እንተ ኾይኖም ይሓትት። እቲ ምዕጻው ዘይሕጋዊ እንተ ደኣ መሲሉ እቲ ተኻራዪ ክሲ ክምስርት ይኽእል። ተኻራዪ ኣብ ቤት ፍርዲ እንተ ረቲዑ ዳኛ ንተኻራዪ ነቲ ኣገልግሎት ዘይቀረበሉ መዓልታት ክሳብ $100 ንመዓልቲን ንጠበቓ ዝገበሮ ወጻኢታቱን ክኽሕሶ ይኽእል።

**ንብረት ናይ ተኻራዪ ምውሳድ።** [RCW 59.18.310] ሕጊ ንዋና ገዛ ንብረት ተኻራዪ ክወስዶ ዝፈቕደሉ ራሕሪሑዎ ምስ ዝኸይድ ጥራሕ እዩ። ኣብ ስምምዕ ውዕል ንዋና ገዛ ኣብ ካልእ ኩነታት ንብረት ተኻራዪ ክወስድ ዝፈቅድ ዓንቀጽ ሕጋዊ ኣይኮነን። ዋና ገዛ ካብ ሕጊ ወጻኢ ንብረት ተኻራዪ ምስ ዝወስድ ተኻራዪ ኣቕዲሙ ንዋና ገዛ እንተ ረኺቦ ይሓይሽ። ከምኡ እንተ ዘይቀኒዑዎ ፖሊስ ይሕበሩ። ዋና ገዛ ጽሑፍ ጠለብ ድሕሪ ምቕባሉ ነቲ ንብረት እንተ ዘይመሊሱ ቤት ፍርዲ ዋና ገዛ ንተኻራዪ ክሳብ $100 ንመዓልቲ እቲ ንብረት ክሳብ ዘይተመልሰ ክኸፍል ክግድዶ ይኽእል -- ድምሩ ክሳብ $1,000 ዝበጽሕ። [RCW 59.18.230(4)]

ዝተኣገደ ንብረት ምክራይ። [RCW 59.18.085] ዋና ገዛ ብገና ዘይተዓረየ ናይ ምግሃስ ሕጊ ዝተኣገደ ወይ ኣብኡ ንምንባር ሕጋዊ ዘይኮነ ክራይ ኣሃዱታት ክካርይ ኣይግባእን። ዋና ገዛ ኮነ ኢሉ ነቲ ንብረት ብምክራዩ ካብ ናይ ሰለስተ ወርሒ ክራይ ወይ ሰለስተ ዕጽፊ ዋጋ'ቲ ብልሽት እቲ ዝበዝሐ ከምኡ'ውን ወጻኢታትን ክፍሊት ጠበቓን ተዓዳዪ ክኸውን ይኽእል።

**ተግባር ሕነ ምፍዳይ።** [RCW 59.18.240 -.250] ተኻራዪ ሕጊ ዘፍቅደሉ መሰል፡ ከም ንመንግስቲ ምጥራዕ ወይ ንጽገና ካብ ክራይ ምጕዳል፡ ዋና ገዛ ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጕምቲ ከይወስድ ሕጊ ይኽልክሎ። ክራይ ገዛ ምውሳኽ፡ ንተኻራዪ ዝቐርበሉ ኣገልግሎት ምጕዳል ወይ ንተኻራዪ ምስጓጕ ናይ ሕነ ምፍዳይ ኣብነታት እዮም። ኣብ መጀመርታ እቲ ሕጊ፡ እዚ ተግባር ኣብ ውሽጢ 90 መዓልቲ ካብቲ ተኻራዪ ስጕምቲ ዝወሰደሉ ጊዜ እንተ ደኣ ኣጋጢሙ፡ ከም ሕነ ምፍዳይ እቲ ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ እንተ በጺሑ እሞ ዳኛ ንተኻራዪ እንተ ደጊፉ ዋና ገዛ ነቲ ዝወሰዶ ስጕምቲ ክግልብጦን ንዝኾነ ንተኻራዪ ዝበጽሖ ጉድኣት ክኽሕሶን ናይ ጠበቓ ክፍሊት ክኸፍለሉን ክእዘዝ ይከኣል።

## ስምምዕ ምዕጻው

**ዝተኣትወ ውዕል ንምግዳፍ ዘድሊ ግቡእ ምልክታ።** ተኻራዪ ኣብ መወዳእታ ጊዜ ውዕል ክወጽእ ምስ ዝደሊ መብዛሕትኡ እዋን ንዋና ገዛ ምልክታ ብጽሑፍ ምሃብ ኣየድልን። እንተኾነ ወግዓዊ ምልክታ ከም ዘየድሊ ንምርግጋጽ ነቲ

ውዕል ምውካስ የድሊ። ተኻራዪ ካብቲ ናይ ውዕሉ ጊዜ ንላዕሊ እንተ ጸንሐ እሞ ዋና ገዛ ናይቲ ዝስዕብ ወርሒ ክራይ እንተ ተቐበለ እቲ ክራይ ብናይ ወርሓዊ ስምምዕ ከም ዝቐጸለ ይግመት።

ቅድሚ ምዝዛም ናይቲ ውዕል ዘመን ዝወጽእ ተኻራዪ ነቲ ዝተረፈ ናይ ውዕል ጊዜ ክራይ ክኸፍል ሓላፍነቱ እዩ። እንተ ኾነ ዋና ገዛ ነቲ አሃዱ ብቅቡል ዝኾነ ዋጋ ክካርዮ ክጽዕር ይግባእ። ከምዚ እንተ ዘይተገይሩ እቲ ተኻራዪ ድሕሪ ውሱን እዋን ክኸፍል አይግደድን እዩ።

**ንውዕል ዝተአትዎ ናይ ምልቃቕ ግቡእ ምልክታ--ፍሉይነት ናይ ዕጡቓት ሰራዊት።** እቲ ተኻራዪ አባል ናይ ዕጡቓት ሰራዊት (ናይ ናሽናል ጋርድን ዕቑር ሰራዊትን ዘጠቓለለ) እንተ ደአ ኰይኑን ናይ ስራሕ ቦታ ዝቕይር ትእዛዝ እንተ መጺን ተኻራዪ ትእዛዝ ካብ ዝቕበል ካብ ሸውዓተ መዓልቲ ኣብ ዘይበዝሕ ንዋና ገዛ እንተ አፍሊጦን እቲ ውዕል ክቋረጽ ይኽእል። አብ ከምዚ ኵነት እቲ ክራይ ብመጻምድቲ ተኻራዪ ወይ ብኡኡ ዝናበዩ እውን ክቋረጽ ይከአል።

**ግቡእ ምልክታ ንናይ ወርሓዊ ስምምዕ።** ተኻራዪ ንናይ ወርሓዊ ክራይ ስምምዕ ክቋርጽ ምስ ዝደሊ ንዋና ገዛ ጽሑፍ ምልክታ ክወሃቦ ይግባእ።

እቲ ምልክታ እንተ ወሓደ 20 መዓልቲ ቅድሚ'ቲ ናይ ክራይ ጊዜ ምውድኡ ክቕበል አሎዎ (እቲ ክራይ ዝኸፈለሉ መዓልቲ ቅድሚ ምብጻሑ)። እቲ ምልክታ ዝበጽሓሉ መዓልቲ አይሕሰብን እዩ። ዋና ገዛ ተኻራዪ ክወጽእ ከሎ ልዕሊ 20 መዓልቲ ምልክታ ክህብ ክጽበዮ አይግባእን፡፡ ዋና ገዛ ንናይ ወርሓዊ ተኻራዪ ክወጽእ እንተ ደለዮ ናይ 20 መዓልቲ ምልክታ አድላዪ እዩ። ተኻራዪ ግቡእ ምልክታ ክይሃበ እንተ ወጸ ሕጊ ካብዘን ዝስዕባ በታ ዝወሓደት ተዓዳዪ ይገብሮ፡ 30 መዓልቲ ካብቲ ዝቕጽል ክራይ ወይ 30 መዓልቲ ካብቲ ዋና ገዛ ተኻራዪ ገዛ ምግዳፉ ዝፈለጠሉ። እንተኾነ ዋና ገዛውን ሓዲሽ ተኻራዪ ንምርካብ ክጽዕር ሓላፍነት አሎዎ። እቲ መንበሪ ቅድሚ ምእካል ናይቲ 30 መዓልቲ እንተ ተኻርዩ እቲ ቀዳማይ ተኻራዪ እቲ ሓዲሽ ተኻራዪ ክራይ ምኽፋል ክሳብ ዝጅምር ጥራሕ ክኸፍል አሎዎ።

**ግቡእ ምልክታ ናይ ምልቃቕ ንወርሓዊ ተኻራዪ--ፍሉይነት ናይ ዕጡቓት ሰራዊት።** ካብ ወርሓዊ ክራይ ተኻራዪ አባል ዕጡቓት ሰራዊት (አባላት ብሄራዊ ሓለዋ ወይ ተጠባበቕቲ ሓይልታት ወሲኽካ) እንተ ደአ ኰይኑን ናይ 20 መዓልቲ ምልክታ ዝአክል ጊዜ ክይተዋህቦ ናይ አገልግሎት ቦታ ክልውጥ ወይ ክወፍር ትእዛዝ እንተ መጺእዎን፡ ትሕቲ 20 መዓልቲ ጽሑፍ ምልክታ ብምሃብ ክቋረጽ ይከአል ። አብ ከምዚ ኵነት'ዚ እቲ ክራይ ብናይ ተኻራዪ መጻምድቲ ወይ ተናበይቱ እውን ክቋረጽ ይከአል።

**ምግሃስ ናይ ምክልኻል ትእዛዝ።** ተኻረይቲ ንሱ ወይ ንሳ ወይ ኣባል ናይቲ ስድራ ግዳይ ናይ ዘቤታዊ ናዕቢ ወይ ብአስገዳድ ግብረ ስጋ ወይ አድቢኻ ምክትታል ምዃኖም ዝሕብር ጽሑፍ ምልክታ ንዋና ገዛ ድሕሪ ምቕራቡ ብቑዕ ናይ ምክልኻል ትእዛዝ ምስ ተጋህሰ ወይ ተኻራዪ ንዝምልከቶም አባላት አኽበርቲ ሕጊ ብዛዕባ'ቲ ምግሃስ ምስ ሓበረ ንስምምዕ ክራይ ቀልጢፉ ክቋርጾ ይኽእል። ቅዳሕ ናይቲ ትእዛዝ ዋና ገዛ ክበጽሖ ይግባእ። ተኻራዪ አብ ውሽጢ 90 መዓልቲ ካብቲ ተግባር፡ ወይ ካብቲ ናይ ምክልኻል ትእዛዝ ዘበጽሐ ኵነት፡ ወይ ድማ ናብ ዝምልከቶ ኣኽባር ሕጊ ካብ ዘመልከት፡ ነቲ ስምምዕ ክራይ ክቋርጾ ይግባእ። [RCW 59.18.575]

**ምምላስ ትሕጃ** [RCW 59.18.280]

ተኻራዪ ድሕሪ ምውጽኡ ዋና ገዛ ትሕጃታት ንምምላስ ወይ ኩሉ ወይ ክፋል ናይ ገንዘቡ ስለምንታይ ከም ዝተታሕዘ ዝገልጽ ጽሑፍ ንተኻራዪ ክህብ 21 መዓልቲ አሎዎ። ተኻራዪ ክወጽእ ከሎ ደብዳቤታቱ ክበጽሓሉ ዝክአለሉ አድራሻ ምስ ዋና ገዛ ገዲፉ ክኸይድ ዝሓሸ እዩ።

ብሕጊ፡ እቲ ናይ ክራይ አሃዱ ንንቡር እርጋን ገዲፍካ ተኻራዪ ክአቱ ከሎ ናብ ዝነበሮ ኵነት ክምለስ ይግባእ። ትሕጃታት ንንቡር እርጋን ወይ ተኻራዪ ቅድሚ ምእታዉ ዝነበረ ምብልሻው መጸገኒ ክጥቀመሉ አይክእልን።

ዋና ገዛ ነቲ ዝድለ ክፍሊት፡ ዝርዝር መግለጺ ወይ ክልቲኡ አብ ውሽጢ 21 መዓልቲ አብ ፖስታ ቤት (U.S. Mail) ቀዳማይ ደረጃ ቴምብር ከፊሉ እንተ አእትዩ ሕጊ ከም ዘማልአ ይቕጽር። ተኻራዪ ንዋና ገዛ ናብ ቤት ፍርዲ እንተ አቕሪቦ እሞ ዋና ገዛ ኮነ ኢሉ ዘድሊ መግለጺ ከም ዘይኣቕረበ ወይ ገንዘብ ከም ዘይመለሰሉ እንተ ደአ ተወሲኑ ቤት ፍርዲ ክሳብ ዕጽፊ ናይቲ ትሕጃ ንተኻራዪ ክኸፈሎ ክብይነሉ ይኽእል።

**ምስጓጕ**

**ክራይ ብዘይ ምኽፋል።** ተኻራዪ ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ክራይ ካብ ምኽፋል እንተ ድሒሩ ዋና ገዛ አብ ሰለስተ መዓልቲ ክኸፍል ወይ ክወጽእ ምልክታ ክህቦ ይኽእል። ተኻራዪ አብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ኩሉ እቲ ክኸፍሎ ዝግባእ ክራይ እንተ ደአ ከፊሉ ዋና ገዛ ክቕበሎ ይግባእ፡ ክውጽአ ድማ አይክእልን። ዋና ገዛ ጐደሎ ክፍሊት ክቕበል አይግደድን እዩ። [RCW 59.12.030, 59.18.115(5)]

**ብትሕዝቶ ስምምዕ ክራይ ዘይምቕያድ።** ተኻራዪ ስምምዕ ክራይ እንተ ደአ ዘይኣኽቢሩ (ንኣብነት፡ እቲ ስምምዕ ፍቱዋት እንስሳ አይፍቀዱን እናበለ ድሙ እንተ ሓዚ) ዋና ገዛ ስምምዕ ክኽብር ወይ ክወጽእ ናይ 10 መዓልቲ ምልክታ ክህቦ ይኽእል። ተኻራዪ አብ ውሽጢ'ቲ እዋን ነቲ ኵነት እንተ ደአ ፈቲሑዎ ዋና ገዛ ነቲ ናይ ምውጻእ መደብ ክቕጽሎ አይክእልን።

**"ምብኻን ወይ ምህዋኽ"** ተኻራዪ ንብረት ዋና ገዛ እንተ አበላሸወ ወይ ነቲ ሰፈር ንዘይሕጋዊ ምስ ጭፍራ ወይ ድራግ ዝተተሓሓዘ ምንቅስቓሳት እንተ ተጠቒመሉ፡ ንክብሪ ናይቲ ንብረት እንተ ሃሰየ ወይ ካልኦት ተኻረይቲ ነቲ ንብረት አብ ምጥቃም እንተ ዓንቀፎም፡ ዋና ገዛ አብ ሰለስተ-መዓልቲ ንክወጽእ ምልክታ ክህብ ይኽእል። ከምዚ ዓይነት ምልክታ ምስ በጽሖ ተኻራዪ ክወጽእ አሎዎ። ናይ ምጽናሕን ነቲ ሽግር ናይ ምእራምን ምርጫ የብሉን።

**አብ ውሽጢ ካብ አልኮልን ድራግን ነጻ ዝኾነ መንበሪ አባይቲ ሕጊ ምጥሓስ፡** ካብ አልኮልን ድራግን ነጻ አብ ዝኾነ መንበሪ አባይቲ ካብ ክልተ ዓመት ንታሕቲ ተጠቃማይ አብ መደብ ምፍዋስ ዝተመዝገበ ተኻራዪ አልኮል ወይ ድራግ እንተ

ወነነ ወይ ምስ ካልኦት እንተ ተኻፈለ ዋና ገዛ ንክወጽእ ናይ ሰለስተ-መዓልቲ ምልክታ ክህቦ ይኽእል። እቲ ተኻራዪ ነቲ ምግሃስ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ እንተ ደኣ ኣዐርዩዎ እቲ ስምምዕ ክራይ ኣይቋረጽን፡ ተኻራዪ ነቲ ምግሃስ እንተ ደኣ ኣብ ሓደ መዓልቲ ዘየዓሪዩዎ ንሱ ወይ ንሳ ክወጹ ኣሎዎም እቲ ስምምዕ ክራይ ድማ ይቋረጽ። ተኻራዪ ኣብ ውሽጢ ሽድሽተ ወርሒ ኣብ ዳርጋ ተመሳሳሊ ጠባይ እንተ ተሳቲፉ ዋና ገዛ ንክወጽእ ናይ ሰለስተ-መዓልቲ ምልክታ ይህቦ፡ ተኻራዪ ደጊሙ ነቲ ምግሃስ ከዐሪ መሰል የብሉን።

ምልክታ፡ ዋና ገዛ ኣንጻር ምልቃቕ ዝኣበየ ተኻራዪ ሕጋዊ ስጉምቲ ንክወስድ ብመሰረት RCW 59.12.040 ምልክታ ክወሃቦ ይግባእ።

ተኻራዪ ንክለቅቕ ዝተዋህቦ ምልክታ ጥሒሱ ምንባር እንተ ቐጺሉ፡ ዋና ገዛ ናብ ቤት ፍርዲ ብምኻድ "ሕጊ ዘየኽበረ ዘእስር" ስጉምቲ ክጅምር ይኽእል። ቤት ፍርዲ ንዋና ገዛ ዝድግፍ ውሳኔ እንተ ኣሕሊፉ እቲ ተኻራዪ ብፍቓዱ እንተ ዘይወጺኡ፡ ሸሪፍ ነቲ ተኻራዪ ካብ ቦታ ክራይ ክውጽኦ መምርሒ ክወሃቦ እዩ። ዋና ገዛ ንተኻራዪ ካብ ክራይ ኣሃዱ ብኣካል ክውጽኣሉ ዝኽእለሉ እንኮ ሕጋዊ መንገዲ ብኣብያተ ፍርዲን ብቤት ጽሕፈት ሸሪፍን ጥራሕ እዩ።

## ተኻረያይ እንትሞት ንዕኡ ወኪሉ ዝንቀሳቐስ ሰብ ምስያም (RCW 59.18.590)

ናይ ሓደ መንበሪ ክፍሊ ብሕታዊ በዓል ትሕዝቶ ዝኾነ ተኻረያይ ኣብ ዝሞተሉ እዋን ንዕኡ ወኪሉ ዝንቀሳቐስ ሰብ ብናይ ባዕሉ ድሌት ወይ ብመሰረት ሕቶ መካረይ ክሰይም ኣለዎ፡፡ እዚ ውክልና ብፅሑፍ ዝዳሎን ካብ ስምምዕ ክራይ ዝተፈለየ ክኾን ኣለዎ፡፡ እቲ ውክልና ናይ ተወካሊ ሽም፣ ፖስታ፣ ኢሜይል ኣድራሻ፣ ቁፅሪ ስልኪ፣ ምሓዝ ዘለዎ ኮይኑ ተኻረያይ ኣብ ዝሞተሉ እዋን (ተኻረያይ ዝተኻረዮ ክፍሊ ብሕቲ ሒዙ እንተፀኒሑ) መካረይ ተወካሊ ናብቲ ክፍሊ ተኻረያይ ንኽኣቱ፣ ናይ ተኻረያይ ንብረት ከውፅእ፣ ንተኻራያይ ዝኽፈል ተመላሲ ሕሳብ ክቕበል፣ ብተኻራያይ ናይ መወዳእታ ፍቓድን ኑዛዘ ተፈፃምነት ብዘለዎም ሕጊ ውርሲ መሰረት ናይ ተኻረያይ ንብረት ከወግድ ዝፈቅድ እንትኾን እቲ ውክልና ዝፀንሕ ተኻረያይ ብፅሑፍ ስጋዕ ዝሰዕሮ ወይ ብመሰረት ሕጊ ናይ መዋቲ ወራሲ ዝኾነ ሰብ እንትርከብ፣ ተወካሊ መዋቲ ተኻረያይ ወኪሉ ምንቅስቓስ መሰሉ የብቅዕ፡፡

## ምስ ክራይ ዘይምኽፋል ዝተዛመደ ምርሕራሕ [RCW 59.18.310]

ኣብ ትሕቲ ሕጊ፡ ራሕሪሑ ዝበሃል ተኻራዪ ኣብ ምኽፋል ክራይ ምስ ደንጎየን ብቃላት ወይ ብተግባር ድማ ኣብቲ ክራይ ንምንባር መደብ ከም ዘይብሉ ምስ ዝገልጽን እዩ።

እቲ ክራይ ምስ ተራሕርሐ ዋና ገዛ ናብቲ ኣሃዱ ክኣቱን ዝተራሕርሐ ንብረት ክውጽእን ይኽእል። እቲ ንምብረት ኣብ ብመጠኑ ውሑስ ዝኾነ ቦታ ክኽዘን ይግባእ። ነቲ ተኻራዪ እቲ ኣቑሑ ኣበይ ከም ዝተኽዘነን መዓስ ከም ዝሸየጥን ምልክታ ይለኣኽሉ፡ ዋና ገዛ ሓዲሽ ኣድራሻ ናይቲ ተኻራዪ እንተ ደኣ ዘይብሉ ናብቲ ናይ ክራይ ኣድራሻ ይልእኾ'ሞ ፖስታ ቤት ናብቲ ሓዲሽ ኣድራሻ የመሓላልፍዎ።

ዋና ገዛ ነቲ ዝተራሕረሐ ንብረት ንኽሸይጥ ዝጽበዮ እዋን ኣብ ዋጋ ናይቲ ንብረት ዝተመርኰሰ ይኸውን። ድምር ዋጋ ናይቲ ንብረት ካብ $50 ዝውሕድ እንተ ኰይኑ ዋና ገዛ ናይ ምሻጡ ምልክታ ንተኻራዪ ልኢኹ ሸውዓተ (7) መዓልቲ ክጽበ ይግባእ። ኣሳእል ናይ ስድራ፡ ንመዘከርታ ክተሓዙ ዝግበኦም ኣቑሑን ግላዊ ወረቓቕቲን ክሳብ ኣርባዓን-ሓሙሽተን (45) መዓልቲ ድሕሪ'ቲ ዋና ገዛ ንተኻራዪ ናይ ምርሕራሕ ምልክታ ዝለኣኸሉ ክሸየጡ ኣይክእሉን።

ድምር ዋጋ ናይቲ ንብረት ካብ $50 ዝበዝሕ እንተ ደኣ ኰይኑ ዋና ገዛ ናይ መሸጣ ምልክታ ንተኻራዪ ልኢኹ ኣርባዓን-ሓሙሽተን (45) መዓልቲ ክጸንሕ ኣሎዎ። ግላዊ ወረቓቕቲ፡ ኣሳእል ናይ ስድራን ንመዘከርታ ዝተሓዙ ነገራትን ኣብቲ እዋን ክሸይጡ ይከኣል።

ብመሸጣ ንብረት ኣታዊ ዝኾነ ገንዘብ ነቲ ዋና ገዛ ዝእውዶ ገንዘብ ንኣብነት፡ ዘይተኸፍለ ክራይን ነቲ ኣቑሑት ንምኽዛንን ንምሻጥን ዝተገብረ ወጻኢ ንምሽፋን ይውዕል። ዝተረፈ ገንዘብ እንተልዩ ዋና ገዛ ነቲ ተኻራዪ ንሓደ (1) ዓመት ይሕዘሉ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ዓመት ዝወስዶ እንተ ዘይመጸ ነቲ ዋና ገዛ ይኸውን።

ዋና ገዛ ንብረት ናይ ተኻራዪ ምስ ወሰደ ቤት ፍርዲ ምርሕራሕ ከም ዘይነበረ እንተ ወሲኑ ዋና ገዛ ነቲ ንብረቱ ብምስኣን ዝበጽሖ ክሳራ ንተኻራዪ ክትከኣሉን ወጻኢታት ናይ ቤት ፍርዲን ጠበቓን ክኸፍልን ክእዘዝ ይከኣል።

ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ኣርባዕተ (14) መዓልቲ ድሕሪ ኣፍልጦ ምርሕራሕ ዋና ገዛ ናይ ተኻራዪ ትሕጃ ምምላስ ወይ ትሕጃ ክጸንሕ ዝተገብረሉ ምኽንያት መግለጺ ናይ ምሃብ ሓላፍነት ኣሎዎ።

RCW 59.18.310 ርኣ፡፡

እዚ ኣሰራርሓ ኣብ ልዕሊ ናይ መዋቲ ተኻረያይ ንብረት ኣወጋግዳ ተፈፃምነት ኣይህልዎን፡፡ "ምስ ተኻረያይ ምሟት ዝተሓሓዘ ናይ ክራይ ምግዳፍ" ዝብል ኣብ ታሕቲ ረኣ፡፡

## ምስ ምስጓጉ ዝዛመድ ምርሕራሕ [RCW 59.18.312]

ተኻራዪ ድሕሪ ናይ ምስጓጉ ስጉምቲ ብቤት ፍርዲ ክኽሕስ ትእዛዝ ምስ በጽሖ ተኻራዪ ብዛዕባ እቲ ሰፈር ጥራሑ ምስ ኮነ ድሕሪት ዝተረፈ ናይ ተኻራዪ ንብረት ንምኽዛን ዝምልከት ዝርዝር ሓላፍነት ናይ ዋና ገዛ ብጽሑፍ ክበጽሖ እዩ። ተኻረይቲ ዋና ገዛ ንብረቶም ንኽኽዝን ዝጠልቡሉ ፎርም ክወሃቡ እዮም።

ዋና ገዛ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ 3 መዓልቲ ናይ ካሕሳ ትእዛዝ ካብ ዝቕበል ንብረቱ ክኽዘነሉ ብጽሑፍ እንተ ሓቲቱ ወይ እቲ ዋና ገዛ ተኻራዪ ብጽሑፍ ምሕታት ዘየኽእል ስንክልና ዘሎዎ ሰብ ምዃኑ ይፈልጥን እቲ ተኻራዪ'ውን ኣብ ምኽዛን ተቓውሞ እንተ ዘይብሉን ናይቲ ተኻራዪ ንብረት ክኽዝኖ ይግባእ። እቲ ንዋና ገዛ ዝበጽሖ ጽሑፍ ጠለብ ብኣካል ክበጽሕ ወይ ብፖስታ ክለኣኽ ወይ ብፋክስ ክስደድ

ይከኣል። ዝለኣኹሉ ኣድራሻ ወይ ቀኣጽሪ ፋክስ ኣብቲ ብዋና ገዛ ዝወሃብ ናይ መሕተቲ ፎርም ሰፊሩ ኣሎ።

ናይ ካሕሳ ትእዛዝ ድሕሪ ምብጻሑ ዋና ገዛ ናብቲ ሰፈር ክኣቱን ዝኾነ ድሕሪት ዝተረፈ ንብረት ተኻራዪ ኣብ ኢዱ ክእቱን ይኽእል። ብዘይ ጽሑፍ ጠለብ ካብ ተኻራዪ ዋና ገዛ ንንብረት ተኻራዪ ክኽዝኖ ወይ ኣብ ዝቐረበ ህዝባዊ ቦታ ክቐምጦ ይኽእል። ዋና ገዛ ነቲ ንብረት ተኻራዪ ተሓቲቱ ወይ ከይተሓተተ ክኽዝኖ እንተ ደአ መሪጹ ተኻራዪ እቲ ልክዕ ወይ ቅቡል ዝኾነ ዋጋ ናይ ምጕዓዙን ምኽዛንን እቲ ዝወሓደ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ (30) መዓልቲ ከይከፈለ ክምለሰሉ ኣይከእልን።

ድምር ዋጋ ናይቲ ንብረት ካብ $100.00 ዝበዝሕ እንተ ደአ ኰይኑ ዋና ገዛ ነቲ ተኻራዪ ብዛዕባ መደብ መሸጣ ባዕሉ ብምኻድ ወይ ፖስታ ናብቲ መወዳእታ ዝፍለጥ ኣድራሻ ብምልኣኽ ከፍልጦ ይግባእ። ምልክታ ካብ ዝለኣኽ ድሕሪ (30) መዓልቲ ዋና ገዛ ነቲ ንብረት ግላዊ ወረቓቕትን ኣሳእል ስድራን ንመዘከርታ ዝተሓዙ ነገራትን ወሲኹ ክሸጦን ነቲ ዘይተሸጠ ድማ ክጕሕፎን ይኽእል።

ድምር ዋጋ ናይቲ ንብረት $100.00 ወይ ዝወሓደ እንተ ድአ ኰይኑ ኰይኑ ዋና ገዛ ነቲ ተኻራዪ ብዛዕባ መደብ መሸጣ ባዕሉ ብምኻድ ወይ ፖስታ ናብቲ መወዳእታ ዝፍለጥ ኣድራሻ ብምልኣኽ ከፍልጦ ይግባእ። ሸውዓተ (7) መዓልቲ ድሕሪ ምልክታ ምስዳድ ዋና ገዛ ነቲ ንብረት ግላዊ ወረቓቕትን ኣሳእል ስድራን ንመዘከርታ ዝተሓዙ ነገራትን ገዲፉ ክሸጦ ወይ ክጕሕፎ ይኽእል።

ካብ መሸጣ'ቲ ንብረት ዝተረኽበ ኣታዊ ብዋና ገዛ ናብቲ ንብረት ከጕዕዝን ክኽዝንን ዝገበሮ ልክዕ ወይ ቅቡል ዝኾነ ወጻኢ፣ ናብቲ ዝወሓደ፣ ዘስዓቦ ዕዳ ክውዕል ይኽእል። እቲ ዋጋ ካብቲ ልክዕ ወይ ቅቡል ዝኾነ ወጻኢ ናይ ምጕዓዝን ምኽዛንን፡ እቲ ዝወሓደ፡ ክበዝሕ የብሉን። ተወሳኺ ኣታዊ እንተ ደአ ሃልዩ ዋና ገዛ ንተኻራዪ ንሓደ (1) ዓመት ክሕዝሉ ይግባእ። ተኻራዪ ገንዘቡ ክወስድ ኣብ ውሽጢ ሓደ (1) ዓመት እንተ ዘይመጺኡ እቲ ተረፍ ከም ዝተራሕርሐ ንብረት ተራእዩ ኣብ ሕሳብ ክፍሊ ኣታዊ ናይ ዋሽንግተን ስተይት ይኣቱ።

RCW 59.18.312

### ምስ ተኻራያይ ምማት ዝተተሓሓዘ ናይ ክራይ ምግዳፍ (RCW 59.18.595)

ነቲ ገዛ ብብሕቱ ተኻርዩ ዝነብር ዝነበረ ተኻረያይ ከም ዝሞተ መካረይ ምስ ፈለጠ ብሕፁፅ ንተወካሊ መዋቲ፣ ኣብ ሓደጋ ጊዜ ተፃዋዒ ወይ ንዝፍለጥ ናይ ተኻራያይ ወራሲ ናይ ፅሑፍ ምልክታ ክህብ ኣለዎ፡፡ እቲ ምልክታ'ውን ናይ መዋቲ ተኻራያይ ሽም፣ ዝነብረሉ ዝነበረ ገዛ ኣድራሻ፣ ተኻራያይ ዝሞተሉ እዋን፣ መጠን ወርሓዊ ክራይ ፣ ስጋዕ መዓዝ ክራይ ከምዝተኸፈለ ክገልፅ ኣለዎ፡፡ እቲ ምልክታ ብፖስታ ወይ ብኣካል ምስተወሃበ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልታት ወይ ክራይ ዝተኸፈለሉ መወዳእታ ዕለት እንትበፅሕ ውዕሊ ክራይ ከምዝቋረፅ ክገልፅ ዘለዎ ኮይኑ ናይ ተኻራያይ ተወካሊ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ቀሪቡ ተኻራያይ ካብ ዝሞተሉ ዕለት ጀሚሩ ንዘለዉ 60 መዓልታት ክራይ ብምኽፋል ናይ ተኻራያይ ንብረት ንምውፃእ ምስ መካረይ ምዝርራብ ዝኽእል እንትኾን ክራይ ዝተኸፈለሉ እለት እንትበፅሕ ውዕሊ ክራይ ዝቋረፅ ይኸውን፡፡ እዋን ውዕሊ ቅድሚ ምብቅዑ ድሕነቱ ኣብ ዝተሓለወ ቦታ ምቕማጥን እቲ ኣቕሓ ንምጉዕዓዝን ምቕማጥን ዝወፁ ወፃኢታት ምሕታትን ኣድላይ መጠንቀቕታ ድሕሪ ምሃብ ኣብቲ ሕጊ ብዝተቐመጠ መሰረት እቲ ኣቕሓ ናይ ምሻጥ ወይ ምውጋድ መሰል ከምዘለዎ ሓዊሱ ኣብቲ ምልክታ ክገለፅ ኣለዎ፡፡ ንመዋቲ ተኻራያይ ብምውካል ንምንቅስቓስ ዝተውሃበ ውክልና ኮፒ ምስቲ ምልክታ ክተሓሓዝ ኣለዎ፡፡

መካረይ'ውን ውእሊ ክራ ቅድሚ ምብቅዑ ኣብ ዘሎ ዕለት ወይ ክልቲኦም ወገናት ኣብ ዝተሰማመዕሉ ዕለት ካብ ተኻራያይ ተወካሊ ናይ ፅሑፍ ሕቶ እንትበፅሖ ሒዝዎ ዝነበረ ናይ ተኻራያይ ንብረት ከረክብ ኣለዎ፡፡ ናይ ተኻራያይ ተወካሊ'ውን ዘውፅአ ንብረት ዝርዝርን ናይ ተኻራያይ ተወካሊ እዚ ንብረት ምርካቡን ምውሳዱ ዝገልፅ ፅሑፍ መረጋገፂ ክኸትም ኣለዎ፡፡

ናይ መዋቲ ተኻራያይ ንብረት ዝሓትት ናይ ተኻራያይ ተወካሊ እንተዘይቀሪቡ፣ መካረይ ናይ መዋቲ ተኻራያይ ንብረት ውድሚ ምሻጡ ወይም ምውጋዱ ካልኣይ ናይ ፅሑፍ መጠንቀቕታ ክህብ ኣለዎ፡፡ ናይ ተኻራያይ ተወካሊ ቀዲሙ ክራይ ንምኽፋል እንተተዘሪሩ፣ መካረይ እዚ ካልኣይ ናይ ፅሑፍ መጠንቀቕታ ክሰድድ ዘላ ንዝፍለጥ ተወካሊ፣ ብሓደጋ ጊዜ ተፀዋዒ ወይ ንተኻራያይ ወረስቲ ንመዋቲ ተኻራያይ ኣብ ናይ ቀደም ገዛ ይኸውን፡፡ እዚ ካልኣይ መጠንቀቕታ እቲ ክራይ ቀዲሙ ንምኽፋል ዝተሰማማዕ ናይ ተኻራያይ ተወካሊ ሽም፣ ኣድራሻን ቁፅሪ ስልኪ ወይ መሬኽቢ ኣድራሻ፣ ቀዲሙ ዝተኸፈለ መጠን ክራይ ስጋዕ መዓዝ ከምዝተኸፈለ ዝገልፅ ክኾን ኣለዎ፡፡ ናይ ተኻራያይ ተወካሊ ንብረት እንተዘይሓቲቱ ወይ እንተዘይወሲዱ፣ ክራይ ዝተኸፈለሉ ዕለት ድሕሪ ምሕላፉ ወይ ካልእ መጠንቀቕታ ምስተለኣኸ እንተነኣሰ ድሕሪ 45 መዓልታት መካረይ እቲ ንብረት ከምዝሸጥ ወይም ከምዘወግድ ኣብቲ መጠንቀቕታ ክገልፅ ኣለዎ፡፡

መካረይ ናይ ተኻራያይ ንብረት ኣብ ውሽጢ መቐመጢ ክፍሊ እንተእቲዎ፣ መካረይ እቲ ካልኣ ናይ ፅሑፍ መጠንቀቕታ ምልኣኽ ዘላዎ (ቀዲሙ ዘይተመቻቸወ እንተኾይኑ) ንዝፍለጥ ተወካሊ፣ ብሓደጋ ጊዜ ተፀዋዒ ወይ ንናይ ተኻራያይ ወረስቲን ንመዋቲ ተኻራያይ ኣብ ናይ ቀደም ገዝኡ ይኸውን፡፡ ናይ ተኻራያይ ተወካሊ ንብረት እንተዘይሓቲቱ ወይ እንተዘይወሲዱ ክራይ ዝተኸፈለሉ ዕለት ምስ ሓለፈ ወይ ካልኣይ መጠንቀቕታ ድህሪ ምልኣኽ መካረይ እቲ ንብረት ከምዝሸጥ ወይ ከምዘወግድ ኣብቲ መጠንቀቕታ ክግለፅ ኣለዎ፡፡

መካረይ እዋኑ ዝሓለወ ናይ ፅሑፍ ሕቶ ምስበፅሖ፣ ናይ መዋቲ ተኻራያይ ንብረት ንተኻራያይ ተወካሊ ከረክብ ኣለዎ፡፡ ናይ ተኻራያይ ተወካሊ'ውን ኣቕሓ ንምንቅስቓስን ምፅናሕ ዝወፀ ወፃኢ ወድዓዊ ወይ ምኽንያታዊ ካብ ክልቲኡ ዝነኣሰ ከፊሉ ዘወሰዶ ንብረት ዝርዝር ንናይቲ ንብረት ትሕዝቶ እምበር በዓል ቤትነት ከምዘይወሰደ ዘረጋግፅ መግለፂ ክህብ ኣለዎ፡፡ ናይ ተኻራያይ ተወካሊ እዋኑ ብዝሓለወ መገዲ ንመካረይ እንተዘይኣዘራሪቡ ወይ ናይ መዋቲ ተኻራያይ ንብረት እንተዘይወፂኡ፣ መካረይ ናይ ውልቀ ሰነድን ፎቶ ብምቕራይ ዝተቐመጠ ንብረት ክሸጥ ወይ ከወገድ ይኽእል፡፡ እቲ ዝሸየጥ ንብረት ኣብ ዕዳጋ ዝህልዎ ዋጋ ካብ $1,000 ንላዕሊ እንተኾይኑ፣ መካረይ ብመሰረት ኣሰራርሓ ንግዲ ተቐባልነት ብዘለዎ መገዲ እቲ ንብረት ክሸጥ ይግባእ፡፡ ዘይተሸጠ ንብረት ኩሉ ምኽንያታዊ ብዝኾነ መገዲ ከውግድ ኣለዎ፡፡ እቲ ዝሸየጥ ንብረት ኣብ ዕዳጋ ዝህልዎ ዋጋ ትሕቲ $1,000 እንተኾይኑ፣ መካረይ ምኽንያታዊ ብዝኾነ መገዲ እቲ ንብረት ክሸጥ ኣለዎ፡፡

ናይ ተኻራያይ ተወካሊ ዘይሓተቶም ናይ ውልቀ ሰነድን ፎቶ ናይ መዋቲ ተኻራያይ ንብረት ምስተሸጠ ወይ ምስተወገደ ን90 መዓልታት ዝቕመጡ እንትኾን ድሕሪ እዚ ክወገዱ ወይ ንናይ መዋቲ ወረስቲ ክወሃቡ ይኽእሉ፡፡

መካረይ ኮነ ተኻራያይ ሰራሕተኛ ዝኾነ ሰብ ዝተሸጠ ንብረት ወይ ብኻልእ መገዲ ዝተወገደ ናይ መዋቲ ንብረት ብቐጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ መገዲ ምግዛእ ኣይክእልን፡ ፡ መካረይ ናይ መዋቲ ተኻራያይ ንብረት ብምሻጥ ዝተረኸበ ገንዘብ ነቲ ንብረት ንምቅስቓስን ምቕማጥ ዝወፀ ምኽንያታዊ ወፃኢ ንምሽፋን ከውዕሎ ይኽእል፡፡ ዝተረፈ ገንዘብ እንተሊዩ፣ መካረይ ንሓደ ኣመት ዝኣክል የቐምጦ፡፡ ቅድ ናይ ሓደ ኣመት ጊዜ ምዝዛሙ ዝተረፈ ገንዘብ ዝምልከት ሕቶ እንተዘይቀሪቡ፣ እዚ ቀራይ ገንዘብ ኣብ ውሽጢ ግዝኣት ዋሽንግተን መምርሒ ኣታዊ ዝተገደፈ ንብረት ተባሂሊ ክቕምጥ ኣለዎ፡፡

መካረይ ዝኾነ ኣብ ክራይ ዝቐረየ ገንዘብ ንተወካሊ ተኻራያይ ዝምልሶ ኮይኑ ዝኾነ ተቐማጢ ገንዘብ ዝቕረየሉ ምኽንያት ምስ ተመላሲ ሕሳብ ናይ ተኻራያይ ተወካሊ እቲ ንብረት ካብ ዘውፅኣሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 14 መዓልታት ክህብ ኣለዎ፡፡

መካረይ እዞም ድንጋገታት ሕጊ ኮነ ኢሉ እንተጥሒሱ፣ መካረይ ኣብ ልዕሊ ተኻራያይ ንዘብፅሖ ጭቡጥ ጉድኣት ተሓታቲ ይኸውን፡፡ ምስዚ ከይዲ ሕጊ ዝተተሓሓዘ ሰዓሪ ዝኸውን ወገን ዝበፅሖ ክሳራን ናይ ጠበቓ ወፃኢ ከመልስ ይኽእል፡፡

## ቅብሊት

መካረይ ካብ ተኻራያይ ብጥረ ገንዘብ ንዝቕበሎ ክፍሊት ቅብሊት ምሃብ ኣለዎ፡፡ ብተኻራያይ ኣብ ዝሕተተሉ ጊዜ'ውን ካብ ጥረ ገንዘብ ወፃእ ብዘለዉ መንገድታት ንዝተፈፀመ ክፍሊት ካብ መካሬ ቅብሊት ክህብ ኣለዎ፡፡ ኣብ ውሽጢ እዚ ዘይካተቱ ክፍሊት ክራይ፣ ቅድመ ክፍሊት፣ ወፃኢ ግልጋሎት፣ ፓርኪንግ፣ መቐመጢ ኣቕሓ ክፍሊት፣ ወይ ምስ ክራይ ዝተተሓሓዙ ካልኦት ወፃኢታት እዮም፡፡ RCW 59.18.063 ረኣ፡፡

## ናይ ሰነድ ኮፒ

ዝተኻረዮ ገዛ ኣካላዊ ትሕዝቶኡ ዝገልፅ ቼክ ሊስት ኣብ RCW 59.18.270 መሰረት ምስተዛዘመ፣ ብመካረይን ተኻራያይ ዝተኸተመ ኮፒ ንተኻራያይ ይህብ፡፡

ሓደ ገዛ ዝተሓነፀሉ ቦታ ዝምልከት ብፅሑፍ ዝተገበር ስምምዕ ክራይ ኣብ ዝህልወሉ ጊዜ መካረይ እቲ ስምምዕ ንዝኸተመን ሕድ ሕድ ተኻራያይ ዝተኸተመን ዝፀደቐ ኮፒ ከህብ ኣለዎ፡፡ ተኻራያይ ተኻርዩ ኣብ ዝፀንሓሉ እዋን ብተኻራያይ እንተተሓቲቱ ሓደ መተካዕታ ኮፒ ብነፃ ክህብ ኣለዎ፡፡ RCW 59.18.065 ረኣ፡፡